ወ ይ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1069 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣብ ሸቶኡ ንምብፃሕ ኩሉ በበኣካሉ ከረባረብ ተፀዊዑ

ምእንተ ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ክቡር ህይወቶም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝሃቡና ሕድሪ ኣብ ሸቶኡ ንምብፃሕ ኩሉ በብኣካሉ ንስድራ ሰማእታት፣ ጉድኣት ኣካልን ተመለስቲ ሰራዊትን ዝከኣሎ ደገፍ ክገብር ከምዝግባእ ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ናስር መምሑር ኣፍሊጡ፡፡

ተጋዳላይ ናስር መምሑር ነዚ ዘፍለጠ ንመበል 37 ግዜ ዝዝከር መዓልቲ ሰማእታት 15 ሰነ ምኽንያት ብምግባር ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ዛጊድ ኣብ ዝዓመሞም ስራሕቲ፣ ኣብ ኣፈፃፅማ ተመለስቲ ሰራዊት (ዲዲኣርን) ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያትን ኣመልኪቱ ብፍሉይ ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት እዩ፡፡

እቲ ኮሚሽን ብመንፅር ዝተጣየሸሉ ዕላማ ኣብ ሰለስቲኦም ምዕራፋት ቃልሲ ዝተሳተፈ ተጋዳላይ ረብሓታቱ ንምርግጋፅን ታሪኽ ንምስናድን ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ 2012 ዓ/ም ከምዝተጣየሸ ዝገለፀ ተጋዳላይ ተስፋይ፣ ክሳብ ዓቕሚ ረኺቡ ምሉእ መሓውር ዝጣየሸ ግን ግዜ ዘይህቡን ተኽሳሕቲ ጉዳያት ብምንባሮም ኣብ መወዳእታ 2015 ዓ/ም ብፍሉይ ጥቡቕ ክትትልን ደገፍን ንዘድልዮም ጀጋኑ ጉድኣት ኣካል ንምሕብሓብ ዘኽእል ሓደ ማእኸል ተሃኒፁ ናብ ስሩዕ ስራሕ ከምዝኣተወ ኣገንዚቡ፡፡

ኣብዚ ሐዚ ጭቡጥ ኩነታት ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ቀዳማይ ኣጀንዳ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉድኣት ኩናት ትግራይ ግልጋሎት ሕክምና ረኺቦም ኣካላዊ ሕውየት ከረጋግፁ፣ ስነ-ልቦነኦም ኣመሓይሾም እግሪ ንምትካል ድልዋት ክኾኑ ንምግባር እዩ ዝበለ ተጋዳላይ ናስር፣ ዛጊድ ድማ ንልዕሊ 2500 ካብ ማእኸላይ ክሳብ ዝዓበየን ዝተሓላለኸን መጉዳእቲ ኣካል ዝበፅሖም ጀጋኑና ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ከምዝተገበረ ገሊፁ፡፡

ብዘይካ እዚ፣ ኣስታት 70 ዝኾኑ ኣብ መንጋጋን ገፅን ከቢድ መጉዳእቲ ዝበፅሖም ጀጋኑና ብመስርሕ ሪፈር ሓሊፎም ኣብ ሃገራት ህንዲ፣ ኣሜሪካ፣ እስራኤል፣ ቱርኪ፣ ታይላንድን ካልኦት ዝሓሸ ግልጋሎት ሕክምና ክህባ ኣብ ዝኽእላ ሃገራት ክሕከሙ ከምዝተገበረ ብዘይካ እዚ ድማ ልዕሊ 400 ጉድኣት ኣካል ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ዝሓሸ ግልጋሎት ሕክምና ምርካቦም ተጋዳላይ ናስር ሓቢሩ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ፣ ኣብ ጎሎን ብርክን መጋጣጣሚ ኣካሎም ዝሞለቖም ጀጋኑ ጉድኣት ኩናት ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ሰብ ሃፍቲን ዲያስፖራ ተጋሩን ብዝተረኸበ ልዕሊ 220 ሚልዮን ብር ሓገዝ ብኣርቴፍሻል /ሰብ ሰራሕ/ ኣካል ከምዘተቐየረሎምን ብሳላ እዚ ድማ ብእግሮም ወይ ድማ ብሓደ ክራንች ተጠቒሞም ዓርሶም ኽኢሎም ዝንቀሳቐስሉ መንገዲ ከምዝተፈጠረ፣ ከምኡ እውን ን192 ኣብ ዓይኖም

ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ናስር መምሑር

መጉዳእቲ ዝበፅሖም ተጋደልቲ ምስ ሆስፒታላት ውዕሊ ብምእሳር ተኸታታሊ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ከምዝኽኣሉ ወሲኹ ገሊፁ፡፡

“ቀዳማይ ሕርያ ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ምእንተ ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ፣ ምእንቲ

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ዘለናሉ ፈታኒ ኩነታት ንምስጋር ርግዓት፣ ምድምማፅን ስጡም ሓድነትን ከምዝጠልብ ተሓቢሩ

“ንጅግና እተኽብር ትግራይ ብምፍጣር ሕድሪ ሰማእታት ምፍፃም የድሊ፡፡”

ተንታኒ ፖለቲካ ተጋዳላይ ተስፋይ ታደሰ

“ዘለናሉ ኩነታት ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ፈታኒን እዋን ከምዝኾነን ነዚ ንምስጋር ድማ ርግዓት፣ ምድምማፅን ስጡም ሓድነትን ይሓትት፣” ክብል ተንታኒ ፖለተካ ተጋዳላይ ተስፋይ ታደሰ ሓቢሩ። ተጋዳላይ ተስፋይ ነዚ ዝሓበረ፣ ጉዕዞ ፖለቲካ ትግራይ ብፍላይ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶሪያ እንታይ ይመስል? ሐዚ ዘለናሉ ጭቡጥ ኩነታትን ቐፃሊ ዕፃ ህዝቢ ትግራይን መወፃፅኢ መንገድታቱን ኣመልኪቱ ብፍሉይ ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብዙሓት መስገደላት እናሰገረ ዝመፀ ህዝቢ ከምዝኾነን ሳላ ሓድነቱን ፅንዓቱን ድማ በቢመዋእሉ እናተዓወተ ዝመፀ ህዝቢ ከምዝኾነን ዝሓበረ ተጋዳላይ ተስፋይ፣ ኣብ መበል 21 ክ/ዘመን እውን እንተኾነ ትግራዋይ ክንብርከኽ፣ካብ ገፅ መሬት ክጠፍእ፣ ካብ ታሪኽ ክሕከኽ ናይ ኩሉ ግዜ ሕልምን ተግባርን ፀላእቲ ኮይኑ ይቕፅል ምህላዉ ይገልፅ።

“ናይዚ መቐፀልታ” ይብል ተጋዳላይ ተስፋይ፣ ነዛ ሃገር እዚኣ ብዙሕ መስዋእቲ ህይወትን መጉዳእቲ ኣካልን ዝኸፈለ ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን ብናዚ ካብ ዝተፈፀመ ምፅናት ዘርኢ ቐፂሉ ብዓይነቱን ብትሕዝትኡን ዝተፈላለየ ብናይ ዓርሱ ዋጋ ዝኸፈለሉ ስርዓት ኣብ ልዕሊኡ ጀኖሳይድ ዝተፈፀመሉ ህዝቢ ምዃኑ ጠቒሱ።

ተጋዳላይ ተስፋይ፣ ነዚ ህዝቢ እዚ ምስ መሪሕነቱ ክጠፍእ፣ ካብ ታሪኽ ክሕከኽ፣ ሓደ ሚኢቲ ዓመት ንድሕሪት ክምለስ ሕልምን ተግባርን ደመኛታት ፀላእቱ ከምዝኾነን ይኹን እምበር ሳላ ሓድነቱ ኣስጢሙ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኸቲቱ ረዚን ዋጋ ኸፊሉ ዝተቓለሰ ግን ካብ ዝተማልአ ፅንተት ክድሕን ከምዝኸኣለ ኣፍሊጡ።

ኣብ ደገን ውሽጢ ዓድን ዘሎ ህዝቢ ሓቢሩን ሰሚሩን ሳላ ዝተቓለሰ ንዕስለ ወረርቲ መኪቱ ኣብ ዓለም ተራእዩ ብዘይፈልጥ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዓለም 15 ግዜ ኣብ ጉዳይ ትግራይ ኣመልኪቱ ክእከብ፣ ውግእ ጠጠው ኢሉ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶሪያ ክፍረም ዝገበረ ሓያል ህዝብን መሪሕነትን ከምዝኾነ እዚ ድማ ንትግራይ ዓብይ ዕድልን ዓቕምን ዝፈጥር ምዃኑ ወሲኹ ሓቢሩ።

ውዕሊ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም እንተተፈረመ እውን ዛጊድ ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ከምዘይተኸበረ፣ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ዝተመዛበለን ዝተሰደተን ህዝብና ናብ መረበቱ ከምዘይተመለሰን ተሓታትነት ፍትሕን ርትዕን ብዘይምርግጋፁ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ጥሜት፣ ሕማም፣ ስእነት መድሓኒት ይሳቐ ከምዘሎን ዘዘኻኸረ ተጋዳላይ ተስፋይ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጭንቀትን ፀበባን እናሃለወ፣ ካብ ሰላሕታዊ ፅንተት መሊኡ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና!

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኸሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 ሰነ 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1069
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ነታ ሓሳብ... ነታ ዕላማ ኢሎም ዝሓለፉ ሰማእታትና ሕድሮም ህያው እዩ!!

15 ሰነ፤ በብዓመቱ ዕለተ ዝኽሪ እቶም ምእንተ ህዝባዊ ዕላማ ክብሉ ዝተሰውኡ ጀጋኑ ሰማእታትና እያ። ወለዶታት ትግራይ በብመዋእል ቃልሲ ዝኸፈልዎ መስዋእትነት ብወርቂ ቐለም ተፃሒፉ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ኣብዚ በፂሕና። ህዝቢ ትግራይ ስቓይ፣ መከራ፣ ስደት፣ መጉዳእትን ሞትን ስለዝምነ ኣይኮነን መስዋእትነት ዝኸፍልን ስውኣት እናዘከረ ዝነብርን። ህዝቢ ትግራይ ዓገብ ገይሩ ንኻልኦት ክጐብጥ ድልየት ሃልይዎ ኵናት ዝኸፍት ስለዝኾነ እውን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ?... "እምቢ ንመግዛእቲ፣ እምቢ ንወፅዓን ባርነትን!" ብምባል ነቶም በብእዋኑ ክጐብጥዎ፣ ከዋርድዎን ከፅንትዎን ዝመፁ ሓይልታት ኣይምብርከኽን በሃላይነቱ ዘመስክር ህዝቢ ስለዝኾነ ጥራሕ እዩ። በዚ ምኽንያት ንምዝራቦም ዝኸብዱ ግፍዕታትን ፈተናታትን ብፅንዓት እናሰገረ መንነቱን ክብሩን ሓልዩ ኣብዚ ብርኪ እዚ ክበፅሕ ክኢሉ።

ሓደ ካብ መስረትቲ ውድብና ህወሓት ዝኾነ ብፃይ ስዩም መስፍን፤ ቅድሚ ሸውዓተ ዓመት ኣቢሉ ከምዚ ሎሚ፣ 15 ሰነ 2011 ዓ/ም ብውዲት ፀላእቲ ብግፍዓዊ ኣቀታትላ ዝተቐንፀሉ ደቂ ህዝቢ ጀነራል ሰዓረ መኮነንን ጀነራል ገዛኢ ኣበራን ስርዓተ ቀብሮም ኣብ ከተማ መቐለ ብዝለዓለ ስነ-ስርዓት ድሕሪ ምፍፃሙ ንዝኽሪ እቶም ጀጋኑ ኣብዝተዳለወ ናይ ክብሪ ሰነድ ዝስዕብ ፅሑፍ ኣስፊሩ ነይሩ።

"ሰረት ኩለኹም ሃርበኛታትን ጀጋኑን ብፆትና ህዝቢ ትግራይ እዩ። ህዝቢ ዘሰከመኩም ሕድሪ ፈፂምኩም ብሓበንን ኩርዓትን ተሰናቢትኩም። ንስኹም ብምፍላይኹም ልቢ ህዝብኹምን ብፆትኩምን ደምዩ እዩ። ግን ድማ ውርስኹም ዝተሰከመ ወለዶ ዕላማ መስዋእትኹም ፈፂሙ፣ ብዓወት ዘሊቑ ናብ ዝለዓለ ኩለመዳያዊ ዓወት ክሰግር እዩ።"

ዘልኣለማዊ ክብርን ምጎስን ንኹሎም ሰማእታትና!!
ዓወት ንሓፋሽ!!

እወ!... ብፃይ ስዩም መረርቲ ሓቅታት እዩ ኣቐሚጡ። ስውኣትና በብምዕራፉ ዝኸፈልዎ ዋጋ ምእንተ ምፍፃም ሕድሪ ህዝቢ ትግራይ ብምዃኑ ኣንፃር ፅንተታዊ ወራር ኣብዘካየድናዮ ቓልሲ ህዝባዊ መኸተ እውን ነባርን ሓዱሽን ወለዶ ዕላማ ቀዳሞት ስውኣትና ተሓንጊጡ ንምሉእ ዓለም ዘስደመመ መስተንክር ሰሪሑ። ምእንተ ትግራይን ህዝባን ክባር ህይወቱ ኣሀጊሩ። ብፃይ ስዩም መስፍን እውን ከምቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ ቃል ሓደራኡ ከይበልዐ ህዝቢ ትግራይ ካብ ፅንተት ከድሕን ኣብቲ ህዝባዊ መኸተ ምስከምኡ ዝበሉ ብፆት ተሰሊፉ ኣብ 2013 ዓ/ም ሰማእት ኮይኑ ሓሊፉ።

ተደጋጊሙ ከምዝበሃል ቓልሲ ናይ ቕብብል ጉዕዞ እዩ። ናይ ዕላማ፣ ፈተናታትን ዓወታትን ቕብብል። ኣብዚ ኹሉ ኸይዲ ድማ መጉዳእትን መስዋእትን ክህሉ ግድነት እዩ። እቲ ዋና ነገር ስውኣት ዝወደቑሉ ሕድሪ ተሸኪምካ ናይ ምቕፃልን ኣብ ሸቶኡ ናይ ምብፃሕን ጉዳይ እዩ ክኸውን። በዓል ተራ እናተሰውአ ኣብ ጐድኑ ዘሎ መቓልስቱ ሕድሪ እናልዓለ ነቲ መበገሲ ሸቶ ቓልሲ የቐፅሎ። እቲ ዕላማ ክሳብ ዝቐፅለ መጉዳእትን መስዋእትን ዋላ ይሃሉ እቲ ዝተሰውአ ጥራሕ እንተይኮነ እቲ ብህይወት ዘሎ እውን ምእንተ እታ ዕላማ ክብል ኣፍታ ብፃዩ ዝተሰወአላ መትከል ብፅንዓት ይቃለስ። ኩሉ ዓይነት መስዋእትነት ይኸፍል። እቲ ህዝባዊ ዕላማ ክሳብ መሊኡ ዝዕወት ቓልሲ ብቕብብል ይቕፅል። ስለዚ ነቲ ዕላማ ናይ ምፍፃም ጉዳይ ስውኣትን ህልዋትን ብቕብብል ዝሸከምዎን ዘዐውትዎን ምዃኑ ታሪኽ ቃልስና ዝነግረና ሓቂ እዩ።

ስሙይ መራሒ ህዝባዊ ቃልስና ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፣ ቅድሚ 27 ዓመት ኣቢሉ፣ ምስ መፅሄት ኣሰር (ናይ ሕዚ ወይን) ኣብዝገበሮ ቃለ መሕትት፤ ትርጉም ቅብብል ቓልሲ ብመንፅር ምዕዋት ህዝባዊ ዕላማ ኣመልኪቱ ዝስዕብ ሓሳብ ሂቡ ነይሩ።

... ቓልሲ እናተቐባበልካ ምኻድ እዩ። እቲ ሓደ ክወድቕ እቲ ሓደ ይትስእ። እናተረከበ ይኸይድ። ንሳቶም (ስውኣትና) 'ሞይቶም' እንብለሉ ዝርከቦም እንትስኣን እዩ። እታ ንሳቶም ህይወቶም ዝኸፈሉላ ዕላማ ዝርከብ ሰብ እንክውዳእ እንተሎ ሽዑ ጠቕሊሎም ሞይቶም ኣለው ማለት እዩ፤ በኺቶም ማለት እዩ ሽዑ። ንሱ ክሳዕ ዘይኮነ ግን ብኣካል እዮም ተፈልዮም እምበር ህልዋት እዮም። ምኽንያቱ ነታ ሓሳብ እቲኣ ይነብሩ ነይሮም፤ ነታ ሓሳብ እቲኣ እውን እዮም ሞይቶም። እታ ሓሳብ ክሳዕ ዝሃለወት ሓዘን ይፈጥር ይኸውን ኣብ ምንቅስቓስ ግን እታ ሓሳብ ክሳዕ ዘላ ኣለው ማለት እዩ። ንባዕሎም ኢሎም ኣይኮኑን ነይሮም። ንባዕሎም ኢሎም እውን ኣይኮኑን ሞይቶም። ስለዚ እንታይ ማለት እዩ እዚ ነዓና፣ ነቶም ዝተረፍና ነዓይ ዋላ ንኻልኦት ተጋደልቲ ክብል ከለኹ ናትና እንብሎ ናብራ የብልናን። ናትና እንብሎ ህይወት የብልናን። ተማቒልና ኢና ምስቶም ዘለው ምስቶም ዝተሰውኡ። ብምንታይ ተማቒልናዮ?... ናይ ሓባር ዕላማ ብምሓዝ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ንሳቶም ተሪፎም ንሕና ቀፂልና። እቶም ዝተረፍና ናይ በይንና ናብራ እቶም ዝተሰውኡ ናይ በይኖም ናብራ ኣይነበሮምን፤ ሓንቲ እያ። ስለዚ እንታይ ይስመዐኒ ኣነ ኣብታ ንሳቶም ዝተሰለፉላ ዕላማ ክሳዕ ዝቐፀልኩ ንሳቶም እውን ይቕፅሉ እዮም ዘለው ኣነ እውን ይነብር ኣለኹ በሃላይ እየ። ስለዚ ኩሉሻዕ ናቶም ነገር ክለዓል ከሎ እታ ዓባይ ነገር ሽተት ዘይምባል... እታ ዓባይ ነገር ንሳቶም ብጥሙዮም፣ ብፅምኦም፣ ብዕሩቖም ከይዶም ኣለው። ንሕና ሎሚ ንበልዕ ኣለና፣ ንሰቲ ኣለና፣ ንኸደን ኣለና፣ ንሱ ብዙሕ ሽግር የብሉን። እታ ሽግር እትኸውን በሊዕና እንተገዲፍናዮም ሰቲና እንተጠሊምናዮም እንተደርቢናዮም እያ።...

እዚ ዘመን ዘይስዕሮ ወርቃዊ መልእኽቲ ተጋዳላይ መለስ፤ ኣብዚ መዋእል እዚ ኮይንና ናይ ትማልን ሎምን ጀጋኑ ስውኣትና እንትንዝክር ኣብ ኣእምሮና ክንወቕሮን ኣብ ልብና ክንዕቅቦን ይግበኣና። ኩሎም ስውኣትና ኩሎም ጉዱኣትና ዘንበሩልና ሓደራ ተረኪብቲ ምዃንና ንፃት እውን ክንዝንግዕ የብልናን። ናይ ትማሊ ታሪክና እኳ እንተርኢና ጀጋኑ ስውኣትና ካብቲ ተሓሲቡልና ዝነበረ ፅንተት ኣድሒኖም ናብዚ ተነፃፃሪ ብርሃን ኣእትዮምና እዮም። መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጥን ደገን ሓደ ኮይኑ ብፅንዓት ሳላ ዝተቓለሰን መስዋእትነት ዝኸፈለን ፀላእትና ንሰላም ክምብርከኹን ፅንተታዊ ውዲቶም ክፈሽልን ክኢሉ እዩ። ነፍሰ ወከፍ ስድራ ቤት፣ ነፍሰ ወከፍ ሕልና፣ ነፍሰ ወከፍ ሃፍትን ጥሪትን ህዝቢ ትግራይ ዝተቓለሰሉን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለሉን ህዝባዊ መኸተና ምሉእ ብምሉእ ኣብ ዳርቻኡ ክበፅሕ፣ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ውሑስ ክኸውንን ተመዛቢልትና ናብ መረበቶም ክምለሱን፣ ብሓፈሻ ትግራይ ሓውያን ተሃኒፃን ዳግማይ ትንሳኤኣ ክረጋገፅ ንምግባር ሕድሪ ኩሎም ጀጋኑ ሰማእታትና ኣልዒልና ብዘይሸተመተት ክንፍፅም፤ ኣሽሓት ጀጋኑ ስውኣትና ክቡር ህይወቶም ከፊሎም ኣብዚ ብርኪ እዚ ምስኣብፅሑና ሕድሮም ንዝጠለሙ ከሓድትን ባንዳታትን እውን ብትረት ተቓሊስና ፀግዖም ክነትሕዝ ቃል ንኣትወሉ ዕለት ይኸውን።

ትብፃሕ

ከይኮነ ብኣግኡ...

ከም ምስላ ወለዲ "ቆልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሑሱ" ብዝብል ኣበሃህላ ክገልፆ ሓሳበይ። ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝሓለፉ ክልተ ዓመትን ሸሞንተ ወርሕን ስራሕ ፈፀምትን ዓበይቲ ነባራት ኣመራርሓ ውድብ ሕወሓትን ካባ ህወሓት ተኸዲኖም ተልእኾ ብልፅግና ተቐቢሎም ንህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ብምብታን ኣቢሎም ህዝቢ ትግራይ ኣምበርኪኾም ንምግዛእ ጉጅለ ክሕደት ንፀላእቲ ባይታ ኸመቻችው ፀኒሖም እዮም። ካብቶም ዝተቐበልዎም ተልኡኾታት እቲ ሓደ ውዕሊ ፕሪቶርያ ተፈፃሚ ንከይኸውን ንህዝቢ ሓላይትን ተቖርቋርትን ብምምሳል ንባዕሎም ለውጥን ሰላምን ደላይቲ ሓይሊ ከም ዝኾኑ ገይሮም ህዝቢ ኣብ ብምድንጋር ሕቡኣት ኣጀንዳታት ብምትግባርን ብዕቱብ ክሰርሕ ፀኒሑ። ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻትን ሰልፍታትን ንመናእሰይ ብፍላይ ናይ ምስባኽ ስራሕቲ እናሰርሐ እውን ነይሩ።

እዚ ሽርሒ ንህዝቢ ትግራይ ከቢድ፣ ኣዝዩ ዝኸፈአን ዳግማይ ናብ ሕማቕ ኩነታትን ሓደጋ ህልውናን ዝወስድ ዘሎ ኣከያይዳ ብምኻኑ ብቃልሲ ህዝቢ፣ ውድብ ህወሓት ሰራዊት ትግራይን ምስ ፈሸለ ኣሰላልፈኦምን ደንበኦምን ምስ ፀላእትን ጨፍጨፍትን ህዝቢ ትግራይ ሙሉእ ብሙሉእ ወጊኖም ምዃኖም ብንፁር ፈልዮም እዮም ኣለዉ። ብዋናነት ድማ ንፀላእቲ ወሃብቲ ምሽጥር ህዝብን ሰራዊትን ከምኡ እውን ኣማኸርቲ ኣብይ ኣህመድን ኮይኖም ሐዚ እውን ዘይነበረን ዘየለን ሓሶት ብምድርዳር ዝተጠናኸረ ብሄራዊ ክሕደትን ብሄራዊ ጥልመትን እንተራምዱ ይረኣዩ ኣለዉ። ከም ውፅኢቱ እውን ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ተመዛበልቲ ወገናት ናብ መረበቶም እንተይተመለሱ ሓምሻይ ክረምቲ ኣብ ከቢድ ጥምየት፣ ፀሓይ፣ ንፋስን ቁርን ተኸፊኦም ፀልማት ናብራ እናሕለፉ ይርከቡ።

በቲ ካልእ መዳይ ድማ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምብታንን ዝተወደበ ሓይሊ ንምጥፋእን ነንባዕልና ዘቃትልን ዘጣርስን ውጥን ዕላማ ሒዞም ትማሊ ምእንቲ ሃለዋትን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ከቢድ መስዋእትን ኣካል መጉዳእትን ዝኸፈሉ ሰራዊት ትግራይ ንምክፍፋል ብሽም ሓራ መሬት ኣብ ክልል ዓፋር ሰራዊት ኣብ ምውዳብ ዳግማይ ናብ ህዝቢ ትግራይ ንምትኻስን ኵናት ምቅፅፃልን ተፀሚዶም ኣለዉ። ንተግባራውነቱ ድማ ብፌደራል መንግስቲ ብገንዘብን ሎጂስቲክን ደገፍ ዝተሓገዙን ዝተደናገሩ ዘይስሩዕ ሰራዊት ኣተኣኻኺቦም ኣንፃር ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውዱቡን ዝተሰለፈ ሓይሊ ንምብርኻት ላዕልን ታሕትን እናበሉ ይርከቡ።

እቲ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን ጥልመትን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ናይ ዕጥቕን ሓይሊ ሰብን ኣብ ዝዳራጀወሉ ወቕቲ ብወገን ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ-ግን እቲ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋን ጥፍኣትን ስግኣታት ንምቅናስ ገና ኣብ ሱር መሰረቱ ንክስተኻኸልን ደው ክብልን ዛጊድ እዙይ ዝበሃሉ ዝስርሖም ስራሕቲ የለውን። ክኾን ዝነበሮ ግን እቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ካብ ሐዚ ጀሚሩ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሓራ መሬት ዘሎ ዘይሕጋዊ ሰራዊት ጉጅለ ክሕደት ቀልጢፉ ቦትኡ ንምትሓዝን ናብ ንቡር ኣወዳድብኡ ንምላስን ምስ ዝምልከቶ ናይ ክልል ኣካላትን መንግስቲ ፌደራል ንምዝርራብ ዝግበር ምንቅስቓስ ብናተይ ርድኢት ትሑት ኮይኑ ይስመዐኒ። ስለ ዝኾነ እውን እቲ ኩነታት ካብ ቁፅፅር መንግስቲ ወፂኡ ሽግር ምስ ተፈጠረ ካብ ምንሳሕ "ከይኮነ ብኣግኡ" ከም ዝበሃል እቲ ኣከያይዳ ሱር ቅድሚ ምስዳዱ ሕጊ ማእኸል ብምግባርግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብሰላማዊ መንገዲ ክእለ ዝግበኦ ክእለን መልክዕ ከትሕዞን ይግባእ ብምባል ሓሳበይ ከኽምብት።

ኣስረስ ኣረሩ
ካብ መቐለ

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!

እዋናዊ ዛዕባ

መዋፅኦ ትግራይ ብምንዳይ ሕድሪ ሰማእታትና ንፈፅም!

ጉዕዞ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ከምዝነግረና፤ ብዙሕ ሕልኽላኽ ዝበዝሖን ንከበድቲ ፈተናታት እናሰገረ ኣብዚ ደረጃ ዝበፅሐን ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ብፍላይ እቶም በብመዋእሉ ዝነበሩ ፀረ ህዝቢ ዝኾኑ ስርዓታት ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽን "ኣሜን" ኢሉ ንክግዝኦሎምን ኣብ ልዕሊኡ ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ግፍዒ ፈፂሞም እዮም። እዚ ህዝቢ፤ ቅድሚ 1967 ዓ.ም ዝነበሩ መዋእላት ከምህዝቢ ዘይረኣየሉ፣ ጨና ሰላምን ዴሞክራስን ዝሓረሞ፣ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ንሽሙ እውን ከልዕሎም ዘይፍቀደሉ፣ ትምህርትን ጥዕናን ዘይረኸበሉ፣ ብድኽነትን ድሕረትን ሰንሰን ዝበለ፣ ብሕማምን ድንቁርናን ዝተሳቐየ ህዝቢ ምንባሩ ይፍለጥ። ብሰንኪ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓታት ድማ በብእዋኑ ግዳይ ድንቁርና፣ ሕማምን ሞትን ኾይኑ ዝፀንሓሎም መዋእላት ብዙሓት እዮም። ብፍላይ ሞት ህፃናትን ኣዴታትን ካብ ዝግመት ንላዕሊ ነይሩ። ብሓፂሩ ከምህዝቢ ምንባር ዝተኸልከለ ነይሩ እንተተበሃለ ምግናን ኣይኸውንን። እምብኣር ነዚ ዝሸከም እንግድዓ ስለዝሰኣነን በሪ ሰላም ስለዝተዓፀዎን እዩ ብ1967 ዓ.ም ብረቱ ኣልዒሉ ክቃለስ ዝተገደደ። ኣብቲ እዋን ሰላማዊ ቃልሲ ዝበሃል ስለዘይሕሰብ ብረታዊ ተጋድሎ ኣካይዱ መሰሉ ካብ ምርግጋፅ ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ኣይነበሮን።

ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ግፍዕታት ምፍፃም ኣየቋረፀን። ብሓይሊ ናብ ስልጣን ምስደየበ ከይወዓለ ከይሓደረ ህዝቢ ናብ ምጭፍጫፍን ምርሻንን ኣትዩ። እዚ ጨቋኒ ስርዓት ዝፈፀሞም ግፍዕታት ኣብዚ ሓፂር ፅሑፍ ዘርዚርኻ ዝውድኡ ስለዘይኮኑ ዝተወሰኑ ኣብነታት ክንርእይ። ብ1969 ዓ/ም "ወዲ ሰብ ክፍፅሞ እዩ" ኢልካ ዘይትፅበዮ ግፍዒ ኣብ ዕዳጋ ዓብይ ዓዲ ንዝተኣከበ ህዝቢ ብወታደራት ኣኽቢቡ ብመትረየስ "ዓይኒ የብለይ፣ ስኒ የብለይ" ጨፍጪፉ። ኣብዚ፤ ሽማግለታት፣ ጥኑሳት ኣዴታት፣ ሕሙማት፣ ዝተሓዘሉን እግረ ተከላትን ህፃውንቲ ብኣልማሚት ኣርጊፉ። ብተመሳሳሊ ኣብ ከባቢ ሃገረ ሰላም "ኣረጌን" ኣብ ዝበሃል ከባቢ ህዝቢ ኣኪቡ ገዛውቲ ብምቅፃል ነቲ ዝተኣከበ ህዝቢ ኣዝዩ መስካሕክሒ ብዝኾነ ጭካነ ረሺንዎ። ብተወሳኺ ካብ 1970 ክሳብ 1971 ዓ/ም ኣብ ከተማታት ትግራይ ብ"ቀይሽብር" ብዙሕ መናእሰይ ኣብ ፅርግያ ሰጢሑ ብምጭፍጫፍ ደም ንፁሃን ወገናት ክመራሳሕ ኣኽሊብቲ ክልሕስዎ ገይሩ። ናይዚ መግለፂ ጫፍ ጭካነኡ ድማ ንወለዲ "ኣብ ሬሳ ደቅኹም ሳዕስዑ" ኢሉ የገድድ ነይሩ። ሰብ ብህይወቱ እንተሎን ሬሳን ብመኪና ዝጎትት ዝነበረ ኣረሜንያዊ ስርዓት እዩ። ሰባት ካብ ክሳዶም ንላዕሊ ብምቑራፅ ኣብ ሓሰር እናእተወ ኣቃፂልዎም። ከምኡ እውን ኣብ ዳስ መርዓ ኣትዩ ኣዕርኺቲ፣ መርዓትን መርዓውን ብኣልማሚት ይርሽን ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ከተማታት ተደጋጋሚ ደብዳባት ነፈርቲ ውግእ የካይድ ከምዝነበረ ኣብ ሓውዜን፣ ሽራሮ፣ ጭላ፣ ዓብይ ዓዲ፣ ሳምረ ዘካየዶም ደብዳባት ከምኣብነት ተጠቀስቲ እዮም። ህዝቢ ዝብላዕ ዝልቀም ስኢኑ ናብ ስደት እንትጓዓዝ ደድሕሪኡ እናሰዓበ ይጭፍጭፎ ነይሩ። 1977 ዓ/ም ዝተፈፀመ ግፍዒ ዝፈልጦ እዩ። ኮታስ ንምግላፆም ዝኸብዱ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፈፂሙ እዩ፤ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ።

ህዝቢ ትግራይ "መሰለይ ይከበረለይ" ስለዝበለ ጥራሕ እዚ ኩሉ ግፍዕን ጨፍጫፍን ወሪድዎ። በዚ ግፍዒ ሰንሰን ዝበለ ህዝቢ ትግራይ፤ ብዘይካ ውድቡ ህወሓት ካልእ መድሕን ከምዘይብሉ ተረዲኡ ብውድቡ እናተመርሐ ጎድና ጎድኒ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ መሬት ወዘተ እናረኸበ ሓይሉ ብምጥንኻር ቃልሱ ንቅድሚት ቐፂሉ። ብፍላይ ኣብ 1980ታት ወሰንቲ ዓወታት ናብ ዘመዝግበሉ ደረጃ ተሰጋጊሩ። ነዚ ስዒቡ ድማ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ህዝቢ ምጭፍጫፍን ብነፈርቲ ውግእ ምድብዳብን ኣጠናኺሩ ቐፂልሉ። ንኣብነት፤ ብ15 ሰነ 1980 ዓ.ም ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ልዕሊ 2,500 ወገናትና ዘህለቐ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ከተማ ሓውዜን ምጥቃስ ይከኣል። ከተማ ሓውዜን ኣብቲ እዋን ኣዝዩ ድሙቕ ብዝኾነ ዕዳጋ ትፍለጥ ነይሩ። ካብ ኤርትራ ከይተረፈ ብርክት ዝበሉ ነጋዶ ናብቲ ዕዳጋ ይመፁ ነይሮም። እቲ እዋን፣ እዋን ሃይሃይታ ዘርኢ እውን ስለዝነበረ ንዘርኢ ዝኸውን እኽሊ ንምሽማት ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ናብ ዕዳጋ ዝወፈረ ሓረስታይ ብዙሕ ነይሩ። ነዚ እውን እዩ ደርጊ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ዝተኣከበሉ ዕዳጋ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ዘካየደ።

ብመሰረቱ ፀላኢ ኣብ ሓውዜን ነዊሕ እዋን ዝፀንሐ እንተኾነ እውን ካብ ዝለቐቐላ እዋን ኣትሒዙ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ኣየቋረፀን። ንኣብነት፤ ግንቦት 1971 ዓ/ም፣ ግንቦት 1974 ዓ/ም፣ መጋቢት 1980 ዓ/ም፣ ግንቦት 1980 ዓ/ም ደብዲብዋ እዩ። ፀላኢ "ሁሉም ነገር ወደ ጦር ግንባር" ኢሉ ኣብ ትግራይ ፍሉይ ድንጋገ ብምእዋጅ ንለገሰ ኣስፋው ሽይሙ ወራር ዓቕሊ ፅበት ኣካይዱ። እዚ ፋሽስታዊ ስርዓት፤ ኣብ መላእ ከተማታትን ገጠራትን ትግራይ ብዘይምቁራፅ ይድብድብን ይጭፍጭፍን እኳ እንተነበረ ብ15 ሰነ 1980 ዓ.ም ኣብ ከተማ ሓውዜን ዘካየዶ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ግና ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ኣዝዩ ዝኸፍአ ነይሩ። መግለፂ ጫፍ ኣረሜናዊ ግፍዒ እቲ ስርዓት ቁልጭ ኣቢሉ ዘርኢ እውን እዩ። በቲ ደብዳብ ከተማ ሓውዜን ብሓውን ትክን ተሸፊና ትርአ ነይራ። ንምርኣዩን ምስዑን ብዘሰንብድ ደም ሰብን እንስሳን ተሓዋወሰ። ከምውሑጅ እውን ብምፍሳስ ኣዕለቕለቐ። እቲ ዝነበረ ድሙቕ ሃይሃይታ ዕዳጋ ናብ ኣውያትን ሰቐቕታን ተቐየረ። ብርክት ዝበሉ ገዛውቲ ተቓፂሎምን ፈሪሶምን። ከተማ፣ ከምከተማ ከምዘይነበረት ዓንያ። ደብዳብ ከተማ ሓውዜን ከምኣብነት ንምጥቃስ እምበር ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ብነፈርቲ ውግእ ዘይደብደቦ ከባቢ ትግራይ ብፍላይ ከተማታት ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ይኹን'ምበር ህዝቢ ትግራይ እዚ ግፍዒ ኣሐሪንዎ ናብ ቓልሲ ወሓዘ። ሳላ ቓልሱ ድማ ነቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ሓመድ ድበ ከኣቱ ገይሩ ደም ንፁሃን ሓውዜንን መላእ ህዝቢ ትግራይን ተሓፊሱ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ እዚ ትሕዝቶ ዝተገለፀ፤ ኣብ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ከምብሄር መሰልና ንምኽባር፣ ኩሎም ህዝብታት እዛ ሃገር ብማዕረ ናይ ምጥቃም ዕድሎም ዘረጋግፅሉ ፌደራላዊ ስርዓት ንምትካል፣ ህዝቢ ትግራይ ናይቲ ስርዓት ተጠቃሚ ክኸውንን ከምህዝቢ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ክውስን ንምግባርን ዝተኸፈለ ክቡር መስዋእቲ እዩ። ነዚ ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈሉ ስዉኣትና ድማ ንውሉድ ወለዶ እናተዘከሩን እናተኸበሩን ክነብሩ እዮም። እቲ ዝተሰውእሉ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብፃሕ ሕድሮም ኣስጢምኻ ብምሓዝ ብልምዓት ንምድባስ ክስራሕ እዩ። ኣብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት ይኹን ኣብዚ ናይ ሕዚ መኸተ፣ ስውኣትና ምእንተ ትግራይን ህዝባን ኢሎም መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ገቢሮም ዝንተ ኣለም እናተዘከረ ዝነብር ታሪኽ ሰሪሖም እዮም። ንሕና መስዋእትነት ተኸፊሉልና ብህይወት ዘለና "ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!" እናበልና በብእዋኑ ቃል እንትንኣቱ፣ ብፍላይ ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ዝኾነ 15 ሰነ እንትነኽብር፣ ባህግታት ስውኣትና ከምእነግህድ ቃል ብምእታው እዩ። እዚ ከምመበገሲ ወሲድና ኣብዚ ብኹለ መዳዩ ዝተፈለየ ናይ ሎሚ ዓመት 15 ሰነ እንትንዝክር፣ ሉኣላውነት ትግራይ ኣብ ዘይተኸበረሉ፣ ተመዛበልቲ ወገናትና ንሓሙሽተ ዓመት ኣብ ሓሳረ መከራ ዝነብርሉ፣ በብዕለቱ ህይወቶም ዝስእንሉ፣ እቶም ኣብ ስደት ዘለዉ ኮነ ኣብ ትሕቲ ፀላእቲ ዝርከቡ ወገናትና እውን ኣብ ዝኸፍአ መከራ ኣብ ዝርከብሉ ከነታት ብምዃኑ እቲ ዘይንቡር ኩነታት ናብ ንቡር ንምምላስ ብዝለዓለ ሕራነ እንለዓለሉ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

ህዝቢ ትግራይ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኣወጀ ፅንተት ንምዕጋት ብውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ረዚንን ክቡርን መስዋእቲ ብምኽፋል ካብ መሊእኻ ምጥፋእ ድሒኑ እዩ። ካብ ምጥፋእ ምድሓን ጥራሕ ዘይኮነ እውን ሃለዋቱ ከድሕን ብምቅላስ ዓለም ዘስደመመ ተኣምራዊ ጅግንነት ዝሰርሐ ህዝቢ እውን እዩ፤ ህዝቢ ትግራይ። ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር ትግራዋይ ኣብ ሓደ መስመር ረቢቡ መኪቱ። ዋሕስ ህላወኡ ዝኾነ ጅግና ሰራዊት ሃኒፁ። ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምስዝወፈሩን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ዘበናዊ ዕጥቂ ዝተዓጠቑን ፀላእቲ ገጢሙ ንዓለም ዘስደመመ ጅግንነት ኣርእዩ። እቶም ንፃውዒት ሰላም ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብና ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ፀማም እዝኒ ብምሃብ ኲናት ፅንተት ዝኣወጁ ሓይልታት ሕልሞም ብምብርዓን ተገዲዶም ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍርሙ ገይርዎም። ይኹን እምበር እዞም ፀላእቲ ሕዚ እውን መልክዕ እቲ ኲናት ብምቕያር ስልታዊ ኣከያይዶም ብምቕያስ ህዝቢ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ንምጥፋእ ስልም ኣይበሉን። የግዳስ ብዝተዋደደን ዝተተለመን መንገዲ ቀትርን ለይትን ይሰርሑ ከምዘለዉ መዓልታዊ ተግባሮም እኹል ምስክር እዩ። እዚ ድማ እቲ ናብ ሰላም ከሰጋግረና ተስፋ ዝተነበረሉ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብርኡይ የፍርስዎ ኣለዉ ማለት እዩ።

እዞም ፀላእቲ፤ ምስቶም ኣብ ውሽጥና ዝቦቐሉ ኣባላት ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ሰሚሮም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ከይትግበር ለይትን ቀትርን እናሰርሑ ብምምፃእ ሕዚ እውን ኣጠናኺሮም ይቕፅሉ ኣለዉ። ውዕሊ ፕሪቶርያ ተፈሪሙ ግዝያዊ ምምሕዳር ምስተጣየሸ እቲ ጉጅለ ክሕደት ንቐደም ውድብ ህወሓት ኣብ ውሽጢ ኮይኑ ንምጭዋይ፣ ቐፂሉ ድማ ውድብ ንምቕሃም ዝከኣሎ ኩሉ ገይሩ እዩ። ናይዚ ጉጅለ እከይ ተግባርን ሽርሕን ምስፈሸለ ድማ ጠቕሊሉ ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ንዋጋ ዕዳጋ ብምቕራብ ህዝቢ ንምዝራግን ሓድነቱ ንምልሕላሕን ላዕልን ታሕትን ኢሉ። እዚ ኮይኑ ሓይልታት መኸተ ብዝገበርዎ ብዓይነቱ ዝተፈለየ ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ተሳዒሩ እዩ። ይኹን እምበር፤ እዚ ጉጅለ ዋላ እንተተስዓረ፤ "ደጀነይ" ናብ ዝብሎ ሓይሊ (ናብ ማእኸላይ መንግስቲ) ከይዱ እውን ካብ ስሕተቱ ክመሃር ኣይከኣለን። እቲ ዝገርምን ዘሕዝንን ድማ ምስቲ ፅንተት ዝፈፀመልና ሓይሊ ሰሚሩ ኩሉ ዓይነት በደል ኣብ ልዕሊ ትግራይ ይፍፅም ምህላዉ እዩ። እዚ ድማ ብታሪኽ ዘሕትት ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

ኣባላት እቲ ጉጅለ ጥልመትን ዕስለታቱን ነቲ ዝተኣወጀልና ፅንተት ንምምካት ኢሎም "ትግራይ ትስዕር! ትግራይ ትዕወት!" እናበሉ ዝተሰውኡ ጀጋኑና፣ ጅግንነቶም ንምርኻስ፣ ስድራ ስዉኣትና ክጉህዩን ብህይወት ዘለዉ ሃርበኛታትና ክሓዝኑን ከምኡ እውን በቲ ዝተኸፈለ ዋጋ ክናስሑን ክሽቑረሩን ምንቅስቓሳት ኣብ ምግባር ተፀሚዶም ኣለዉ። እቲ ኣዕርዩ ዘሕዝን ድማ ነቶም ሓይልታት ፅንተት ካብ ተሓታትነት ኣድሒንካ እቲ ሓይሊ መኸተ፤ ብፍላይ እቶም ብልሒ ጫፍ መኸተና ዝኾኑ ውድብና ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ተሓተትቲ ንምግባር ዓሊሙ ይንቀሳቐስ ምህላዉ እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብዚ መኸተ "ዘይግቡእ መስዋእቲ ከፊልና" ብዝብል ነንባዕልና ክንባላዕ፣ ሓድነትና ክልሕልሕን ክዝረግን ናይ ፈጠራ ፕሮፖጋንዳ ኣብ ምንዛሕ ተፀሚዱ ኣሎ። ሕዚ እውን ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ፀላእትና ዋላ ግዝያዊ ይኹን ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ብሓደ ሰሚሮም ካብቲ ኣቲናዮ ዘለና ብሄራዊ ሓደጋ ህልውና ከይንወፅእ ዓሊሞም ኩሉ ዓይነት ውዲት ይፍፅሙ ኣለዉ። ስለዚ ነዚ ብዝግባእ ምርዳእን ተረዲእኻ ብዝለዓለ ፅንዓት ምቅላስን ግድን ኣብ ዝኾነሉ መድረኽ ከምዘለና ምግንዛብ የድሊ። ብስሩ እውን ካብዚ ወፃእ ካልእ ኣማራፂ የብልናን።

እዞም ሓይልታት ብዝገብሩዎ ዘለዉ ዝተዋደደ ሽርሒ ኣብዚ ሕዚ እዋን ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ዝተቓለሰ ህዝቢ መሪፁ ዘጣየሾ መንግስቲ ስኢኑ ኣሎ። ትግራይ ኩሎም መሰላታ ተመንጢላ። ግዝኣታዊ ሓድነታን ሉኣላውነታን ኣብ ኢድ ወረርቲ ወዲቑ። ብሚልዮናት ዝቑፀር ህዝቢ ካብ መረበቱ ተመዛቢሎን ተሰዲዱን ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ሓደጋ ህልውና ጥሒሉ ኣሎ። በብመዓልቱ ብሕማምን ጥምየትን ዝሃልቕ ዘሎ ህዝቢ መቑፀሪ የብሉን። ሰብኣዊ ሓገዝን ናውቲ ሕክምናን ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። 24 ሰዓት ተንቀሳቒሱ እንትሰርሕ፤ "መን ኢኻ" ዝብሎ ዘይነበረ ህዝቢ ሕዚ ብስእነት ሰላምን ፀጥታትን ሰንሰን ኢሉ ኣሎ። ስራሕ ዝሰኣነ መንእሰይ በብመዓልቱ ኣእጋሩ ናብ ዝመርሕዎ ይስደድ ኣሎ። ኮታስ ከምህዝብን ብሄርን ኣብ ከቢድ ናይ ሃለዋትን ድሕንነትን ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ።

ጥቕልል ኣቢልኻ እንትርአ፤ ሎሚ ዓመት ኣብ ኣዝዩ ዝተፈለየን ዝለዓለ ቃልሲ ዝሓትትን መድረኽ ኾይንና ኢና ዝኽሪ መዓልቲ ጀጋኑ ሰማእታት ትማልን ሎምን ነካይድ ዘለና። ሎምዘበን "ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና!" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ እንትንዝክር፤ ገጢሙና ዘሎ ሓደጋ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ፣ ከቢድን ዝዓበየን ምዃኑ ኣብ ባይታና ይርኣዩ ብዘለዉ ሓቅታት ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ህልዊ ኩነታት ተገንዚብና ድማ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሓድነትና ኣስጢምናን ኣብ ሓደ ረቢብናን ውዲት ፀላእትና ብምፍሻል ህልውናናን ድሕንነትናን መሊእና ካብ ምርግጋፅ ወፃእ ካልእ ኣማራፂ የብልናን። እቲ ብወረርቲ ዝተትሓዘ ሉኣላዊ ግዝኣትና ክነኽብርን መሬትና ክነምልስን ግድን እዩ። ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ካብ መረበቱ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ናብ መረበቱ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክምለስ ኣለዎ። እቲ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብና እውን ሓራ ኣይወፀን፤ ይሳቐ እዩ ዘሎ። እዚ ጉዳይ ግዘ ዝህብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ግዘ ብዝኸደ ቁፅሪ ፀገም ህዝቢ እዩ ዝናዋሕ። ናብ ዝኸፍአ ፀበባ ናብ ዝዓበየ ህልቂት እዩ ዘምርሕ። ብሕማምን ጥምየትን ክሃልቕ እዩ።

ካብዚ ወድዓዊ ሓቂ ብምብጋስ፤ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንክትግበር ቐዳምነት ሂብኻ ክስርሓሉ ይግባእ። ውድብና ዝለዓለ ትኹረት ሂቡ ይሰርሖም ካብ ዘለዉ ስራሕቲ እውን ሓደ እዚ እዩ። ሕድሪ ስዉኣትና ምኽባርን ክድበሱ ምግባርን እውን ካብዚ እዩ ዝጅምር። ምእንቲ ትግራይን ህዝቢ ትግራይ እዮም ክቡር መስዋእቲ ኸፊሎም። እቲ ሎሚ ዓመት እነኽብሮ ዘለና መዓልቲ ሰማእታት እውን ነዞም ልዕል ክብል ዝተገለፁ ንምትግባርን ሕድሪ ሰዉኣትና ኣብ ሽቶኡ ንምብፃሕን ቃል እንኣትወሉ እዩ። ከምህዝቢ ሓሪንና፣ ሓድነትና ኣጠናኺርና ትግራይ ድሕሪ ሕዚ ካብ ተደጋጋሚ መከራ ንሓዋሩ እትወፀሉን ዘላቒ መዋፅኣና እንዛተየሉን፣ ትግራይ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ትድይበሉ ክኸውን እዩ። እዚ ዘለናዮ ምዕራፍ ሕድሪ ሰማእታትና ተሓንጊጥና መዋፅኣና እነአንፍተሉ እውን እዩ። ኣብዚ ሓደ ብትኹረት ክርአ ዘለዎ መሰረታዊ ጉዳይ፤ ስድራ ጀጋኑ ሰዉኣት ብፍላይ ኣብዚ ዝእቱ ዘሎ ክራማት ኩሉ ክሕግዞም፣ ኣብ ፀገሞም ክበፅሖምን ዝግባእ ክብሪ ክህቦምን ይግባእ።

ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!
ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንስውኣትና!!

15 ሰነ መበል 37 ዓመት መዓልቲ ዝኽሪ ስውኣት ትግራይ ኣመልኪቱ ካብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝተውሃበ መግለፂ

ህዝብ ትግራይ፣ ንዋጋ ሰላምን ኵናትን ብተግባር ዝርዳእ ህዝቢ ስለዝኾነ ኩሎም ዓይነት ኣፈላላያት ብሰላም ክፈትሕ ይብህግን ይፅዕርን ጥራሕ ዘይኮነስ ምእንተ ሰላም ኢሉ ብዘርአዮ ትዕግስቲ ከቢድ ዋጋ ክኸፍል ዝፀንሖን ዝኸፍል እውን ዘሎን ህዝቢ ምዃኑ ሕሉፍን ህልዊን ጉዕዞ ቓልሱ ህያው ምስክር እዩ። እንተኾነ ግን ፀላእቲ ህዝብና ኩሎም ኣማራፅታት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብምዕፃው ብሄራዊ ወፅዓን ኣድልዎን፣ ሉኣላውነትና ብሓይሊ ምውራር፣ ካብዚ ሕልፍ እንትብል ድማ ታሪኽን መንነትን ህዝብና ምጥፋእ ንህዝቢ ትግራይ በብመዋእሉ ዘቕርብዎን ዝፍፅምዎን ብሕታዊ ኣማራፂ ኮይኑ እዩ ዘሊቑ።

እዚ ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ዓይነት ወፅዓን ባርነትን ከምዘይቕበል፣ ንኻልእ ህዝቢ እውን ከምዘይምነየሉ፣ ክጭቁኖን ክጎብጦን ንዝመፅእ ሓይሊ ድማ ፍፁም ከምዘይምብርከኽን እዚ መትከል ናይ ትማሊ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሎምን ፅባሕን መትከሉ እውን ከምዝኾነ ደጋጊሙ ብምርኣይ በብመዋእሉ ኣንፃር ህልውንኡን ልኣላውነቱን ንዝወፈሩ ፀላእቲ ብቃልስን ፅንዓትን እናመከተ ታሪኽን መንነትን ትግራይ ዓቂቡ ፀኒሑ እዩ።

ኣብዚ ከምዚ ዝበለ መዋእል ምእንተ ሃዋትን ክብርን ትግራይ "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ፅናሕ" እናበሉ ብጅግንነት ዝሓለፉ ጀጋኑ ስውኣትናን "ነቲ ዓሳ ንምሓዝ እቲ ባሕሪ ምንፃፍ" ብዝብል እኩይ ስልቲ ፀላእቲ በብመዋእሉ ብግፍዒ ዝተጨፍጨፉ ወገናትናን ኣለው። እዚ ስለዝኾነ 15 ሰነ ነዞም ምእንተ ሃለዋትን ክብርን ትግራይ ክብሉ ብጅግንነት ዝተሰውኡን ብግፍዓዊ ተግባር ፀላእቲ በብመዋእሉ ንዝተጨፍጨፉን ወገናትና እንዝክረሉ ዕለት ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ነቲ መስዋእቲ ዝተኸፈለሉ ዕላማ ንምዕዋት ቃልና እነሕድሰሉ ዕለት እውን እዩ።

መላእ ህዝብና ኣብዚ ዓመት **"ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ልኣላውነትና!"** ብዝብል መራሒ ሓሳብ መዓልቲ ዝኽሪ ስውኣት እንትዝክር ህልውንኡ ንምርግጋፅ ኢሉ ኣብ ልዕሊኡ ንዝተኸፈተ ፅንተታዊ ኵናት ክባር ዋጋ ከፊሉ ካብ ባህጊ ሙሉእ ፅንታ ፀላእቲ ድሒኑ ብቓልሱ ኣብ መስርሕ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝኣተወ ኮይኑ ግን ድም ብመዳይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ክፍፀም ብዘይምኽኣሉ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ብፀላእቲ ተጎቢጡ ኣብ ትሕቲ እዞም ወረርቲ ዝነብር ህዝብና ሰላሕታዊ ፅንታ ይፍፀመሉ ኣብዘሎ፤ ካብ መረበቱ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ንዓመታት ኣብ መዕቖቢ ማእኸላት ሰፊሩ ብጥሜትን ሕማምን ይሳቐን ይሞትን ኣብዘለሉ ኩነታት እዩ።

እዚ ኮይኑ እውን፣ ሕዚ እውን ሰላም ስትራቴጂካዊ መትከል ውድብና፣ ጊዜያዊ ምምሕዳርናን ህዝብናን እዩ። እዞም ፀገማት ብሰላምን ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶሪያን ክፍፀሙ ብወገና ዝግበኣና እናገበርና ከምዝመፃእና ዝፍለጥ ኮይኑ ንቕድሚት እውን ባህግና ንሱ ምዃኑ ኣብዛ ዕለት ዝኽሪ ሰማእታት ነረጋግፅ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ሕዚ እውን ነቲ ብተግባር ዝርአ ዘሎ ጥሕሰት እቲ ውዕሊ ደው ኣቢሉ ንስምምዕ ፕሪቶሪያ ክትግበር፣ ሕዚ እውን ብሓይሊ ዝተጎብጠ መሬት ትግራይ ክምለስ፣ ስቓይን ሞትን ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዝነብር ህዝብና ከብቅዕ፣ ብጥምየትን ሕማምን ዝሃልቁ ዘለውን ናብ መረበቶም ንክምለሱ ደጋጊምም ድምፆም የስምዑ ዘለው ዝተመዛበሉን ዝተሰደዱን ወገናትና ናብ መረበቶም ክምለሱ ደጊምና ንፅውዕ።

ዓለም-ለኻዊ መደራደርቲ መንግስታትን ትካላትን እውን ስምምዕ ፕሪቶሪያ ተተግቢሩ ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ከብቅዕ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንፅውዕ።

ዝኸበርኩም ስድራ ስውኣትና፣ ትግራይ ተኸሊ መስዋእትና እያ። በብእዋኑ ክባር ዋጋ ዝተኸፈለላ፣ ልዕሊ ብሌን ዓይንና እንሕልዋ ናይ መስዋእትን መቑሰልትን ዓዲ እያ። ስለዝኾነ ኣብዛ ዕለት ንዕላማ ሃለዋትን ክብርን ትግራይ ክበሃል ዝተኸፈለ መስዋእቲ ኣዝዩ ክባር ምዃኑ ብፅንዓት ዝኣምን ውድብኩም ህወሓት ሕድሪ ስውኣቱ ተሸኪሙ ቅድሚት ተሰሊፉ ከምዝቃለስ የረጋግፀልኩም።

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃእን እትነብር መላእ ህዝብና፣ በብመዋእሉ ኣንፃር ኩሎም ወረርቲን ደርባውን ብሄራውን ወፅዓን ጭቆናን፣ ምእንተ ሃለዋትካን ክብርኻን ከምኡ እውን መሰል ዓርሰ ውሳነኻ ኢልካ ዘካየድካዮ ቃልሲ፣ ዝኸፈልካዮ ክቡር መስዋእትነትን ድሙቓት ዓወታትን ግዝን ኩነታትን ዘየህሰሶም ነበርቲ ታሪኽካ እዮም እሞ ክብርን ሞሳን ንዓኻ ይኹን። ነዚ ሕዚ እንርከበሉ ዝተሓላለኸ መድረኽ ቃልሲ በዲህና ንምውፃእ ምንጪ ዓወትና ዝኾነ ሓድነትና ንምዝራግን ቀንዲ መለለይኻ ዝኾኑ ተቓላሳይነትካ፣ ፅንዓትካን ተዓዋታይነትካን ንምሽርሻር ንዝግበሩ ውዲታት ብውነ ብምርዳእን ብምቅላስን ታሪኽ ቃልስኻን ተዓዋታይነትካን ዓቂብካ ከም ወትሩ ናብቲ ዘይተርፍ ዓወት ከምትምርሽ ውድብካ ህወሓት ይተኣማመን። ውድብካ ህወሓት እውን ስቓይካ ክሓፅር፣ ተፈጥሮኣዊ፣ ሰብኣውን ሕገ-መንግስታውን መሰላትካ ክኽበር ከምኡ እውን ናብ ቀፃሊ ባህግኻ ክትሰጋገር መሪሕ ግቡኡ ከምዝፍፅም ኣብዛ ክብርቲ ዕለት ዝኽሪ ስውኣትና ኮይኑ ቃል ይኣትው።

ኣብ መወዳእታ ነዛ ትእምርተ ፅንዓትን ህዝባውነትን ስውኣትና እተረጋግፅ ዕለት ብኽብሪ እንትንዝክር ሎሚ እውን ከም ወትሩ ሰላም ስትራቴጂካዊ መትከልና ገይርና ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ህዝብታት ውሕስን ዘላቒን ሰላም ንክረጋገፅ ዘለና ቁሩብነት ዝለዓለ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ነረጋግፅ።

ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና!
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!
ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ
15 ሰነ 2017 ዓ/ም
መቐለ

ተዓጢቖም ... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ዝፀንሐሉ ዕድል ኣይነበረን። እቲ ኩነታት ብኸምዚ እናቐፀለ እናሃለወ 13 ሚየዝያ 2013 ዓ/ም ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ናብ ጣብያ ዳዕሮ ኣምበሳ ደይቡ ውግእ ኸፈተ። ይኹን እምበር በቶም ኣናብስ ኣባላት ክርቢት ተፀፊዑ። 8 ምውታት፣ 9 ቁሱላት ክሳራ ከፊሉ ድማ ንድሕሪት ተመለሰ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ድማ ጠቕሊሉ ካብታ ከተማ ወፅዩ ከደ። 18/19 ሚያዝያ 2013 ዓ/ም ብዕዳጋ ዓርቢ፣ ፀድያ፣ ዕዳጋ ሓሙስ ገይሮም ናብ ዳዕሮ ኣምበሳ ክድይቡ ዝፈተኑ ሰራዊት ሻዕብያን ብልፅግናን እውን በቶም ጀጋኑ ኣባላት ክርቢት ብቐሊሉ ተደሲቖም ንድሕሪት ተመለሱ። ልፍንታውያን ወረርቲ ብኹሉ ግምባር ይበፅሑም ብዝነበረ ስዕረት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኩሉ ዓቕሞም ተዳኺሙ ተስፋ ቆሪፁ። ምልሻታት ሓሓይለ ብኸምዚ ዝበለ ፅንዓትን ጅግንነትን ንህልውና ህዝቦምን ትግራይን ክብሉ ታሪኽ ሰሪሖም ኣብ ማህደር ክታም ኣመዝገቡ።
ኣጠቓሊልካ እንትረአ ኣባላት ምልሻ ሓሓይለ ኣብቶም በብግዚኡ ዘካየድዎም ውግኣት ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዓበይቲ ዓመታት ኣመዝጊቡ። በብግዚኡ ኣብ ዝተኻየዱ ውግኣት ብድምር 528 ምውትን 232 ወታደራት ፀላኢ ቁሱላትን ኮይኖም እዮም። ብመዳይ ንዋት ድማ፣ ኣርባዕተ ብሬን፣ ኣርባዕተ ስናይፐር፣ 185 ክላሽን፣ ሰለስተ ኣናእሽተይ ሬድዮ ርክብ እውን ካብ ፀላኢ ተመንዚዑ እዩ። ብወገን ዝበፅሐ ክሳራ ምስቲ ናይ ፀላኢ እንትነፃፀር ውሑድ እዩ። ይኹን እምበር ንሓደ በዓል ዕላማ ትግራዋይ ክንዲ ዝኾነ ይኹን ክባር ዋጋ እዩ። ካብዚ ዝብገስ እቲ ኩነታት ካብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ጀሚሩ ኣብ ወረደኦም ብዘካየድዎም ውግኣት ተደሚሩ 36 ኣባላት ምልሻ ብመስዋእቲ ንህላወ ህዝቢ ትግራይ ዋጋ ከፊሎም እዮም። 105 ጀጋኑ ድማ ብመቑሰልቲ ኣካሎም ከምዝጎደሉ ካብ ኣንደበት እቶም ጀጋኑ ምርዳእ ይከኣል።

ህዝቢ ወረዳ ሓሓይለ ካብቲ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ጀሚሩ ብዙሕ ዋጋን መስዋእትን እናኸፈለ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ኣብ እዋን መኸተ 2013 ዓ/ም ድማ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሓሪኑ ነቲ መኸተ ንምዕዋት ካብ ምኽፋል ህይወት ሓሊፉ ዝከኣሎ ኩሉ ነገር ገይሩ። ብዕጥቅን ስንቅን ካብ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ ንላዕሊ ደቁ ናብ መስዋእቲ መሪቑ ሰዲዱ። ከም ወረዳ ሓሓይለ 4328 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 13 ሽሕን 92 መንእሰይ ኣጋዲሉ። ምልሻ፣ ነባር ዓቕሚ፣ ሰልጢኑ ዝነበረ ዕቑር ሓይሊ ወሲካ ልዕሊ 14 ሽሕን 527 ሓይሊ ሰብ ተጋዲሉ ፀላእቱ ከምዝመከተ ሓበሬታ እቶም ጀጋኑ የመላኽት።ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ፈታኒ ኩነታት እውን ህዝቢ ወረዳ ሓሓይለ ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ብዘይ ናይ ፆታን ሃይማኖትን ኣፈላላይ ምስ ጀጋኑ ምልሻታቱን ተጋደልቱን ኮይኑ ተቓሊሱ። ከም ህዝቢ ለይትን ቀትርን ከይበለ ስንቕን ዕጥቕን ሒዙ ናብ ድፋዕ ኣትዩ። ኩነታት ፀላኢ ዝምልከት ሓበሬታ ንወገን ክህብ ዋጋ ከፊሉ። ህዝቢ ወረዳ ሓሓይለ ንዝተሰውኡ ጀጋኑ ምልሻታት ብስርዓት ቀቢሩ ንዝቖሰሉ ሓኪሙ ቀሊቡ ኣላዒሉ ነቲ መኸተ ዝምጥን ኩለመዳያዊ ቃልሲ ገይሩ። ብድምር ትግራይን ህዝባን ንክትህሉ ግዜ ዘይስዕሮ ታሪኽ ኣምቢሩ እዩ።

ምልሻታት ሓሓይለ በቲ ሓደ ወገን መብዛሕቲኦም ደቆም ኣጋዲሎም ናብ ሰራዊት ኣኽቲቶም እዮም። በቲ ካልእ ወገን ድማ ህዝቦም ኣብ ጎኖም ተሰሊፉ ብዝገብሮ ዝነበረ ሓገዝን ኩለመዳያዊ ተሳትፎን ሓቦን ኒሕን ሰኒቖም ካብኦም ዝድለ ኩሉ ገይሮም። ከምዚ ንዝበለ ህዝቢ እሞ ድማ ከም ህዝቢ ከፅንትዎ ምስዝመፁ ልፍንታውያን ወረርቲ ፊት ንፊት ገጢምካ ምስዋእ ዓብይ ክብሪ ምዃኑ ተረዲኦም በብመዓልቱ ሕራነኦም ቀፂሎሙሉ እዮም። ብሓፈሻ ኣብ እዋን መኸተ 2013 ዓ/ም ዝነበረ ውዕሎ ተጋድሎ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ቆንጢርና ዘቕረብናዮ ታሪኽ ነዚ ይመስል። ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ትማልን ሎምን ጀጋኑ ሰማእታትና ምእንተ ህዝቦም ዝኸፈልዎ መስዋእቲ ክባር እዩ። መበል 37 ዓመት ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ክነኽብር እንተለና ሕድሮም ተቐቢልና ግዝኣታዊ መሬትናን ተመዛበልትናን ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ቃል ኣቲና ሕድሮም ብተግባር ክንፍፅም ይግባእ።

ፍልፍል ሓበሬታ፡- ቃለ መሕተት፣ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ተጋዳላይ ሃይሉ ገ/ፃድቃን፣ ተጋዳላይ ሻምበል ተስፋይ ገብረስላሴ፣ ተጋዳላይ ግደይ ገ/ሚካኤል፣ ተጋዳላይ የማነ ሃይሉ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሓለፋ ትኹረት- ንሓለፋ ጉድኣት

ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፀ ምድሪ ንምጥፋእ ፀረ ሰላምን ልምዓት ሓይልታት ዝፈፀምዎ ፅንተታዊ ኲናት መግለፂ ዘየብሉ ሰብኣዊ ብርሰት፣ ኢኮኖምያውን ማሕበራውን ዕንወት በፂሑ እዩ። ብፍላይ ኣብ ኣዴታትን ህፃናትን ዝተፈፀመ ከቢድ ኣካላውን ስነልቦናውን መጥቃዕቲ ዛጊድ ዘይሓወየ ቁስሊ እንትኸውን ንዕኡ ዝመጣጠን ሕውየት ዘይተገበረሉ በሰላ ኮይኑ ይርከብ። ነቲ ዝተፈፀመ ከቢድ ኣካላዊ፣ ስነልቦናውን ጥቕዓት ንምሕዋይ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ክሕግዘን ዝኽእለሉ መንገዲ እናተኣላለሸን እናነፀረን ብትልሚ ናብ ስራሕ ክኣቱ ክኢሉ እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ሕውየት ደቂ ኣንስትዮ ብብርኪ ብቢሮ ይኹን ካብ ዝተፈላለየ ክፋል ሕብረተሰብን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ኣካላትን ዝግበረለን ሓገዝ እንታይ ከም ዝመስል ንምኽትል ሓላፊት ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ወ/ሮ ኣለማት ኣማረ ተወኪስና ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ብሓይልታት ፅንተት ኣብ ልዕሊ ኣዴታት ዝተፈፀመ ፆታዊ፣ ኣካላዊ፣ ስነልቦናውን ቁጠባውን ጥቕዓት ንምቅላል ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ብገንዘብን ብዓይነትን ሓገዝ ዝረኽባሉ ኩነታት ምስ መዳርግቲ ኣካላት እናማቻቸየ ይርከብ። እቲ ቢሮ ምስ ዝተፈላለዩ ፀገማትን ሓገዝን ደቂ ኣንስትዮ ተኣሳሲሮም ንዝመፅእ ጥርዓን ብዘይምጉልእላእ ግቡእ ግልጋሎትን ኣብ ምሃብን ናብ ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምርኻብን ኣድላይ ዘበለ ደገፍን ክትትልን ይገብር። ቅድሚ ኩሉ ነተን ፆታውን ኣካላውን ጥቕዓን ዝተፈፀመለን ደቂ ኣንስትዮ ብመምርሕን ኣዋጅን ዝተደገፈ ህፁፅ ገንዘባዊ ሓገዝ ክረኽባ፣ እግሪ መትከሊ ሓገዛት ንክግበረለ፣ ናብ ስራሕ ክተኣሳሰራን ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ክጅምራን እናሰርሐ ይርከብ።

በዚ ድማ እተን ፆታዊ ጥቕዓት ዝተፈፀመለን ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ሸውዓተ ሽሕ ብር ቀጥታ ክሕገዛን ተሓኪመን ድሕሪ ምሕዋየን ድማ ልዕሊ 65 ሽሕ ብር መትከሊ እግሪ ንክሕገዛን እናሰርሐ እዩ።ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኣፈፃፅማ ካብ ኩለን ዞባታት ወረዳታትን ዝተመልመላ ልዕሊ 4,600 ደቂ ኣንስትዮ እግሪ ክተኽላ ከም ዘኽኣለንን ዝበዝሓ ድማ ኣብ ስራሕቲ ምፍራይ ቡሉኬት፣ ምድላው ምግቢ፣ ምርባሕ ጤለበጊዕን ካልኦት ስራሕቲ ደኣንትን ተዋፊረን እናሰርሐ ይርከብ። እቲ ዝተወሃበን ሓገዝ ካብ unwoman, undp, unfpa, drdip, እኖታት ንእኖታትን ካልኦትን ዘይመንግስታዊ ትካላት ብዝተረኽበ 153 ሚልየን ብር ሓገዝ እዩ። ካብዚ ሓገዝ ተጠቀምቲ ዝኾና ብፍሉይ ፆታዊ ጥቕዓት ዝተፈፀመን፣ ሕዱር ሕማም ዘለወን፣ ስድራ ስውትን ካልኦት ኢኮኖምያዊ ፀገም ዘለወን መራሕቲ ስድራን እየን። ብተመሳሳሊ ኣብ ተመለስቲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ እውን ናይ እግሪ መትከሊ ሓገዝ ዝተገበረ ኮይኑ ኣብ ከተማ መቐለ ን 340 ተመለስቲ ተጋደልቲ ነንሕድሕደን 65 ሽሕ ብር ካብቶም ገበርቲ ሰናት ትካላት ተበርኪቱለን እዩ።

ምክትል ሓላፊት ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ
ወ/ሮ ኣለማት ኣማረ

በቲ ካልእ መዳይ እቲ ቢሮ ኣብ ስራሕቲ ሕውየትን ቁጠባዊ ምንቅስቓስን ደቂ ኣንስትዮ ዝዓመሞ ምንቅስቓስ ምስ ካልኦት ኣብያተ ዕዮ ብምኧን እተን ደቂ ኣንስትዮ ዝርባሓሉ ከይዲ ስራሕ ንኽጠናኸርን ብስትሪም ኮሚቴ እናተመርሐ ተግባራዊ ክኸውንን እውን ዓብይ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ከም መርኣያ እውን ምስ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ብምርድዳእ ንስራሕቲ መስኖ ዘገልግላ በቢ ሰለስተ ምኢቲ ሽሕ ብር ዝተገዝኣ 40 ሞተራት ማይ ን 40 ደቂ ኣንስትዮ ስድራ ስውኣት ክሕገዛ ተገይሩ እዩ። ከምኡ እውን ምስ ተወከልቲ ዲያስፖራ ተጋሩን ኣብ ወረዳታት ዘለዋ መሓውር ደቂ ኣንስትዮን ብምንባብ ብኢኮኖሚ ኣዝየን ንዝተፀገማ ብቀጥታ ዝሕገዛሉን ዝተባባዓሉን ስራሕቲ ከም ዝተሰርሑ እውን ካብቲ ቢሮ ዝተረኽበ መረዳእታ ይሕብር።

እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዝተፈላለየ ሓገዛት ኣብ ውሱናት ደቂ ኣንስትዮ ዝተገበረ መርኣያ ስራሕቲ ደኣምበር ኣብተን ብበዝሒ ኣብ ዝኸፈአ ኢኮኖምያዊ ስቓይ ዝርከባ ተመዛበልቲ ደቂ ኣንስትዮ ግን እዙይ ዝበሃል ሓገዝ ኣይተገበረን። ምኽንያቱ እቲ ቢሮ ዝተበጀተሉ ዓመታዊ ባጀት ኣዝዩ ንእሽተይ፣ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ብእዋኑን ብኣግባቡ ዘይተወሃበን ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኩለመዳያዊ ፀገም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግምት ዘይኣተወን ኣመዳድባ ብምኳኑ እዩ። ብተወሳኺ ሐዚ እውን እንተኾነ ካብተን ኣብ ኢድ ፀላኢ ዘለዋ ዞባታት ትግራይ ብፀላእቲ ከበድ ፆታዊ ጥቕዓት ዝተፈፀመለን ደቂ ኣንስትዮ ይመፃ እኻ እንተሃለዋ ነዕፀን ንምሕጋዝን ንምሕዋይን እኹል ፋይናንሳዊ ሓገዝ ግን ኣይተረኽበን።

ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ዝተፈላለ መዳርግቲ ኣካላት ብምውዳድ እተን ተመዛበልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘለወኦ ኩነታት ኢኮኖምያዊ ፀገም ንምቅላል ዝሕገዛሉ፣ ካብ ጥምየት፣ ሕማምን ሞትን ዝድሕናሉን መንገዲ ተደጋጋሚ ፃዕሪ እንተገበረ ከም ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ግን ኣካል እቶም ዓበይቲ ዕማማት ገይሩ ብቆራፅነት ክሰርሓሉን መፍትሒ ሓሳብ ከቐምጣሉን ኣይከኣለን። በዚ እውን እቲ ቢሮ ኣብ ላዕሊ ጥራሕ ዝተንጠልጠለ እምበር ክሳብ ጣብያን ወረዳን ወሪዱ ምስ ሙሉእ መሓዉሩ ክራኸብ፣ ስራሕቲ ከሳልጥን ጥርናፈን ኢኮኖምያዊ ኣወዳድባን እተን ደቂ ኣንስትዮ ከለዓዕል፣ ከመዓራርን ከጠናኽርን ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ተሳኢንዎን መሰረታዊ ማሕንቖ ኮይኑዎን ምህላዉ እየን ወ/ሮ ኣለማት ዝገልፃ።

ብድምር በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝበፀሐ ከቢድ ሰብኣዊ፣ ኣካላውን ስነ ልቦናውን መጥቃዕትን ቁጠባቂ ዕንወትን ነቲ ሐዚ ዘለወኦ ዝኸፈኣን ዝሓመቐን ኢኮኖምያዊ መነባብሮን ተፀባይነትን ኣቃሊዑወን እዩ።እዚ ኩለመዳያዊ ፀገም ናብ ንቡር ንምምላስን ንምሕዋይን ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ካልኦት ግዱሳት ኣካላትን እናተሓጋገዘ እግሪ ናይ ምትካል ስራሕትን እናሰርሐ ይርከብ። እንተኾነ ግን እቲ ዝግበር ሓገዝ ምስ በዝሒ ሓገዝ ደለይቲ ደቂ ኣነሰትዮ እንትርአ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ስለ ዝኾነ ነዘን ሓለፋ ዝተጎደኣ ደቂ ኣንስትዮ ግዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ሓለፋ ትኹረት ሂቡ መድመዓይ ስራሕቲ ሕውየት ክዓምም ይግባእ መልእኽትና እዩ ።

ሕድሪ ጀጋኑ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ፍትሕን ርትዕን ኣካሉ ዝኸፈለ ጀግና ተጋዳላይና ካብ ዘላቒ ዝኾነ ኣካላዊ ስንክልና ብምድሓን ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረክብ ምግባር እዩ፤” ዝበለ ተጋዳላይ ናስር፤ ስነ ልቦናዊ መጉዳእቲ ዝበፅሖም ተጋደልቲ ዝተማለአ ግልጋሎት ሕክምና ብምሃብ ስነ-ልቦናዊ ሕውየት ዘረጋግፅሉ መንገዲ ንምፍጣር እናተሰርሖሉ ከምዝኾነ ሓቢሩ፡፡

ተጋዳላይ ናስር ብቐፃልነት ክዕመሙ ኣብ ዝግበኦም ስራሕቲ ኣመልኪቱ ከምዝበሎ፤ ብቐዋምነት መጉዳእቲ ኣካል ንዝበፅሖ ተጋዳላይ መሰረታዊ ግልጋሎት ሕክምና ክረክብ ብምግባር ዓርሱ ኽኢሉ ክንቀሳቐስ፣ ክሰምዕ፣ ክርኢ፣ ድጋፍ ዊልቸር፣ ክራንች፣ መዳመፂ፣ ሓጋዚ መነፀር ዓይኒ፣ መራሒ መንገዲ በትሪ /ኬን/ ዝኣመሰላን ካልኦት ቴክኖሎጂ ዘፍረዮም መሳርሕታት ምምላእ ከምዘድሊ ሓቢሩ ኣሎ፡፡ ብተወሳኺ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናን ብምሃብ እቲ ጉዱእ ኣካል ዓርሱ ኽኢሉ እግሩ ዝተኸለሉ መንገዲ ክፍጠር ከምዘለዎ ገሊፁ፡፡ ዓርሶም ኽኢሎም ክኾዱ ዘይኽእሉ ዝለዓለ ጉድኣት ንዝበፅሖም ተጋደልቲ ድማ ክሳብ ኣካላውን ስነ-ልቦናውን ሕውየት ዝረኽቡ እናሓከምካ እናሓብሐብካ ከምዝፀንሑ ኣፍሊጡ፡፡

“ተጠቃምነት ስድራ ስውኣትን ብኽብሪ ዝተሰናበቱ ተጋደልትን ኣብ ምርግጋፅ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንታይ ይመስሉ” ንዝብል ሕቶ ተጋዳላይ ናስር እንትምልስ ድማ ብተናፀል ብከባብያዊ ምምሕዳር፣ ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ዝግበሩ ሓገዛት እንተሃለዉእኳ ከም ኮሚሽን ግን ዛጊድ እዚ ዝበሃል ስራሕ ከምዘይተሰርሐን ተሰሪሑ ዝብሃል ነገር እንተሃልዩ እውን እቲ ሓደ ክብሪ ብዘለዎ መንገዲ ስርዓት መርድእ ኣብ ምክያድ፣ ካልእ ድማ ኣብ ዝኸፍአ ፀገም ንዝርከቡ ልዕሊ 600 ስድራ ስውኣት መጀመሪ ስራሕ ዝኸውን ካብ 30 ክሳብ 40 ሽሕ ብር ደገፍ ከምዝተገበረ ይገልፅ፡፡

ብዕድመ፣ ብመጉዳእቲ፣ ብሕማም ብኽብሪ ንዝተሰናበቱ ተጋደልቲ እቲ ዝምለሰሉ ዘለው ስድራ ብሰንኪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ቁጠባዊ ዓቕሙ ኣዝዩ ዝደኸመ፣ ትብላዕ ትለሓስ ዘይብሉ፣ ተረፍ ፅንተት፣ ዝትበተነ ስድራ ምኳኑ ዘመላኸተ ተጋዳላይ ናስር፤ ንዚ ንምፍታሕ ከተማታት ዘለወን ሃፍተ ገነት ኣብ ግምት ብምእታው ዕድል ስራሕ ክፈጥሩ ኣብ ዝኽእሉ ምንፃፍ ፅሩብ እምኒ /ኮብልስቶን/፣ ኣብ ስራሕቲ ደኣንትን ካልኦትን ክዋፈሩ ይግበር ምህላው ኣፍሊጡ፡፡

ዋላ እኳ በቢከባቢኡ ንተመለስቲ ሰራዊት ንምሕጋዝ ዝተጀመሩ ስራሕቲ እንተሃለው ቁፅሪ ብኽብሪ ዝተሰናበተ ተጋዳላይ ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ ግን ከም ኮሚሽን በቲ ዝድለ መንገዲ ይሕግዝ ኣሎ ምባል ከምዘይከኣል፤ እቲ ተጋዳላይ ብዲዲኣር ሒዝወን ዝወፅእ ውሑዳት ገንዘብ ተጠቒሙ ወዲብካ ናብ ስራሕ ክኣትው ኣብ ምግባር፣ ኣብ ሕድሕድ ከባቢ ዘሎ ሃፍተ ገነት ተጠቒሙ ናብርኡ ዝልውጠሉ መንገዲ ኣብ ምፍጣር ሕፀረታት ከምዘሎ ኣመላኺቱ፡፡

ብተናፀል ሓገዝ ምግባር ዘይፅላእ እኳ እንተኾነ ፍትሓውነትን ተጠቃምነት ንምርግጋፅ እቲ ኮሚሽን ቅደም ሰዓብ ኣነፂሩ ዘቐመጦም ጠለባት ጉድኣት ኲናት ስለዘሎ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፣ ሰብ ሃፍቲ፣ ዲያስፖራ ተጋሩን ካልኦትን ዝገበርዎ ደገፍ ብፍንው መንገዲ ካብ ዝኸውን ብኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ተማእኺሉ ክኸይድ ከምዘለዎ ተጋዳላይ ናስር ኣተሓሳሲቡ፡፡

ኣብ መወዳእታ፤ “ሕድሪ ሰማእታትና ንምውሓስ ለኣላውነትና” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ንመበል 37 ዓመት ዝኽበር ዘሎ መዓልቲ ሰማእታት ሐዚ እውን ሉኣላዊ መሬትና ኣብ ዘይተረጋገፀሉ፣ ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣብዘይተመለሰሉ ተሓታትነት፣ ፍትሒ ኣብዘይተረጋገፀሉ እዋን ኮይንካ ዝበዓል ዘሎ ከምዝኾነን ኩሉ ትግራዋይ ነዚ ብውነ ተረዲኡ ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ ሸትኡ ንምብፃሕን ስምምዕ ፕሪቶርያ ብምሉእነት ተግባራዊ ኣብ ምግባርን ኩሉ በቢኣካሉ ክረባረብ ከምዘለዎ ተጋዳላይ ናስር ፃውዒቱ ኣመሓላሊፉ፡፡

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

መሬት መፈተኒ እምነት ትግራዋይነት ከይትኾን!

ወርሒ ሰነ ብፍሉይ ሰማእታት ትማልን ሎምን እንዝከረሉን ሕድሮም ንምፍፃም ቃልና እነሕድሰሉን ወርሒ እዩ። ካብቶም ምስ ሕድሪ ሰማእታት ዝተሓሓዝ ሓደ ምስምምሕዳር መሬት ዝተሓሓዝ እዩ። እዚ እውን ኣብ ሕሉፍ ስርዓት ዝነበረ ጉልበት ዘለዎ ርስተ ጉልቲ እናወረረ ዝቐልፅመሉ ዓቕሚ ዘይብሉ ዝድቆሰሉ ኩነታት ንምውጋድ ዝተኸፈለ መስዋእቲ እዩ። ሰማእታትና መስዋእቲ ዝኸፈሉ ኣብ ሕድሕድ ዜጋታት ብማዕርነትን ፍትሓውነትን ዝመሓደርሉ ስርዓት ንምፍጣር እዩ። ብምኽኑ መሬት ውልቀ ሰባት ከምድሌቶም ዝገብርዋ ዘይኮነትስ ብስርዓትን ሕግን ክትመሓደር ናይ ህዝብን መንግስትን ከምዝኾነት ኣብ ሕገ መንግስቲ ክልልን ፌደራልን ብምስፋር እናተሰርሑ ፀኒሑ እዩ።

ካብዚ ብረዚን መስዋእቲ ዝተረኸበ ዕድል ዝብገስ፤ መሬት ኩሉ ዜጋ ከከም ዓቕሙ ብፍትሓውነት ዝመሓደረሉ መስርሕ ብምዝርጋሕ ዝተፈላለዩ ወገናት ተጠቀምቲ ክኾኑ ፀኒሖም እዮም። ኣብዚ ዓመት (2017 ዓ/ም) ድማ ብፍሉይ መልክዑ ንልዕሊ 15 ዓመት ሕቶ ማሕበረሰብና ኮይኑ ዝፀንሐ ነባር ትሕዝቶ ከተማታት ትግራይ መዕለቢ ዝገብር መምርሒ ወፂኡ ኣሎ። እቲ መምርሒ ገባራትን ደቂ ገባራትን ከመይ ተረባሕቲ ከምዝኾኑ ኣነፂሩ እዩ። እዚ ዓብዪ ክልላዊ መደብ ከምከተማ መቐለ ዘሎ ኣፈፃፅማ እንታይ ከምዝመስል ከምዝስዕብ ክንርኢ ኢና። ምምሕዳር መሬት እቲ መደብ ተቐቢሉ መረዳእታታት እንተፃፍፍ ዝረኸቦም ውራ መሬት፣ ዝተመዝገቡ በዝሒ ገባራትን ደቂ ገባራትን፣ ኣብ ገለ "ይግበኣኒ" ዝብሉ ኣካላት ዘለዉ ሽፈጣትን፣ ንስድራ ስውኣት መንበሪ ንምዕዳል ዝተትሓዘ መደብ እንታይ ከምዝመስል ምስሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣጠቓቕማን ምሕደራን መሬት ተጋዳላይ ዘርኡ ተወልደብርሃን ፃንሒት ገይርና ኣለና። ምሉእ ትሕዝትኡ እኒሆ፡፡

ፈለማ በቲ ን15 ዓመት ሕቶ ማሕበረሰብና ኮይኑ ዝፀንሐ ነባር ትሕዝቶ መዕለቢ ንምሃብ ዝተትሓዘ መደብ ክንጅምር። ምምሕዳር ከተማ መቐለ መዐንደሪ እቲ ዝጠለመ ጉጅለ ኮይና ስለዝፀንሐት፤ እቲ 30 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ክውዳእ ተሓሲቡ ዝነበረ ፍሉይ መደብ ነባር ትሕዝቶ ንክልተ ወርሒ ክጓተት ከኢሉ እዩ። ይኹን እምበር ኣመራርሓ እቲ ከተማ ተወሳኺ ጊዜ ተዋሂብዎ ዳግም ተወዲቡ ብምእታው ፀገም እቶም ነበርቲ ንምፍታሕ ኣብ መወዳእታ ብርኪ ከምዝበፅሐ ተጋዳላይ ዘርኡ ይገልፅ። እዚ ቁልፊ መደብ ብምውጋኑ ዓብዪ ስቓይ ወገናት እዩ ዘቃልል። ምኽንያቱ እቶም ነበርቲ ናብ ከተማ ኣትዮም ግን ከባብያዊ ዕብየት ፕላን ስለዘይተሰርሐሎም ተጠቀምቲ ግልጋሎት ከተማ ኣይነበሩን። እዚ እውን ሰነድ መንበሪ ኣትሒዞም ልቓሕ ወሲዶም ኣብ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ክዋፈሩ፣ ገዛኦም ናብ ዝደለይዎ ሽም ከዛውሩ፣ ክሸጡ፣ ክሃንፁ መሰረተ ልምዓት ክማልኣሎም ኣይከኣሉን። ነዚ ፀገም ንምስትኽኻል ብዝተጀመረ ስራሕ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ናይ መወዳእታ ብርኪ ከምዝበፅሐት እቲ ሓላፊ የረድእ።

ኣብዚ ን15 ዓመት ኣብ ፀገም ዝነበረ ማሕበረሰብ ፀገሙ እንትፍታሕ፤ ዕድሚኦም ዝኣኸሉ ደቁ እውን ተጠቃሚ ዝገብር መምርሒ እዩ ወሪዱ ዘሎ። እዚ እውን 18 ዓመት ዝመልኦም ደቂ ሓረስቶት እተን ናብ ከተማ ዝኣተዋ ከባቢታት ንሕድሕዶም 140 ካሬ ሜትር መንበሪ ገዛ ዝረኽብሉ መስርሕ እዩ ተኣታቲዩ ዘሎ። እዚ ውሳነ መንግስቲ ነቶም ኣብ ፀገም ዝነበሩ ክፋላት ማሕበረሰብ ዓብይ ካሕሳ ከምዝኾነ ኣብ ቤት ምኽሪ ይኹን ካብ ክልል ክሳብ ክፍለ ከተማ ኣብ ዝነበሩ መድረኻት ክግለፁ ፀኒሖም እዮም።

እቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ናብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት መቐለ ንመተሓባበርቲ ሰልፈኛታት እናወሰዱ "ጥራሕ ደግፉኒ እምበር ክንዲ ድላይኩም መሬት ክህበኩም እየ፤ ካብዚ ከባቢ ናብዚ ከባቢ ንእኒ እከለ ካብዚ ናብዚ ዘሎ ድማ እኒ እከለ ተመሓድርዎ" እናበለ ፅርግያን ሓምለዋይ ከባብን እንተይተረፈ ምዕዳል ጀሚሩ ነይሩ። ብምኽኑ እቲ ዝጠለመ ጉጅለ ብፋሉልነት ዝዓደሎ 11 ሄክታር መሬት ሓዊሱ ብድምር 256 ሄክታር መሬት ተወሪሩ ተረኺቡ እዩ። ካብዚ እቲ 187 ሄክታር መሬት ዝተመለሰ ኮይኑ እቲ ዝተረፈ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ንምምላስ ይስራሕ ኣሎ።

በቲ ዝወረደ መምርሒ መሰረት ብዘይካ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ኣብ ኩለን ክፍላተ ከተማ ንምትእንጋድ ምንቅስቓስ እንትጅመር፤ 83 ሽሕ ወገናት ሕቶ ይግባኣኒ ኣቕሪቦም ኣለዉ። ነዚ ዝቐረበ ሕቶ ምፅራይ እንትጅመር ብዙሓት ምጭብርባራት ተራእዮም እዮም። ንኣብነት፣ ደቂ ገባር ዘይኮኑ ደቂ ገባር መሲሎም ክቐርቡ ዝፈተኑ ኣለዉ። ተወለድቲ እቲ ከባቢ ዘይኮኑ እናሃለዉ፤ ተወለድቲ እቲ ከባቢ ንክመስሉ "ፎርጅድ" (ትኽክል ዘይኮነ) መለለይ መንነት ዘሰርሑ ተረኺቦም እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ሽም ኣቦኦም እንተይተረፈ ዝቐየሩ ኣካላት ተረኺቦም እዮም። ምምሕዳር ከተማ መቐለ ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ተተሓሒዙ መለለይ መንነት ዘይብሎም መናእሰይ ካርዲ ሻምናይ ክፍሊ ከምመረዳእታ ክቐርቡ እንትውሰን፤ ክልተ ዓይነት ምጭብርባራት ተራእዮም። እቲ ሓደ ፎርጅድ መረዳእታ ትምህርቲ ተዳልዩ ሻምናይ ክፍሊ ዘይበፅሑ እናሃለዉ ሻምናይ ክፍሊ ከምዝተምሃሩ ተገይሩ ዝቐረበ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ወገናት መሬት ንምርካብ ተባሂሉ ዕድመ ወሲኽካ ምፅሓፍ ከምዝነበረ ተጋዳላይ ዘርኡ የረድእ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ቅድሚ ሕዚ መጠሻ መሬት ካብ ዝተዓደሎም መናእሰይ ውሱናት ዳግም መጠሻ መሬት ክወሃቡ "መንበሪ የብልናን" ኢሎም ዝቐረቡ እውን ኣለዉ። እዚ ከምዚ ዝበለ እምነት ትግራዋይነት ዝሸርሸር ተግባር ብምርኣዩ፤ እቲ መደብ ቀልጢፍካ ክውዳእ ዝነበረ ነገራት ንምፅራይ ጊዜ ወሲዱ ኣሎ። ንሕድሕድ ነገር እናፃረኻ ንምሃብ ብዝተገበረ ፃዕሪ ካብቲ ፎርጅድ ዘሐትም ኣካል ጀሚሩ ፋይላት ቢሮ ትምህርቲ ብምግልባጥ ዘይሕጋውያን መረዳእታታት ትምህርቲ ይፍሽሉ ኣለዉ። ፖሊስ ምፅራዩ ምስወድአ ሓደ እዋን ዘቃልዖ ኮይኑ፤ ሕድሕድ መረዳእታ ክሳብ ዝተኽኣለ እናተፈተሸ እዩ ዝርከብ። ኣብዚ ዋላ ብጉርሒ ይኹን ገርሂ ኣምሊጡ መሬት ዝተወሃበ ኣካል እንተጋጢሙ እውን፤ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘይግበኦ ምኻኑ እንተተፈሊጡ እቲ መሬት ብምምላስ እቶም መሬት ዝሃቡ ኣካላትን ዝውሰደ ሰብን ተሓተትቲ ከምዝኾኑ እቲ ሓላፊ የረድእ።

ኣብዚ ነባር ትሕዝቶ እቶም ገባራት ኣፅዲቕካ ንደቂ ገባራት መንበሪ ክዕደል እንተኾይኑ፤ ትሕዝቶ መሬት ምፅናዕ ኣድላይ እዩ። እዚ ድማ መሬት ብፍትሓውነት ክትመሓድር፣ ጉልበት ዘለዎ እናወረረ ጉልበት ዘይብሉ እናተሓሰየ ከይኸድ፣ ገሊኡ ብኣቋራፂ እናሃፍተመ ፍትሓውነት ከይተዛብዐን ሓደጋ ስርዓት ከየጋጥምን እውን ዝዓለመ እዩ። ብምኽኑ እቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ናብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት መቐለ ንመተሓባበርቲ ሰልፈኛታት እናወሰዱ "ጥራሕ ደግፉኒ እምበር ክንዲ ድላይኩም መሬት ክህበኩም እየ፤ ካብዚ ከባቢ ናብዚ ከባቢ ንእኒ እከለ ካብዚ ናብዚ ዘሎ ድማ እኒ እከለ ተመሓድርዎ" እናበለ ፅርግያን ሓምለዋይ ከባብን እንተይተረፈ ምዕዳል ጀሚሩ ነይሩ። ብምኽኑ እቲ ዝጠለመ ጉጅለ ብፋሉልነት ዝዓደሎ 11 ሄክታር መሬት ሓዊሱ ብድምር 256 ሄክታር መሬት ተወሪሩ ተረኺቡ እዩ። ካብዚ እቲ 187 ሄክታር መሬት ዝተመለሰ ኮይኑ እቲ ዝተረፈ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ንምምላስ ይስራሕ ኣሎ። ይኹን እምበር ዝተወረረ መሬት ንክይምለስ ውራ መሬት ንምትሕልላኽ ዝግበር ፃዕሪ ብዙሕ እዩ። እንተኾነ ግን መሬት ብዝኾነ ይኹን ነገር ክትሸፍና፣ ናብ ዝኾነ ወሲድካ ክትሓብኣ ዘይትኽእል ብምኳና ብቐሊሉ ዝተጎንጎነ ሸፈጥ ተኸታቲልካ ምቕልዑ ኣይተርፍን። እዚ እውን ቅድሚ 2012 ዓ/ም ዝተልዓለ ሳተላይት ፎቶ ስለዘሎ እቲ ዝነበረ ክፍቲ ቦታ ገዛ ተሰሪሕዎ ወይ ተሓፂሩ እንትርከብ፤ መስርሕ ዘይተኸተለን ሕጋዊ ፍቓድ እንተዘይሓዘን ዝተሃነፀ ክፈርስ እዩ። እቲ ምንታይ መሬት ብሊዝ፣ ነባር ትሕዝቶ፣ መሻጣ መናእሰይ፣ መንበሪ ተጋደልትን ማሕበራት 70 ካሬን ወዘተ ዝምልከቶ ሕጋዊ ኣካል ካቢኔ ምስወሰነ ኣጠቓቕማ መሬትን ምሕደራን ብሕጋዊ መንገዲ ምስዓደለካ ከምዝውነን ይፍለጥ እዩ። ካብዚ ወፃኢ ዝኾነ መሬት ምውናን ሕጋዊ ስለዘይኮነ፤ እቲ ዝተወረረ መሬት ንምምላስን ዘይሕጋዊ ህንፀት ንምፍራስን ግብረ ሓይሊ ተጣይሹ ክፅናዕ ፀኒሑ እዩ። እዚ እውን ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት ንምውጋን ተሓሲቡ ይስርሓሉ ከምዘሎ ተጋዳላይ ዘርኡ የረድእ።

ተጋዳላይ ዘርኡ ተወልደብርሃን
ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣጠቓቕማን ምሕደራን መሬት ከተማ መቐለ

እቲ ካሊእ ዝተትሓዘ ዓብዪ መደብ ንሓርበኛታትን ስድራ ስውኣትን መጠሻ መሬት ምዕዳል ዝምልከት እዩ። እዚ እውን ፈለማ ስድራ ስውኣት ቀፂሉ መጉዳእቲ ዝበፅሖም ተጋደልቲ ቀፂሎም መጉዳእቲ ዘይበፅሖም ተጋደልቲ መጠሻ ንክዕደሉ ብዝወፀ መምርሒ መሰረት፤ ኣብዚ ዓመት ንስድራ ስውኣት ቀዳምነት ተዋሂቡ መሬት ክዕደል እዩ። ንስድራ ስውኣት ዝኸውን 80 ሄክታር መሬት ኣብ ሰለስተ ከባቢ ዝተዳለወ ኮይኑ ዝርዝር ሽም እቶም ስድራ ስውኣት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ምስመፀ ኣብ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ/ም ከምዝዕደሉ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣፍሊጡ ኣሎ። መጉዳእቲ ዝበፅሖም ተጋደልትን እቶም ብሰላም ዝተመለሱ ተጋደልትን ድማ ኣብ ዝቕፅል ዓመት ብቕደም ሰዓብ ንምትእንጋድ መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ካብቲ ቤት ፅሕፈት ዝተረኸበ ሓበሬታ የመላኽት። ኣብዚ ንጀጋኑን ስድራ ስውኣትን መሬት እንትዕደል ብቐፃሊ ናይ ሰፈር ተጋደልቲ መሲሉ ብዝኾነ ኣካል ከይርቋሕ ምስቲ ሕብረተሰብ ዝሓዋውስ ኣገባብ ከምዝኽተል ተጋዳላይ ዘርኡ ገሊፁ ኣሎ።

ብኣጠቓላሊ ዛጊድ ብዝተገበረ መፅናዕቲ ኣብ ጉዳይ መሬት ዘሎ ምንቅስቓስ ኣብ ቁፅሩ ዘይነዓቕ ክፋል ሕብረተሰብ መትከላትን እምነታትን ትግራዋይነት እናተሸርሸሩ ከምዘለዉ ዘርኢ እዩ። እዚ እውን ንጊዜያዊ ረብሓ ኢልካ ማሕበረሰባዊ መስተጋብር ሃደሸደሸ ይብል ኣሎ። ተጋሩ ንሓቂ፣ ርትዕን ፍትሕን መስዋእቲ ክንከፍል ዝፀናሕና፤ "ኣነ ዋላ ኣይሃሉ ሓቅን ርትዕን ትንገስ" ንብል ዝነበርና ኢና። እቲ ሕዚ ኣብ መሬት ዝረአ ዘሎ ምልክት ግን ነቲ ሓቀኛ መለለይ መንነት ተጋሩ ዝሸርሽር እዩ። እዚ ተግባር ብናይ ውልቀ ሰባት ሌብነት ጥራሕ ክረአ የብሉን። ናብ ማሕበረሰብ ይልሑኽ ስለዘሎ ኩሉ ክፋል ማሕበረሰብ ብኣግኡ እዩ ክቃለሶ ዘለዎ።

ተጋሩ ንሕጊ ሃይማኖት ይኹን ሕገ-መንግስቲ ተገዛእቲ ኢና። እቲ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ኣካይዳ ግን ንልዕልነት ሕግን ተፈፃምነት ሕግን ዝሸርሽር እዩ። ኣብ ሕገ ሃይማኖት ይኹን ሕገ መንግስቲ ምድፋእ እንተመፂኡ መረዳድኢ ክህሉ ኣይኽእልን። ተጋሩ ኣብ ልዕልነት ሕጊ እንተዘይተጠርኒፍና እንረዳደኣሉ ነጥቢ ኣይህሉን፡፡ መወዳእታኡ ድማ ከምጋሻ ውሑጅ ኢና ክንፈስስ። ስለዚ እቶም ካልኦት ዝቐንእሎም መግለፂ ትግራዋይነት ዝኾኑ መትከላት ክንዕቅቦም ይግባእ። ታሪኽና ከይመራሳሕን ምስልናን ስብእናናን ብዝበለፀ ንምህናፅ ኢልና ክንቃለሶም ይግባእ። ስለዚ "ሕጊ ተጣሒሱ፣ ሌብነት ተራእዩ" ኢልካ ጥራሕ ዝሕለፍ ዘይኮነስ ምስምብካል ክብርታትን ምስልታትን ተጋሩ እናተርኣየ ኩሉ ክቃለስ ይግባእ።

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“ፅገም ህዝቢ ትግራይ ዝፍታሕ ኣብ ትግራይ ብዝቦቁል ሓሳብ እዩ፡፡”

“ትግራዋይነት ምምሳል ዘይኮነስ ኮይንካ ምርካብ እዩ ዝድለ፡፡”

ተንታኒ ፖለቲካ፣ ተጋዳላይ ተስፋይ ታደሰ

ህዝቢ ትግራይ ሃለዋቱን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ከበድቲ ዓፀቦታት እናመከተን ብዓወት እናሰገረን ዝመፀ መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን እዩ። ርሑቕ ከይከድካ ኣብቶም ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመት ጥራሕ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀመ ዘርኢ ናይ ምፅናት (ጀኖሳይድ) እኪይ ተግባር ንምዕጋት ረዚን ዋጋ ኸፊሉ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍረም ኣኺኢሉ እዩ። ይኹን እምበር ዓብዩ ተስፋ ዝተገበረሉ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምሉእ ብምሉእ ተግባራዊ ብዘይምኳኑ ለኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ኣይተረጋገፀን፣ ተሓታትነት ኣይነገሰን፤ ዝተሰደደን ዝተመዛበለን ህዝብና ሕዚ እውን ኣብ ከቢድ ስቓይ ሕማምን ሞትን ይርከብ። እቲ ዝመፃእናሉ ጉዕዞ ፖለቲካ ትግራይ እውን እንተኾነ ብፍላይ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ነቶም ዓበይቲ ኣጀንዳታት ኣብ ምትግባር ማሕለኻ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ይኹን እምበር ነዚ ንምስጋር ብውድብና ህወሓት ዝተፈላለዩ መደባት እናተተግበሩ መፂኦም እዮም። ተነፃፃሪ ለውጢ እውን ይምዝገብ ኣሎ። ነዚ መሰረት ብምግባር ሐዚ ዘለናሉ ጭቡጥ ኩነታት እንታይ ይመስል? ንቅድሚት ኸ እንታይ ይገበር? ክሕደት መሪሕነት በዚ ደረጃ ንምንታይ ኣጋጢሙ? ሳዕቤናቱን ኣገባብ ቓልሱን ኸ? ዝብሉ ጉዳያት ኣመልኪትና ምስ ተንታኒ ፖለቲካ ተጋዳላይ ተስፋይ ታደሰ ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ!

ወይን፡- ዝመፃእናሉ ጉዕዞ ፖለቲካ ትግራይ ብፍላይ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ሐዚ ምስ ዘለናሉ ጭቡጥ ኩነታት ብምንፅፃር ከመይ ትገልፆ? እቶም ዓበይቲ ዝበሃሉ ዓወታትን ብድሆታትን እንታይ እንታይ እዮም?

ተጋዳላይ ተስፋይ፡- ፖለቲካ ትግራይ ክተልዕል እንተለኻ ቐዲሙ ኣብ ስነ-ኣእምሮኻ ዝመፅእ ውድብ ህወሓት እዩ። እዚ ውድብ እዚ ውህሉል ተሞክሮ ዘለዎ። ብዙሕ ዋጋ እውን ዝኸፈለ እዩ። ኣብዛ ሃገር እዚኣ እውን ዘይከሓድ ለውጢ ዘምፀአ፣ ግድፈታት እንተሃለውዎ እውን ጨና ዲሞክራሲን ልምዓትን ዘምፀአ ውድብ እዩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ዋጋ ዝተኸፈልሉ ቃልሲ ኣካይዱ ውፅኢቱ ድማ ካብ ዓርሰይ ጀሚሩ ብዙሓት ዜጋታት እዛ ሃገር ተማሂሮም ቁም ነገር ንኽበፅሑ ዝገበረ ሳላ መስዋእትን መጉዳእቲ ኣካልን መላምል ደቂ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ነዚ ዋጋ እዚ ዝኸፈለ ተጋዳላይን ውድብን ድማ ዝተፈለየ ክብርን ናእዳን ኣለኒ። ኣብ ጉዕዞ እዚ ቃልሲ ዝነበረ ፅንዓት፣ ጅግንነት ንሓሳብ ብሓሳብ ሞጊትካ ልዕልነት ዝረኸበ ሓሳብ ሒዝካ ነቲ ቃልሲ ኣብ ምቕፃል ዝነበረ መትከል፣ ክድነቕ ዝግበኦ እዩ።

ኣብዚ ክገልፆ ዝደሊ ዓርሱ እቲ “ህወሓት” ዝብል መፀውዒ ሽም እውን ዓርሶም ዝኸኣሉ መትከላት እዮም ዝመስሉኒ። “ህዝባውነት ወያናይነት፣ ሓርነት” ዝበሉ ምሩፃት ነዊሕ ርሕቐት ዝኣመቱ ሓሳባት ዝሓዘ እዩ። ኣብዚ ውድብ እዚ ናብ መሪሕነት ዝመፅእ ህዝባዊ ውግንና፣ ወያናይ መትከል ዘለዎ፣ ተሪር፣ ኣብ ሓቂ ዝምስረት ልዕሊ ኹሉ ድማ ብትግራዋይነቱ ዘይዋገ እዩ ዝኸውን ነይሩ። ምኽንያቱ ህዝባዊ እንትትኸውን ድምፂ ህዝቢ ኢኻ ትሰምዕ። ዝመፁ ሓሳባት ንህዝቢ ብዘለዎም ረብሓ እዮም ዝምዘኑ። ኣብዚ ሐዚ ግን ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ሃፍቲ ምኳኑ ኣሚንካ ኣብ ምኻድ ካብቲ ቅድም ኢሉ ዝነበረ ዓብይ ክፍተት እንትፍጠር ይረአ ኣሎ። ኣብቶም ዝሓለፉ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ሓድነቱ ኣስጢሙ ሳላ ዝተቓለሰ እዩ ገዚፍ ፀላኢ ደርጊ ዝሰዓረ።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ምፅናት ዘርኢ እውን ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ እስራኤላውያን ካብ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ቐፂሉ ተራእዩ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ብዓይነቱን ብትሕዝትኡን ዝተፈለየ እዩ። ነዚ ንምምካት ትግራዋይ ሓድነቱ ኣስጢሙ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ከቲቱ ረዚን ዋጋ ኸፊሉ ህልውንኡ ኣረጋጊፁ። ሕዚ ክንድድላዩ ኣፈላላይ ዋላ ይፈጠር ነቲ ዝተኸፈለ ረዚን ዋጋ ከራኽስ ዘኽእል ሓይሊ ክህሉ የብሉን። ዓርሱ እቲ ስምምዕ ፕሪቶርያ እውን እንተኾነ ብቐሊሉ ዝመፀ ኣይኮነን። ከቢድ መስዋእቲ ህይወትን መጉዳእቲ ኣካልን ተኸፊልዎ ዝመፀ እዩ። ስለዝኾነ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምክያዱ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ክምክሓሉ ኣይኽእልን። ብውልቀ ሰብ ዝመፀ ሰላም የለን። ብመስዋእቲ ደቂ ህዝቢ እዩ መፂኡ። ህዝቢ ይምራሕ ኢሉ ዝሃበካ ሓላፍነት መራሒ ኮይንካ ናብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ክትከይድ እንከለኻ ህዝቢ ውራየይ ውራዩ፣ ስቓየይ ስቓዩ እዩ ኢሉ ኣሚኑ እዩ ዝልኢኸካ ዘሎ። ነዚ ይምራሕ ተባሂሉ ዝተልኣኸ ኣካል ናይ ውልቀ ስምዒቱ እናቐደመ ክዛረብ ምርኣይ ፍፁም ነውሪ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ብጅግንነቱ ብዝኸፈሎ ዋጋ፣ ዲያስፖራ ትግራይ ብቐርን ፀሓይን ስርሑ ገዲፉ ድምፂ ህዝቢ ዘስመዓሉ እዩ። ኣብ ልዕሌና ዝዘመታ ሃገራት ኣሕፊርና ዝመለስናሉ ምስጢር ሕብረትናን ሓድነትናን ካብዚ ዝፍልፍል ፅንዓትናን እዩ።

ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍረም እንከሎ ህዝቢ ዝፅበዮ ነገር ነይሩ። ንሱ ድማ ግዝኣታዊ ሓድነቱ ክረጋገፅ፣ ዝተመዛበለ ህዝቢ ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ፍትሒ ክነግስ መስርሕ ተሓታትነት ክረጋገፅ፣ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀመ ገበን ካሕሳ ክረክብ እዩ ተፈሪሙ። ይኹን እምበር ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ነዚ ንጎድኒ ገዲፍካ ኣብ ናይ ውልቀ ረብሓኻ ምጉያይ እዩ ተራእዩ። ኣብዚ ኣሰር ጀኖሳይድ ከጥፍእ ዝሰርሕ ኣካል ንህዝቢ ትግራይ ይቃለስ ኣለኹ ኢሉ ክዛረብ ሞራል የብሉን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መስካሕክሒ ገበናት ዝፈፀሙ ኣዘዝትን ወታደራትን ብልፅግና ፍርዶም ከይረኸቡ፣ ፍትሒ ከይተረጋገፀ ምስዳድ ንዓርሱ ዓብዩ ገበን እዩ። ክስደዱ እንተኾይኖም እውን ህዝቢ ክዝትየሉ እዩ ዝግባእ ነይሩ። በዚ ከይኣኸለ ልዕሊ ኩሉ ዘሕፍር ኣብ እዋን መኸተ ውላዳ፣ ሃፍታ ጥሪታ ዘወፈየት እታ ዋዕሮ ትግራወይቲ ኣዶ ብዘይተገርሐ ኣንደበት ፀለመን ፀርፍን ክትሸለም ምርኣይ መሕፈሪ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ብልሒ ጫፍ እቲ መኸተ ዝነበረ እቲ ዓለም ዘስደመመ ጅግንነት ዝፈፀመ ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ኮነ ሰራዊትና ብሓፈሻ ሽማሹም፣ ፀለመታት ምክያድ ካብዚ ብላዕሊ መሕፈሪ ተግባር የለን። እዚ ህዝቢ እዚ ለባም እንተዘይኸውን፣ ኣርሒቑ ዝሓስብ እንተዘይኸውን ነይሩ ናብ ሓደገኛ ኩነታት ዝወስድ፣ ንፀላእቲ ድማ ጠስሚ ልቦም ዘስቲ ተግባር እዩ ብውነ ተኻይዱ። ናብ ከባቢያውነት እዩ ተኣትዩ። እዚ ድማ ናይ መወዳእታ ሕመቕን ድርቀት ኣተሓሳስባን ምህላው ዘርኢ እዩ።

ወይን፡- እቲ ኩነታት ህዝቢ ትግራይ ኣጀንዳታቱ ከይፍፅምን ሓደ ኮይኑ ከይቃለስን ከመይ ዝበሉ ፅዕንቶ ፈጢሮምሉ ምባል ይከኣል?

ተጋዳላይ ተስፋይ፡- ኣብዚ ኩሉ ክፈልጦ ዘለዎ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ሎሚ እውን ከም ቀደሞም ዓንዲ ሑቕ ዓወትና ሓድነትና ምኳኑ ፈሊጦም እዮም ብተደጋጋሚ ዝሰርሑላ ዘለው። ክንድድላዩ ፅገም ይሃልወና ህልውናና ክነረጋግፅ እንተኾይንና ሓድነትካ ኣስጢምካ ብፅንዓት ምቅላስ እዩ። ፀላእትና ህዝቢ ትግራይ ከመይ ክጠፍእ ከምዘለዎ ደጋጊሞም ይዛረቡና ኣለው። ናብቲ ንሶም ዝደልዩልና ድግስ መንገዲ ጥፍኣት ክንኣትው ኣይግባእን። ነዚ ድማ ትግራዋይ ምምሳል ዘይኾነስ ኮይንካ ምርካብ እዩ ዘድሊ። ዘለናሉ ኩነታት ናበይ ንኸይድ ኣለና ንምፍላጥ ሓቀኛ ትግራዋይ ኮይንኻ ተሓሲብካዮ ሓደግኡ ንምፍላጡ ኣየፀግምን። ትግራዋይ ካብ ገፅ ምድሪ ምጥፋእ ዝብል ኣተሓሳስባ ናይ ሎሚ ጥራሕ ኣይኮነን። ካብ ቀደሙ ዝነበረ ሐዚ ግን ገቢሉ ዝወፀ ኣተሓሳስባ እዩ። ሐዚ ዘጋጥመና ዘሎ ፅገም ንምፍታሕ ኣንዊሕኻ ምሕሳብ፣ ትዕግስትን ብልሓትን ዝሓትት እዩ ዝኸውን። ትማሊ ንህልውና ህዝቢ ትግራይ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ይኣክል። “ኩናት ኣይንደልን፣ ሰላም ኢና ንደሊ” እናበልካ ተመሊስካ መናእሰይ “ናብ ሓራ መሬት ውፅኡ፣ ኩናት ፍጠሩ” ምባል ምስትውዓል ዝጎደሎን ኣንፃር ረብሓ ህዝብኻ ምስላፍን እዩ። ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ሰራዊት ትግራይን ኩናት ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ዝርደአ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን። ፅገም እንተሃልዩ እውን ብሓሳብ ዝምጉት ህዝቢ እዩ ዘለና። ይትረፍ በረኻ ወፂእኻ ኩናት ክትደሊ ገና ቁስሉ ዘይሓወየ ህዝቢ እዩ ዘለና። ህዝብና ብፀሓይን ንፋስን እናተሳቐየ ኣብ ኬንዳ ኣፀሊሉ እዩ ዘሎ። ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዝርከብ ህዝብና ሐዚ እውን ይመውት እዩ ዘሎ።

ካብ ካልኦት ዝተውሃበካ ኣጀንዳ ተቐቢልካ ኣብ ልዕሊ ህዝብኻ ዝፍፀም ክሕደት ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። ታሪኽ እውን ከምዘምህረና ካብ ማእኸል ዓዲ ንትግራይ ዝወሃብ ኣጀንዳ ፈፂሙ ንህዝቢ ትግራይ ረቢሑ ኣይፈልጥን። ፅገም ህዝቢ ትግራይ ዝፍታሕ ኣብ ትግራይ ብዝቦቕል ሓሳብ ጥራሕ እዩ። ካብዚ ብዝዘለለ እቲ ዋሕስ ህዝቢ ዝኾነ ረዚን ዋጋ ዝኸፈለ ጅግና ሰራዊት ትግራይ ስም ብምጥፋእ ኣዴታት ብምንሻው ዝርከብ ረብሓ የለን። ምእንተ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ኣካሎም ዝሰኣኑ ጀጋኑና ስኣን መሐከሚ ኣብ ማእኸላት ሕክምና እናተሳቐዩ እናሃለዩ ወፍሪ ፀለመ ምክያድ ነውሪ እዩ ጠጠው ኢልና ክንሓስብ ይግባእ። ጠጠው ኢልና ምሕሳብ ምስትውዓል እንተጀሚርና ናብ ንቡር እንምለሰሉ ዕድል ሐዚ እውን ሰፊሕ እዩ። እዚ ጅግና ሰራዊት እዚ፣ እዚ ህዝቢ እዚ ምስ ብዙሓት ዘራያት ገጢሙ ዘይተሰዓረ፣ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዓለምና ኣብ ጉዳይ ትግራይ 15 ግዜ ክእከብ ዝገበረ ሓያል ህዝብን መሪሕነትን እዩ። ኣብዚ ሐዚ በፂሕካ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ እተቃልለሉ ኩነታት ምርኣይ እሞ ድማ ኣብ ጎንኻ ብዝነበሩ መራሕቲ መሕዘኒ ፍፃመ እዩ።

ወይን፡- እቲ ተፈጢሩ ዝፀንሐ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ንሽሙ ንሕንሕ ስልጣን ዘበገሶ እናተብሃለ እንተፀንሐ እኳ ብተግባር ናብ ብሄራዊ ክሕደት ተሰጋጊሩ ደንበ ዝተፈለየሉ ኩነታት ይረአ ኣሎ እሞ እዚ ዝፈጥሮ ምኽንያት እንታይ እዩ? ሳዕቤናቱኸ?

ተጋዳላይ ተስፋይ፡- እቲ ዝተፈጠረ ኣፈላላይ ፈለማ ኩሉ ሰብ ንሕንሕ ስልጣን ፖለቲካ ዘበገሶ እዩ ዝመስሎ ነይሩ። ግዜ እናወሰኸ ምስ ከደ ግን እቲ ኣፈላላይ ደንበ ዝፈልይሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ። እቲ ዝተፈጠረ ኣፈላላይ ድሌትን ባህግን ህዝቢ ትግራይ መሰረት ዘይገበረ እዩ። ከይዱ ከይዱ እውን ክሳብ ፖለቲካዊ ውድብ ምጥያሽ እዩ ተኣትዩ። ትማሊ ብሓደ ኮይንካ እናሰራሕኻ እናወሰንካ መፂእኻ ኣብዚ ሐዚ ንዓርስኻ ፃዲቕ፣ ነቲ ካሊእ “ሃጥእ” ክትገብር ምፍታን ይትረፍ ነቲ ውህሉል ተሞክሮ ዘለዎ ውድብ ከምውልቀ ሰብ እውን ክሕደት እዩ ተፈፂሙ። ህዝቢ ትግራይ ንመሪሕነቱ በዚ ደረጃ እዚ ኣይኮነን ይፅበ ነይሩ። ክንዲ ድላዩ ኣፈላላይ ይሃሉ ኣብ ማእኸል ኮይኑ ክዳኒ ዝኽእል ንዝኾነ ዘይፈርሕ ዘይስከፍ ህዝቢ ሒዝካ በዚ ደረጃ እዚ ክኸይድ ኣይግባእን። ካብዚ ብዝዘለለ ከይዱ ከይዱ ናብ ኢድ ብልፅግና ዝተወደቐሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ። ብመንፅር እዚ እቲ ኣፈላላይ ስልጣን ዘበገሶ ኣፈላላይ ዘይኮነስ ናይ ኣተሓሳስባ ናይ ደምበ ኣፈላላይ እዩ። ነዚ ዘርእየና ትማሊ ኩናት ኣይንደልን ሰላም ኢና ንደሊ እናተብሃለ ፀኒሑ ኣብዚ ሐዚ ነቶም ንህልውና ህዝቦም ረዚን ዋጋ ዝኸፈሉ መናእሰይ መሊስካ ናብ ኩናት ንምእታው “ናብ ሓራ መሬት ውፁ” እናተብሃሉ ይጉስጎሱ ኣለው። ሓራ መሬትማ ሰላም ፈጢርካ ኣብ ገዛኻ ምስ ህዝብኻ እትነብረሉ እምበር ሎሚ ሊጋልግ መናእሰይ ናብ ኩናት ዓዲምካ ንብፃይካ ክትወግእ ምድላይ ናይ መወዳእታ ክሕደትን ኣንፃር ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ምስላፍን እዩ። እዚ ባህጊ እዚ መቐፀልታ ናይቶም መሊኦም ከፅንቱና ዝደልዩ ሓይልታት እዩ።

ናብ ገፅ 9 ይዘውር



ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ግምባር ጥዕና

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ናብ ትግበራ ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ንውፈር!

ቅድሚ ኲናት ፅንተት ኣብ ዝነበሩ 27 ዓመታት ጥዕና ሕብረተሰብ ንምሕላውን መፍረያይ ዜጋ ንምፍጣርን ዕላማ ገይሩ ዝተቐረፀ ስርዓት ጥዕና ትግራይ፤ ኲለመዳይ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምትግባር ዓበይቲ ለውጥታት ተመዝጊቦም ነይሮም እዮም። ንኣብነት፣ ሕማም ዓሶ ኣብ ምክልኻል፣ ምቁፅፃርን ምውጋድን ይስርሑ ብዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ፅርየት ገዛ ንገዛን ከባብን፣ ምዕዳል ዛንዜራ፣ ነፀጋ ኬሚካልን ካልኦትን ዝርግሐ ሕማም ዓሶ ናብ ዝተሓተ ብርኪ ወሪዱ ነይሩ። ካብዚ ሓሊፉ በቲ ሕማም ንዝተጠቕዑ ወገናት እኹል ግልጋሎት ሕክምና ይወሃቦም ብምንባሩ ብለበዳ ዝጋፈሑሉ ዕድል ካብ ምቕናስ ሓሊፉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ናይ ምምሕልላፍ ከይዲ ብጣዕሚ ትሑት ክኸውን ገይርዎ እዩ።

ናይዚ መርኣያ ኣብ 2008 ዓ.ም ኣብ መላእ ትግራይ ብዝነበረ ለበዳ ሕማም ዓሶ 229 ሽሕን 579 ሰብ በቲ ሕማም ዝተትሓዘ እንትኸውን ኣብ 2010 ዓ/ም ናብ 173 ሽሕን 738 (24 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ) ቐኒሱ ነይሩ። ከምኡ እውን ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 153 ሽሕ (13 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ወሪዱ እዩ። ብድምር ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ለበዳ ሕማም ዓሶ ኣብ ትግራይ ብ40 ሚኢታዊ ብምንካይ በቲ ሕማም ዝበፅሕ ሞት ካብ ሚኢቲ ሽሕ ናብ ትሕቲ ሓደ ሚኢታዊ ንምብፃሕ ተኻኢሉ ከምዝነበረ ካብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዝረኸብናዮ መረዳእታ የመላኽት።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዓለምና ተፈጢሩን ይፍጠርን ብዘሎ ምውሳኽ ዋዒ ከባቢ ኣየር ንምርባሕ ጣንጡ ምቹው ባይታ ፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት ፅንተት፣ ምምዝባልን ጥምየትን ተወሲኽዎ ድማ ሕማም ዓሶ ብዝለዓለ መልክዑ ክላበድ ገይርዎ። ኣብ ክሊ እዚ ብምኽንያት ኲናት ፅንተት ዝተመዛበለ ህዝቢ ኣብ ሓደ ተዳጒኑ ፈቐዶ በረኻ ክነብር ተገዲዱ ኣሎ።ካብዚ ብተወሳኺ እኹል ቀረብ ዛንዜራን መድሓኒትን ብዘይምህላዉ ሕብረተሰብና ሜላታት መከላኸሊ ክጥቀምን ብእዋኑ ግልጋሎት ሕክምና ክረክብን ኣይከኣለን። እተን ዝርካበን ዝተዓደልኦ ዛንዜራ እውን ብኣግባቡ ኣብ ምጥቃም ጉድለት ከምዘሎ ኪኢላ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣይተ ተሾመ ኣለምሰገድ የረድኡ።

ቅድሚ ወራር ፅንተት ምፍፃሙ ለበዳ ሕማም ዓሶ ተራእዩ እንተተብሃለ ካብ ወርሒ መስከረም ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ዘሎ ወቕቲ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ብሰንኪ እቲ ኲናትን ንሱ ዝፈጠሮም ሳዕቤናትን ከምኡ እውን ለውጢ ኲነታት ኣየር ዓለምና ተወሲኽዎ ምሉእ ዓመት ለበዳ ሕማም ዓሶ ዝርኣየሉ ኲነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ንኣብነት፣ ከባቢታት ከተማ መቐለ ቅድም ክብል ኣብ ዓመት ሓደ ወይ ክልተ ሰባት ብሕማም ዓሶ ተጠቒዖም ዝርከብሉ ኲነታት ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ፍልይ ብዝበለ ኣብ ክፍለ ከተማታት ዓይደርን ሰሜንን እቲ ሕማም ብመልክዕ ለበዳ እናተርአየ እዩ።ናይዚ ለበዳ እዚ ቀንዲ ምኽንያት ሓደ፣ ብዓሶ ዝሓመሙ ወገናት ብሰንኪ ስእነት መድሓኒትን መመርመሪ ናውትን ኣብ እዋኖም ግልጋሎት ሕክምና ዘይምርካቦም እዩ። ካልኣይ፣ በቢዓመቱ ክትግበር ዝግብኦ ነፀጋ ኬሚካልን ዕደላ ዛንዜራን ንዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣይነበረን፤ ወይ ድማ በቲ ዝድለ መጠን ኣይተዓደለን። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ቅድመ ምክልኻል ዝስርሑ ዝነበሩ ፅቡቓት ስራሕቲ ምዕባይ ግንዛበ፣ ምድፋን ዝዓቖሩ ማያትን ካልኦትን ብምኽንያት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወረደ ኲለመዳይ ማህሰይቲ ለበዳ ሕማም ዓሶ ክሰፍሕ ምኽንያት ይኸውን ከምዘሎ ይገልፁ፡፡

ዝርካባ ሜላ መከላኸሊ ብኣግባቡ ብምትግባር ሕማም ዓሶ ንከላኸል

ኣብ በጀት ዓመት 2017 ዓ/ም ክሳብ ወርሒ ግንቦት ኣብ ዘለዉ 10 ኣዋርሕ ከም ትግራይ (ኣብተን ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘለዋ ካበቢታት) ምልክታት ዝተርኣይዎምን በቲ ሕማም ዝተጠቕዑን ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ግልጋሎት ሕክምና ክረክብ ተገይሩ እዩ። ካብዚ እቲ 170 ሽሕ ኣብ ብጣዕሚ ዝኸፍአ ዝርግሐ ዘለወን 20 ወረዳታት ይርከብ። ብዋናነት ድማ ወረዳታት ኣሰገደ፣ ቀይሕ ተኸሊ፣ እንዳባፃሕማ፣ ታሕታይ ማይጨው፣ ማይ ቅነጣል፣ ዓዴት፣ ማእኸል ኣድያቦ፣ ራያ ኣላማጣ፣ ቆላ ተምቤን፣ ናዕዴር፣ ጭላ፣ ኣበርገለ፣ ታሕታይ ቆራሮ፣ ላዕላይ ቆራሮ፣ ታሕታይ ኣድያቦ፣ ከተማ ሽረ፣ ዛና፣ ከተማ ሽራሮ፣ ፅምብላን ሓውዜንን ብቕደም ሰዓበን ዝተቐመጣ እየን። ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ፀብፃብ ድማ ብሕማም ዓሶ ተታሒዞም እናሃለዉ ቀልጢፎም ሕክምና ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም ኣብ ትካላት ጥዕናን ኣብ ገዛን 21 ወገናት ሞይቶም እዮም።

ለበዳ ሕማም ዓሶ ብስፍሓት ዝርአየሉ ድሕሪ ዝናብ ክረምቲ እኳ እንተኾነ ኣብ ምክልኻሉ ግና ከቢድ ምድላው ዘድልዮ ኣብ ምእታው ክራማት እዩ። ብፍላይ ካብ እዋን መስከረም ጀሚሩ ዝናብ ጠጠው እንተብል ንተኸታተልቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ብርክት ዝበላ ከባቢታት ትግራይ ዕስለ ጣንጡ ዝርኣያሉ፣ በዝሒ ሕሙም ዝኸሰተሉ ግዜ እዩ። ሕብረተሰብ እውን ብዝተፈላለየ መልክዕ ምስ ቀውዕን ካልኦት ስራሕትን ተተሓሒዙ ዝንቀሳቐሰሉን ናብ ሓደ ከባቢ ዝእከበሉን እዋን ምስቲ ምኳኑ እዚ ዝርግሐ ሕማም ዓሶ ብመልክዕ ለበዳ ዝርአየሉ እዋን ምኳኑ ምርዳእ ከድሊ እዩ።

ብመሰረት እዚ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብምኳን ኣብ ቅድመ ምክልኻል ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ንፁር ትልሚ ብምድላው ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። እቶም ቅድመ ምድላዋት ካብ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክሳብ ፍርቂ ሓምለ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዘ ትርር ዝበለ ስራሕቲ ምክልኻል ምስራሕ ትፅቢት ይግበር። ብዋናነት ነፀጋ ኬሚካል ፀረ ጣንጡን ዕደላ ዛንዜራን ቅድሚ ክረምቲ ምእታዉ ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት እዮም።ካብዚ ብተወሳኺ ሕብረተሰብ ብምልዕዓል ከባብያዊ ፅርየት ብስፍሓት ብምክያድ ቀንዲ መራብሒ ጣንጡ ዝኾኑ ዕቋር ማያትን ጀቕጀቓትን ምድፋን ግድን ይኸውን። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ብሕማም ዓሶ ዝተትሓዘ ሰብ ናይ ምሕካም ስራሕ ብምሉእነት ክካየድ ምግባር ኣብ ምዕጋት ለበዳ እቲ ሕማም ዝለዓለ ፋይዳ ኣለዎ፡፡

ብመንፅር እቲ ትልሚ ክሳብ ፍርቂ ሰነ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ነፀጋ ኬሚካል ክካየድ እዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር። ብተመሳሳሊ ዛንዜራ እውን ኣብ ሰለስተ ዓመት ክትካእ ስለዝግብኦ ሓዱሽ ዕደላ ክካየድ ኣለዎ። ዋላ እኳ ብውሱን መልክዑ ኣብ 2015፣ ከምኡ እውን 2016 ዓ/ም ዝተዓደለ ዛንዜራ እንተሃለወ እቲ ዝበዝሐ ሕብረተሰብ ኣብ 2012 ዓ/ም ዝተዓደሎን ግልጋሎት እዋኑ ዝሓለፎን እዩ። እዚ ድማ ምሉእ ብምሉእ ክትክአሉ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተመዛበለ፣ ብቑጠባዊ ዓቕሚ ዝተሃሰየ ህዝቢ ቁፅሩ ብዙሕ እዩ። ከምኡ እውን ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝዓነዋ ትካላት ጥዕና ዝተመዓራረያ ኣይኮናን። እዚ ደሚርካ ካብ ሰለስተ ነጥቢ ሓሙሽተ ክሳብ ኣርባዕተ ሚልዮን ዝግመት ህዝቢ ኣብ ስግኣት ሕማም ዓሶ ዝነብር እዩ። እንተነኣሰ ነቲ ሕማም ዓሶ ኣብ ዘጥቅዖ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ብምፍላይ ለበዳ ከይለዓል መተካእታ ዛንዜራ ክረክብ ኣለዎ፡፡

ይኹን እምበር ኣብ ኣፈፃፅማ እዞም ትልምታት ዘለዉ ተግባራት ብጣዕሚ ትሑታት እዮም። እቲ ቀንዲ ድኽመት ኣብ ቀረብ ዛንዜራን ኬሚካልን በቲ ቢሮ ጥዕና ዝጠለቦ ሚንስቴር ጥዕና ኢትዮጵያ ከቕርብ ዘይምኽኣሉ እዩ። ከም ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዝለዓለ ዝርገሐ ኣብ ዘለወን ልዕሊ 20 ወረዳታት ትግራይ ምሉእ ንምሉእ ነፀጋ ኬሚካል ፀረ ጣንጡ ንምክያድ ትልሚ ዝተትሓዘ እንትኾን እቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ኢትዮጵያ ዝተውሃበ ግብረ መልሲ ግና ካብ ሓሙሽተ ወረዳ ንላዕሊ ዘንፅግ ከምዘይኮነ ኣይተ ተሾመ ይገልፁ። ኣብ ቀረብ ዛንዜራ እውን ብተመሳሳሊ ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ዛንዜራ ብምጥላብ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ ኣብ ዘሎ እዋን ንምዕዳል ትልሚ ብምድላው ንሚኒስተር ጥዕና ኢትዮጵያ ተሓቲቱ እዩ። ናይዚ ኣፈፃፅማ እውን ኣብዚ እቶ ዝበሃል ኣይኮነን። ክሳብ ሐዚ ከባቢ 65,600 ዛንዜራ ጥራሕ እየን መፅኤን ዘለዋ። እዚ ማለት ካብቲ ዝተዳለወ ትልሚ ብሓሙሽተ ዕፅፊ ዝቐነሰ እዩ። እዚ ቀረብ ዋላ እኳ "ብብርኪ ሃገር ዋሕዲ ኣሎ እዩ" ዝበሃል እንተኾነ ኣብ እዋን ወራር ፅንተት ይኹን ድሕሪኡ ንኣሰታት ሓሙሽተ ዓመት ህዝቢ ትግራይ እዚ ዝበሃል ነፀጋ ኬሚካልን ዕደላ ዛንዜራን ኣይረኸበን። ከምዚ ዝበለ ህዝቢ ምስ ካልኦት ክልላት ማዕረ ምምቓል ኢ-ሰብኣውነት ኣብ ልዕሊ ምኳኑ መቐፀልታ ፅንተት ተገይሩ ዝውሰድ እዩ፡፡

እቲ ሕፅረት ከምዘሎ ኮይኑ እተን ዝተረኸባ ውሱናት ኬሚካላት ኣብ ሓሙሽተ ወረዳታት ክሳብ 60 ሽሕ ዝኣኽላ መንበሪ ኣባይቲ ንምንፃግ ድማ ኣብ ምድላው ይርከብ። ቀረብ ኬሚካልን ዛንዜራን ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝጠለቦ ትሕቲ 20 ሚኢታዊ ከምዝመፀ ብምርዳእ ድማ ኣብ ምክልኻል እቲ ሕማም ኣብ ኢድና ዘለዉ ሜላታት ምጥቃም የድሊ። ሕብረተሰብና ካብ ሕማምን ሞትን ንምድሓን እታ ብዋናነት ክትግበር ዘለዋ ህዝብኻ ኣለዓዒልካ ክትስርሖላ ትግባእ ዓባይ ስራሕ ፅሬት ከባቢ ምሕላው እያ። ሕብረተሰብ ኣለዓዒልካን ወዲብካን ናይ ከባቢኡ ፅሬት ክሕሉ፣ ጣንጡ ዝፈርያሉ ጀቕጀቓት ብኣጋ ምድፋን ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ።

ብመሰረት እዚ እውን ሰፋሕቲ ናይ ህዝቢ ምልዕዓላት ተጀሚሮም ኣለዉ። ንኣብነት፣ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስ "ሳን ራይዝ ኢትዮጵያ" ዝበሃል ትካል ገባሪ ሰናይ ብምትሕብባር ኣብ 16 ወረዳታት ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ተምሃሮ ግንዛበ ብምፍጣር ቤተሰቦም ከምህሩን ክልውጡን ዝኽእል ስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ ኣብ 11 ወረዳታት ገዛ ንገዛ ብምኻድን ኣብ 19 ትካላት ድማ መድረኻት ብምፍጣርን ፀቕጢ ዝርገሐ ሕማም ዓሶ ንምቕናስ ዝኽእል ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ከምኡ እውን ምልክት ሕማም ዓሶ ዘለዎም ወገናት ብምልላይ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ እናተገበረ ፀኒሑን ኣሎን። በዚ ኣቢልካ ሕማም ዓሶ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፈሉ ኲነታት ምቕናስ ከምዝከኣል ኣይተ ተሾመ ይገልፁ፡፡

ብኻልእ መዳይ ኣብ ቀረብ መድሓኒት ዘሎ ኲነታት እንትንርኢ ከምኒ "ፕሪማኲልን" "ክሎሮኪንን" ዝበሃሉ ዓይነታት ብዉሱን መልክዑ ካብ ዘሎ ሕፅረት ወፃኢ እዚ ዝበሃል ጉድለት የለን። ንቐፃሊ ሰለስተ ወርሒ ዝኸውን እኹል መድሓኒት ኣብ ሕድሕድ ትካላት ጥዕና ክዳለው ተገይሩ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ኣቕርቦት መድሓኒት ብፍሉይ ይስርሐሉ ከምዘሎን ምርዳእ ይከኣል። እዚ ድማ ብሕማም ዓሶ ዝተትሓዘ ሰብ ብቕልጡፍ ሕክምና ክረክብ፣ ካብ ሞትን ናብ ካልእ ሰብ ካብ ምምሕልላፍን ዝዓግት ምኳኑ የረድኡ።

ብድምር ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስ ሚኒስተር ጥዕና ኢትዮጵያን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምውዳድ ቀረብ መድሓኒትን እታዎታት ሜላ መከላኸልን ኣብ ምፍታሕ ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ክሰርሕ ይግባእ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ እናተገለፀ ዝመፀ ኣብ ቀረብ ኬሚካልን ዛንዜራን ዘሎ ጠለብ ኣብዚ እቶ ዝበሃል ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብ ዝተመዛበለ ህዝብና ዝበፅሕ ዘሎ ሕማምን ሞትን ዝኸፍአ እዩ። ኣብ እዋን ክረምቲ ብማይን ውሕጅን ክረምቲ እንትወፅእ ድማ ብሕማም ዓሶ ዝበፅሖ ዘሎ ጉድኣት ዝለዓለ ይገብሮ። ስለዚ ኣብ መላእ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ማእኸላት መዕቖቢ ተዳጒኑ ክነብር ዝተገደደ ህዝብና ፍሉይ ትኹረት ሂብና ክንሰርሕ ይግባእ። ሕብረተሰብ ብቕሊሉ ከተግብሮም ዝግብኦ ስልትታት መወገዲ ሕማም ዓሶ ብምሉእነት ብምትግባር ክበፅሕ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ኣቕዲምካ ምክልኻል ግድን ይኸውን። እዚ እንተዘይገይርና ኣብ መፃኢ መስከረም ደጊፍና ዘይንድሕኖ ሓደጋ ሕማም ዓሶ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ከምዘሎ ዝምልከቶ ኣካል ኩሉ ክፈልጦ ኣለዎ። ስለዚ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላትን መሓውር መንግስትን ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ ሉዑል ደገፍን ጠመተን ክገብሩን ኣብ ምክልኻል እቲ ለበዳ ክረባረቡን ይግባእ ንብል።

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሕውየት ኮሌጃት - ንሕውየት ሕርሻ

መፈረያይነት ዓውደ ሕርሻ ትግራይ ንምዝማን ኮሌጃት ሕርሻ ትግራይ ኣብ ምትእትታውን ምጥቃምን ቴክኖሎጂ ሕርሻ፣ ኣብ ምምሕያሽን ምስግጋርን ስራሕቲ ሕርሻን ሓረስታይ ልዑል ርብርብ እናገባራ ፀኒሐን እየን። እዚ ንምግባር ንሓረስታይ ብሞያን ክእለትን ዝድግፍ በዓል ሞያ ሕርሻ ኣብ ምምሃርን ምፍራይን ከምኡ እውን እቲ ሓረስታይ እታዎታት ክጠልብን መፍረያይነቱ ከዕብን ዘኽእል ተግባር ተኮር ስልጠና ብምሃብ ይጅምር፡፡ በዚ ኣቢሉ ኣብ ትግራይ ማእኸላይን ላዕለዋይን ሃፍቲ ዝወነነ ሓረስታይ ክህሉን ዝተመሓየሸ ሕርሻን ክረጋገፅ ኣኽኢለን እየን። ካብተን ኣብ ምፍራይ በዓል ሞያ ምዝማን ሕርሻን ምምሕያሽ መፍረያይነትን ልዑል ኣበርክቶ ዘለወን ኮሌጃት ሕርሻ ድማ ኮሌጅ ሕርሻ ውቅሮ ሓንቲ እያ። ኮሌጅ ሕርሻ ውቅሮ ብ1994ዓ.ም ዝተመስረተት ኮይና ኣብቲ እዋን ብብርኪ ፌደራል ካብ ዝነበራ 25 ኮሌጃት ሰሕርሻ ሓንቲ እያ። ዕላማ እቲ ኮሌጅ ብሕርሻ ዝሰልጠነ በዓል ሞያ ብምፍራይ ሕፅረት በዓል ሞያ ሕርሻ ንምምላእ ዝዓለመ እዩ።በዚ ድማ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ክሳብ 2000 ዓ.ም ብብርኪ ዲፕሎማ ብሞያ ሃፍቲ እንስሳ፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን ስነ ዝራእትን ትምህርትን ስልጠናን እናሃበ ፀኒሑ። ካብ 2001 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ድማ ሓድሽ ስትራተጂ ቴክኒክን ሞያን ቀሪፁ ክፍተትን ድሌትን ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ሞያ ሕርሻ ክሳብ ደረጃ ሓሙሽተ ብዲግሪ መርሃ ግብሪ ብመደበኛን ሓፀርቲ ስልጠናን እናሃበ ይርከብ። ብዋናነት ድማ ብጥዕና ሃፍቲ እንስሳ፣ ኣግሮ ፕሮሰሲን (እፅዋት ሳይንስ) ስራሕቲ ፀባን ውፅኢት ፀባን፣ ንህቢ፣ መስኖን ካልኦት ሞያታት ሕርሻን ብሰፊሑ ምምሃርን ምስልጣንን ቀፂሉ እዩ።በዚ ድማ እቲ ኮሌጅ ክሳብ ሐዚ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ተምሃሮ ብመደበኛ ስልጠና ልዕሊ 45 ሽሕ ሓረስቶትን ከምኡ እውን ኣብ ከተማ ሕርሻ ብምህጣር እንስሳ፣ ምርባሕ ደርሁ ምፍራይ ፀባን ካልኦት ሞያን ቴክኖሎጅን ናይ ስራሕ ፈጣራይነት ዝተዋፈሩ ሓፀርቲ ስልጠናታት ኣሰልጢኑን ብዙሓት ሰብ ሞያ ዘፍረየ ምኳኑ ዲን ኮሌጅ ሕርሻ ውቕሮ መምህር ኣሸናፊ ሓጎስ ይገልፁ። ይኹን እምበር በቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኵናት ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን እቲ ኮሌጅ ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመት ኣቛሪፁን ልዕሊ ሰለስተ ሚኢቲ ምልዮን ብር ዝግመት ናውቲ ድማ ብፀላእቲ ከም ዝተወረረን ዝዓነወን መምምህር ኣሸናፊ ይሕብሩ። ብፍላይ መሕረሲ ትራክተራት፣ ዎርክሾፓት፣ ማሸናት፣ ግልጋሎት ዝህባ መኻይን ካልኦት ናውቲ ስልጠናን ብቀሊሉ ብዘይትክእሉ ኩነታት ዓንዮም እዮም። በዚ ድማ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን እቲ ኮሌጅ ኣብ ምቕፃል ፈተንቲ ፀገማት እናጋጠምዎ እዮም። ካብኣቶም ሓደ መሕረሲ ማሸናት (ትራክተራት) ብዘይ ምህላዉ እቶም ተምሃሮ ዝለማመድሉን ዝስልጥንሉን ናውቲ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። በዚ እውን እቲ ኮሌጅ ብዘበናዊ ማሕረስ ዝበቐዐ ሓረስታይ ንከየፍሪ ዓብዪ ማሕንቖ ኮይኑዎ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ብሰንኪ ብስእነት ግልጋሎት መጉዓዝያ (ሰርቪስ) ተምሃሮ ኣብ ባይታ ወሪዶም ምስ ሓረስቶት ንምምሃርን ንምስልጣንን ከምኡ እውን ኣብ ካልኦት ኢንዳስትርታት ከይዶም ንምልምማድን ኣብ ፀገም ይርከቡ። ብዘይካ እዚ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ግቢ እኹል መስመራት ማይ ብዘይ ምህላዎም ኣብ መዓልታዊ ማይ ዘድልዮም ናይ ተግባር ሞያታት ምርባሕ እንስሳ፣ ምፍራይ ኣሕምልትን ፍራምረን ከቢድ ፀገምን ልዑል ሓገዝ ዝጠልብን ኩነታት ኣሎ።

እንተኾነ ግን ድሌትን ሓቦን ተምሃሮን መምህራንን ብምሓዝ ነቲ ዝተፈፀመ ዕንወት ዝምጥን ምድላው ኣብዘይነበረሉ እቲ ኮሌጅ ኣብ መፋርቕ 2016 ዓ.ም ልዕሊ 310 ነባራት ተምሃሮ ኣመዝጊቡ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ስልጠናን ነሓሰ 2016 ዓ.ም ዘመረቐ እንትኸውን ኣብ 2017 ዓ.ም እውን 800 ተምሃሮ ከሰልጠን ትልሚ ሒዙ ልዕሊ ኣርባዕተ ምኢቲ ሓደሽቲ ተምሃሮ ተቀቢሉ በቶም ዝነበሩ ሞያታት ብጥዕና ሃፍቲ እንስሳ፣ ኣግሮ ፕሮሰሲን (እፅዋት ሳይንስ) ስራሕቲ ፀባን ውፅኢት ፀባን፣ ንህቢ፣ መስኖን ተወሰኽቲ ሞያታት ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን መካናይዜሽንን ኣተኣታትዩ ትምህርትን ስልጠናን እናቐፀለ ይርከብ። እቲ ኮሌጅ ብዝተኸኣለ መጠን ከይዲ ምምሃር

ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ውቕሮ ብሓይሊ ፀሓይ (ሶላር) ዝለምዕ መስኖ ዑደት እንትግበረሉ

ምስትምሃር ንምስላጥ፣ ስራሕ ምክያድን ሓደሽቲ ቴክኖሎጅታትን ንምትእትታው ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምርድዳእ ፕሮጀክት እናቀረፀ ሓገዝ ዝረኽበሉ ኩነታት የጣጥሕ ኣሎ።ንኣብነት ብትካል ገባሪ ሰናይ ሆፕ፣ ኤስኤንቢን ጂኣይዜድን ዝተበሃሉ ዘይመንግስታዊ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ነንሕድሕዶም ካብ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ምልየን ብር ክሳብ ሓሙሽተ ምልየን ብር ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ እቲ ኮሌጅ ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም እዮም። ብተወሳኺ ሕርሻ ትግራይ ንምዝማን ብሓይሊ ፀሓይ ዝለምዕ መስኖ ኣብ ሓረስቶት ንምትእትታው ምስ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምትሕብባር ኣብቲ ግቢ ዓብይ ሶላር ተኺሉ መስኖ ብሓይሊ ፀሓይ ምልማዕ ከም ዝከኣል ካብ ኩለን ወረዳታትንን ጣብያታት ዝተወከሉ ሓረስቶት እቲ ዞባ ብተግባር ክርእዩን ግንዛበ ክህልዎምን እናሰርሐ ይርከብ። ብሞያ ሃፍቲ እንስሳ ተምሃሮ ቀዳማይ ዓመት ዝኾኑ ተምሃሪት ንግስቲ ገብረመድህንን ተምሃራይ ሽምባሕረ ሓጎስን በቲ ፅንተታዊ ኵናት ዝበፀሖም ኢኮኖምያውን ስነልቦናውን ሃሰያ ከይተሰኮኑ ንዝሓሸ መፃኢ ብሩህ ተስፋ ሒዞም ይምሃሩ ከም ዘለዉ ይገልፁ። ስለዝኾነ ትምህርቶም ብኣግባቡ ከም ዝመሃሩን ኣብ ምፍራይን ምስሳንን እንስሳት ትግራይ ኣበርክቶ ከም ዝህልዎምን የረድኡ።

ብድምር ኮሌጅ ሕርሻ ውቅሮ ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ብመደበኛን ሓፀርትን ስልጠናታት ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቕፀሩ መናእሰይ ብምያታት ሕርሻ ክበቕዑ፣ ኣብ ምምሕያሽን ምልዋጥን ሕርሻን ፍርያትን ናይ ኣምበሳ ግደ ካብ ዝተፃወታ ኮሌጃት ሕርሻ ትግራይ ሓንቲ እያ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብዝህቦም ስልጠናታት ብዓቕምን ሓይሊ ሰብን እዋኑ ዝጠልቦም ክእለትን ሰብሞያን ኣብ ምፍራይ ኮነ ቴክኖሎጂ ኣብ ምስግጋር ብዕቱብ እናሰርሐ እውን ፀኒሑ።ሐዚ እውን በቲ ዘጋጠሞ ከቢድ ወራርን ዕንወት ከይተሰኮነ ኣብ ሕውየትን ስግግር ሕርሻ ትግራይ ክንዲ ዝከኣሎ ንምስዳር ግዚኡ ዝጠልቦም ቴክኖሎጅታት ከታኣታቱዉ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ብቑዕ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን እናሳለጠ ይርከብ። እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ሕውየትን ምዝማንን ሕርሻ ትግራይ ብስሉጥ ንምርግጋፅ ግና ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ግደ መንግስቲ፣ ኣመራርሓ ኣብያተ ዕዮታት ሕርሻን መላእ ማሕበረሰብን ተረባሪቡ ክዓሞን ህዝቢ ብምግቢ ዓርሰ ውሕስኡ ክረጋገፅን ዝኽእሉ ስራሕቲ ኣብ ምውጋን ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎም ይግባእ።

ፀገም ህዝቢ ትግራይ ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

ብኩናት ዘይከኣልዎ ህዝቢ ሓድነቱ ሸርሺሮም ዓርስና ንዓርስና ኣባሊዖም መሪሕነት ኣስኢኖም ከምቲ ዝብልዎ ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፅ መሬት ምጥፋእ እዩ። እዞም ፀላእቲ ኣጀንደኦም ብግልፂ እናተዛረቡና መፂኦም እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክፈሱ ይጉስጉስ ኣሎ። ኣብዚ ምስትውዓል ዘድሊ ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ሃፍቶም ጥሪቶም ዘሪፍካ ጥራሕ ኢዶም ንምስዳድ ኣጀንዳ ከምዘለዎም ዓርሶም ይዛረቡ ኣለው። ኣብታ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ጥሒላ ዘላ ሃገር ዝነበሩ ላዕለዎት ኣመራርሓ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኸፈተ ኩናት ትክክል ኣይነበረን፣ ዓዲ የፍርስ ኣሎ ተጋጊና እናበሉ ናብዚ ደንበ እዚ ምእታዎም ዓብዩ ክሕደት እዩ። እዚ ዝኸድዎ ዘለው ኣካያይዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተት ንምህሳስ ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ከይረከብ ናብ መረበቱ ከይምለስ ኮነ ኢልካ ዝግበር ዘሎ ሽርሒ እዩ። ትማሊ ብኣንደበቶም ሃገረ ትግራይ ንምግባር ኢና ንቃለስ ኣለና" ዝበሉ ሰባት ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ዘርኢ ናይ ምፅናት ተግባር ከቃልሉ ክፍትኑ እንተለው ምርኣይ ዘሕዝን ተግባር እዩ።

ወይን፡- ኣብ መወዳእታ ተሕልፎ መልእኽቲ ተሃልዩ?

ተጋዳላይ ተስፉይ፡- ሐዚ እውን ፀላእትና ኣይደቀሱልናን። እዚ ሓደጋ እዚ ከምዘሎ ትግራዋይ ኮይንካ ምሕሳብ እንተጀሚርካ እቲ ዝመፅእ ዘሎ ሓደጋ ቁልጭ ኢሉ እዩ ዝረኣየካ። ሐዚ ብዘለናሉ ብርኪ ትግራዋይነት ምምሳል ዘይኮነስ ትግራዋይ ኮይንካ ምግናይ እዩ ዘድሊ። መከላኸሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ይእተው ክሳብ ምባል እዩ ተኻይዱ ዘሎ። ሐዚ እውን ሕልሚ ፀላእትና ኣብዚ ከባቢ እዚ ሰላም ከይፍጠር ዓርስና ንዓርስና እናተዋጋእና ክንነብር እዩ ዝድለ ዘሎ። ኣብዚ ቐጠና እዚ ኩናት እንተተወሊዑ ድማ ኣጀንዳ ትግራይ፣ ኣጀንዳ ሉኣላውነትን ፍትሕን ክጠፍእ እዩ ዝድለ ዘሎ። እዚ ሓደጋ እዚ ከይመፅእ ከም ትግራዋይ ምሕሳብ የድሊ። ሐዚ እውን ባህጊ ፀላእትና ሓድነትና ሸርሺሮም ፈላልዮም ንምውቃዕ እዮም ዝሰርሑ ዘለው። ሕማምካን ቁስልካን ረሲዕኻ ምእንተ ካልኦት ሕማምን ቁስልን ተገዲስካ ምስራሕ ክሕደት እዩ።

ዘለናሉ ፈታኒ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዘይተናገፈሉ እዋን ብከባቢያውነትን ህርፋን ስልጣንን ህዝቢ ክብትኑ፣ ሰላም ክዘርጉ ላሕ ዝብሉ፤ ህዝቢ ዝሃቦም ሓላፍነት ንጕኒ ገዲፎም ኣብ ውልቀ ረብሐኦም ዝጓየዩ መሪሕነት ምርኣይ ኣዝዩ መነወርን ፅያፍ ተግባርን ከምዝኾነ ግልፂ ገይሩ።

ተጋዳላይ ተስፉይ ብተወሳኺ፤ ትማሊ ህዝቢ ትግራይ ካብዝኣተዎ ፈተና ንምውፃእ ሓቢርካ እናተቓለስካን እናቃለስካን ፀኒሕኻ ሳላ መስዋእትነት ጀጋኑ ቑሩብ ንፉስ ሰላም ምስተረኸበ ፀገም ህዝብኻ ዘንጊዕኻ ናብ ውልቀ ረብሓኻን ስልጣንካን ምጉያይ ብከባብያውነት ተሸሚምካ ህፃናት መናእሰይ ናብ ብፆቶም ክትኩሱ "ናብ ሓራ መሬት ውፁ" እናበልካ ምጉስጓስ ንህዝቢ ትግራይ ዘይምጥን ምስትውዓል ዝጎደሎ ተግባር ከምዝኾነ ብኣፅንኦት ገሊፁ።

"ሳዕቤንን ሓደጋን ኵናት ልዕሊ ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ኣፀቢቑ ዝርደኦ የለን" ዝበለ ተጋዳላይ ተስፉይ፤ ተመዛባላይ ህዝብና ብቑሪ፣ ፀሓይን ንፉስን ኣብ ኬንዳ ኣፅሊሉ ብሕማምን ጥምየትን ይመውት ኣብዘለሉ፣ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣስከሬኖም ብኽብሪ ኣብ ዘይዓረፈሉ፣ ስድራ ተጋደልትና ኣብ ፀገምን መከራን ኣብዘለውሉ እዋን ኮይንካ ትማሊ "ሰላም ኢና ንደሊ እናበልካ መፂእኻ ኣብዚ ሐዚ መንእሰይ ናብ ኵናት እተው፣ እናበልካ ጎስጓስ ህውከትን ኩናትን ምክያድን ኣጀንዳ ፀላእቲ ተቐቢልካ ምስራሕን ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ምንዋሕ እዩ ኢሉ።

ኩሉ ግዜ ካብ ማእኸል ዓዲ ንትግራይ ዝወሃብ ዝኾነ ይኹን ኣጀንዳ ብታሪኽ እውን ጠቒሙ ኣይፈልጥን ዝበለ ተጋዳላይ ተስፉይ፤ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዝፍታሕ ኣብ መሬት ትግራይ፣ ብህዝቢ ትግራይ ብዝቦቅል ሓሳብ ጥራሕ ከምዝኾነ ገሊፁ። ኣብዚ ክንዲ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ እንተተፈጠረ እውን ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘየቕድም፣ ክብርን ጀግንነትን ትግራዋይ ዘነኣስ ተግባር ክፍፀም የብሉን ብምባል እዚ ዝፍፅም ዝኾነ ይኹን ኣካል ድማ ካብ ተሓታትነት ታሪኽ ከምዘየምልጥ ኣፍሊጡ።

ቐፃሊ ዕፃ ህዝቢ ትግራይን ካብ ዝኣተናዮ ፈተና ንምውፃእ ክግበር ኣብ ዘለዎ ዛዕባን ኣመልኪቱ ዝተሓተተ ተጋዳላይ ተስፉይ፤ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኹሉን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓድነቱ፣ ኣብ ውዳበታቱ ክዓስልን ንሕመቓት ኣጥቢቑ ክቃለስን ከምዘለዎ ኣመላኺቱ፡፡ ይኹን እምበር እዛ ሃገር ኣይደልየካን እንተይላቶ ድማ ብሕጋውን ሕገ-መንግስታውን መንገዲ ህዘቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ መዋፅኦ መፍትሒ ሒዙ ክቃለስ ከምዘለዎ፤ ናብ መሪሕነት ዝመፅእ ኣካል እውን ቀንዲ ሽኻሉ ረብሓ ህዝቢ ዘረጋግፅ፣ ንጉሱ ህዝብን ህዝብን ጥራሕ ምኳኑ ኣሚኑ ዝሰርሕ ክኸውን ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቡ፡፡

ኣብ መወዳእታ፤ መዓልቲ ሰማእታት እንትነኽብር ሎሚ ንሕና ንኽንነብር ዝተኸፈለ ክቡር መስዋእቲ እናሓሰብና ክኸውን ከምዘለዎን ንጅግና እተኽብር ትግራይ ክትህልው፣ ትማሊ መእንተ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዋጋ ዝኸፈሉ ጀጋኑና ሕድሮም ብምፍፃም ኣብ ሕድሕድ ስራሕትና ሰማእታትና እናዘከርና ትግራይ ንቕድሚት እትስጉመሉ ባይታ ክመዓራረ፣ ኩሉ ትግራዋይ ኣብዝሃለወ ይሃሉ ዝከኣሎ ክገብር ከምዘለዎ ተጋዳላይ ተስፉይ ፃውዒቱ ኣመሓላሊፉ፡፡

ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይ እዩ!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ኣብ ቴክኖሎጂ ዝምስረት መፍረይነት

ኣብቲ ኤግዚቪሽን ካብ ዝቐረቡ ቴክኖሎጅታት ብኸፊል

ልምዓት ሕርሻ ውሕስነት ምግቢ ኣብ ምርግጋፅ፣ ቀፃልነት ንዘለዎ ተኸታታሊ ቁጠባዊ ዕብየት ሓንቲ ዓዲ ዝለዓለን ወሳንን ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ኣብ ሓፂር ግዜ ቁጠባዊ ዕብየት ኣብ ምምዝጋብ፣ ብምግቢ ዓርሰኻ ኣብ ምኽኣልን ካብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ዘናግፍን ከምዝኾነ ተመኩሮ ብርክት ዝበላ ዓድታት ዓለም ምርኣይ ይከኣል። ብመሰረት እዚ ትግራይ ቅድሚ ወራር ፅንተት ኣብ ዝነበሩ 27 ዓመታት ልምዓት ሕርሻ ዝመርሖ ፖሊሲ ኢንዱስትሪ ብምሕንፃፅ እትገብሮ ብዝነበረት ዝተዋደደ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኣብ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ህዝብና ዝለዓለ እጃም ነይርዎ። መፍረያይነት ሕርሻ ዝድረኽ ሓረስቶት ኣብ እዋን ክራማት ዝናብ መሰረት ገይሮም ዝዘርኡ ኣዝርእትን ስራሕቲ ልምዓት መስኖን ክሕግዙ ዝግብኦም ስራሕቲ ቅድመ ምድላው እንትካየደሎም እዩ፡፡

ብፍላይ ዕዳጋ ተኮር ዘፍርዩ ሓረስቶት ቁፅሮም ክውስኽ ብምግባር መፍረያይነት ሕርሻ ብምዕባይ፣ ውሕስና ምግቢ ዘረጋግፁ ስራሕቲ ምስራሕ ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂብዎም ክስርሑ ይግባእ። ስለዝኾነ መፍረያይነት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብምዕባይ ኣብቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ምህርትታት ትኹረት ብምግባር ኩታ ገጠም ስርዓት መፍረያይነት ክስፋሕፋሕ ምግባር የድሊ። ከምኡ እውን ፅርየትን ዝለዓለ መጠንን ዘለዎ ምህርቲ ንምእታው ኣብ መፍረያይነት ሕርሻ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ዘለዎም እታዎታት ሕርሻ ምጥቃም ግድን ይኸውን። ብመሰረት እዚ ኣብ ኣቕርቦት እታዎታትን ቴክኖሎጂታትን ዘሎ ክፍተት ብምምላእን ግንዛበ ሓረስታይ ብምዕባይን ተግባራዊ ምግባር ይግባእ። ብዋናነት ዘመናዊ እታዎታንን ቴክኖሎጂታትን ሕርሻ ምጥቃም ንጥፈታት ሕርሻ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክውገንን ፓኬጃት ሕርሻ ብኣግባቡንምጥቃምን ዕድል ይፈጥር። እዚ ድማ ምህርቲ ሕርሻ ብምስሳን፣ ጉልበት ሓረስታይ ኣብምቑጣብን ብኽነት ምህርቲ ንምክልኻልን ዝዓዘዘ ረብሓ ከምዘለዎ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዶክተር እያሱ ኣብርሃ የረድኡ፡፡

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ሓረስታይ ትግራይ ዝነበርዎ ክብርታት፣ ጥሪት፣ መሳርሒ ሕርሻኡን ዝቛፀረን ዝራእትን ከይተረፈ ተዘሚቱን ተቓፂሉን እዩ፡፡ ንኣብነት፣ ቅድሚ እቲ ኲናት ካብ ዝነበራ 2,119 ዝተፈላለያ ዓቕሚ ጉልበት ዘለወን ትራክተራት እተን 2,042 ብፀላእቲ ተወሲደን እየን። እተን ዝተረፋ 77 ትራክተራት እውን ዓቕሚ ዘይብለን ልዑል መለዋወጢ ዝጠልባን ጥራሕ እየን። ከምኡ እውን ንማሕረስ የገልግሉ ካብ ዝነበሩ ሓደ ነጥቢ ትሽዓተ ሚልዮን ኣብዑር 256 ሽሕ ጥራሕ ምትራፎም ድሕሪ እቲ ኲናት ዝተገበረ መፅናዕቲ ኣረጋጊፁ እዩ። ስለዚ ሓረስታይ ትግራይ ሰኣን ቀረብ ዘርኢ፣ መሕረስን ካልኦት እታዎታትን መሬቱ ዓይና፣ ዓይና እናረአየ ግዳይ ጥምየት ይኸውን ከምዘሎ ህልዊ ኩነታት ሓረስታይ ትግራይ የረጋግፅ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ድሕሪ እቲ ኲናት ዝኸሰቱ ዘለዉ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ማለት ወራር ዕስለ ኣምበጣን ካልኦት ባልዓትን፣ ምስ ክስተታት "ኢልኖ"ን "ላኒና"ን ተተሓሒዙ ዝፍጠር ዘሎ ዘይምዕሩይ መጠን ዝርግሐ ዝናብ ንተደጋጋሚ ድርቅን ጥምየትን የቃልዖ ኣሎ። ብዋናነት ድማ ብሚልዮን ዝቑፀር ህዝብና ካብ መረበቱን ሕርሻዊ ንጥፈታቱን ተመዛቢሉ ንተፀባይነት ተሳጢሑ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ እዚ ፍርቂ ግዝኣታዊ መሬት ትግራይ ኣብ ኢድ ወረርቲ ሓይልታት ብምህላዉ በብዓመቱ ዝርከብ ዝነበረ ፍርያት፣ መሬት ዘቢጡ እዩ። ብሓያል ፃዕርን ዝተዋደደ ዝራሕቲ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ንዝሓለፉ 29 ዓመታት ሓውዮም ዝነበሩ ጉህምታት፣ ዝተሰርሑ ትሕተ ቅርፅታትን ዝነበረ ሽፋን ደኒን ሃደሽደሽ ኢሉ ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዕሊ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ትግራዋይ ተመፅዋቲ ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ብድምር ኣብ ልዕሊ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዝበፅሐ ኩለመዳይ ዕንወት መግለፂ የብሉን። ሓረስታይን ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ዝነጥፉ ሰብ ሃፍትን ቕድሚ ዒስራ ሰላሳ ዓመታት ናብ ዝነበሩሉ ብርኪ ዝመለሰ ሃሰያ በፂሕዎም እዩ፡፡

ሓረስታይ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተነፃፃሪ ሰላም ብምርካቡ ብዘለዎ ዓቕምን ቀረብን ናብ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝተመለሰ እኳ እንተኾነ ሐዚ እውን ግና ሰፋሕቲ ሓጓፋት ኣለውዎ እዮም። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሓገዝ ሰብ ሞያን ኣስተምህሮን ዝረኸበለን ማእኸላት መሰልጠኒ ሓረስቶት ፈራሪሰን፣ እተን ዝተረፋ እንስሳ ዘሐክመለን ትካላት ክሊኒክ ዓንየን፣ ናይ ምግዛእ ዓቕሙ ተዳኺሙ እዩ፡፡

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣ ካብ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ጀሚሩ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብምዃን ነቶም ሓጓፋት ቀስ ብቐስ ንምፍታሕ ብዝተወደበ መንገዲ እናሰርሐ ይርከብ። ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣትይዎ ካብ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላውን ዓፀቦን ንኽወፅእ ንስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ከም ሓደ መስጋገሪ ምውሳድን መዋፅኦ ምፍጣርን የድሊ። ብመሰረት እዚ "ኣብ ትግራይ ፍርያት ክረምታዊ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብኣንፃር መንፈስ ግዜ የለን ኣብ መትከላዊ ዓርሰ ምርኮሳ ብምርብራብ ዝላ መፍረያይነት ነረጋግፅ!!" ብዝብል ቴማ ንምስራሕ ናብ ተግባር ከምዝተኣተወ ዶክተር እያሱ ይገልፁ፡፡

እቲ ቀዳማይ መዋፅኦ ካብ ዘለና ውህሉል ተመክሮ ተበጊስና ፀገማት ናብ ዕድል ብምቕያር ብዝተወደበ መልክዑ ምስራሕ ይኸውን። ካልኣይ፣ ኣብ ትግራይ ንዝተፈፀመ ኲናት ስዒቡ ዝተፈጠረ ምጉዳል ጉልበት ሰብን ቁጠባዊ ዓቕምን ብዝፈትሕ ኣገባብ (ሜላ) ምልማዕ ምኽታል። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሓረስታይ ትግራይ ንልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ንማሕረስ እንዳተጠቐመሎም ዝነበሩ ኣብዑር ብፀላእቲ ተሓሪዶም እዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ፅምዲ ኣብዑር ንመዓልቲ ተኻሪኻ ንምሕራስ ድማ ልዕሊ 3,000 ብር የድሊ። እዚ ድማ ብዓቕሚ ሓረስታይ ትግራይ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ስለዚ ሓረስቶት ትግራይ ክላስተር መፍረያይነት ሓረስቶት ብምፍጣር ብዝተወደበ መንገዲ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ዘተኣታትውሉን ዝጥቀምሉን ዕድል ምፍጣር መማረፂ የብሉን፡፡

ብመሰረት እዚ ከም ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ካብ ፅባሕ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ጀሚሩ ርኡይ ስራሕ እናሰርሐ ይርከብ። ኣብ ትግራይ ብተፈፀመ ኲናት ዝዓነዉ መሰረተ ልምዓታት ሕርሻ፣ መሳርዕን ጥሪትን ሓረስታይና ብፍላይ ሓረስታይና ንማሕረስ እንዳተጠቐመሎም ዝነበሩ ኣብዑር ስለዘየለዉ ብውሱን መልክዑ ናብ ሜካናይዜሽን ንምእታው ተፈታቲኑ እዩ። ንኣብነት፣ 425 ትራክተራት፣ 13 ዎኪንግ ትራክተራት፣ 48 ዓውዲ ዘኺዳ ማሽናት፣ 51 ተሓንጊጥካ ብርዒ ኣእኻል ዝዓፅዳ ማሽናት፣ 35 ብሞተር ዝሰርሓ መዕፀዲ ማሽናት፣ ትሽዓተ ብመስመር ዝዘርኣ መሽናት፣ ሽውዓተ ብሓይሊ ፀሓይ ዝሰርሓ መስሓቢ ማይ ተኣታትየን እየን። ከምኡ እውን ብውልቀን ብማሕበር ተወዲቦምን ግልጋሎት ዝህቡ ውዳበታት ብምፍጣር ሓረስታይ ብተመጣጣኒ ኽፍሊት ግልጋሎት ንኽረክብ ፃዕርታት ተጀሚሮም ኣለዉ።

ኣብ 2016 ዓ/ም ጥራሕ 60 ዓበይቲ ትራክተራት ናብ ሓረስታይ ትግራይ ዝተዓደላ እንተኾና ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ ሕፅረት ፋይናንስ ንዘጋጠሞም ሓረስቶት 85 ትራክተር ብልቓሕ ተዋሂቦም ኣለዉ። ዓቕሚ ዘለዎም ድማ ሞያዊ ደገፍ ብምሃብ ናብ ተግባር ክኣትዉ እናተሰርሐ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ከባቢ ራያ ዘለዉ ሓረስቶት 93 ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ብር ተለቂሖም ኣርባዕተ ዓሞቕቲ ጉዳጉዲ ኣብ ምኹዓት ይርከቡ። ባዕሎም ጎድጓድ ኲዒቶም ትራንስፎርመር ብምትካልን ትቦ ብምዝርጋሕን ማይ ከርሰ ምድሪ እቲ ከባቢ ናብ ረብሓ የሰጋግሩዎ ኣለዉ። እዚ እቲ ሓረስታይ ኣንፈት እንተኣርኪኻዮ ተወዲቡ ናብ ተግባር ዝኣቱ ምዃኑ ዘመላኽት እዩ። ስለዚ ካብቲ ልሙድ ኣሰራርሓ ወፂና ሓርስታይና ንቕድሚት ከኸይድ ዘኽእሉ ቴክኖሎጂታትን እታዎታትን ሕርሻ ምፍላጥን ምጥቃምን ግድን ይኸውን፡፡

ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ምትእትታው ሃፍቲ እንስሳ ኣንተኾነ እውን ምስ መኖ ምቅንብባር፣ ፀባ "ፕሮሰሲንግ መሽን"ን (መቀነባበርቲ ፀባ) ብሰፊሑ ክተኣታተዋ ተገይረን እየን። ሓረስቶት ምስ ድቃል ዘርእታት ክላለዩን ሓደሽቲ ኣሰራርሓታት ክላመዱን ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ እውን ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን እምበር እዞም ተግባራት ምስቲ ዘሎ ጠለብ ሓረስታይ ዝምለስ ኣይኮነን። ሓረስታይ ትግራይ ኣትይዎ ካብ ዘሎ ቅልውላው ብቕልጡፍ ዘሰጋግር ስለዘይኮነ ብዝለዓለ መልክዑ ክስርሐሉ ከምዝግባእ ምርዳእ የድሊ። ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ቅድሚ ኲናት ናብ ዝነበሮ ንምምላስን ካብኡ ብዝዛየደ ክብ ንምባልን ዝተዋደደን ዝተናበበን ስራሕ ምስራሕ ይጠልብ። ህዝብና ኣትይዎ ካብ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላው ብምንጋፍ ውሕስነት ምግቢ ዘረጋግፀሉ፣ ዕዳጋ ተኮር መፍረያይነት ብመጠንን ብፅርየትን ዘፍርየለየ ኩነታት ምፍጣር እዋኑ ሐዚ እዩ። ነዚ ድማ ሓረስቶትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ዘመናዊ እታዎታትን ቴክኖሎጅታትን ክፈልጡን ከተግብሩን ከምኡ እውን እኹል ቀረብ ዝረኽብሉ ዕድል ክፍጠር ይግባእ።

ብመሰረት እዚ እቲ ቢሮ፣ ዘመናዊ እታዎታትን ቴክኖሎጅን ንሓረስታይ ዘፋልጡ፣ ከምኡ እውን ሸያጥን ዓዳግን ዘራኽበሉ ኤግዚቪሽንን ሲምፖዝየምን "እታዎታትን ቴክኖሎጅን ሕርሻ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ" ብዝብል ቴማ ካብ 24-27 ግንቦት 2017 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ኣሳሊጡ ኣሎ። እቲ ኤግዚቪሽን ብርክት ዝበሉ ንስራሕቲ ምስሳን መፍረያይነት ሕርሻ ክጠቕሙ ዝኽእሉ እታዎታት ዝቐረብሉ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ዘመናዊ ድኹዒ፣ ኬሚካላት፣ ዘመነዎት መሕረሲ ማሽናት፣ ንመስኖ ማይ ክጠቕሙ ዝኽእሉ ቴክኖሎጂታትን ካልኦት እታዎታትን ቀሪቦም እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ፍርያት ሓረስታይ ንዕዳጋ ዘፋለጠሉን ዝቐረበሉን ኤግዚቪሽን ነይሩ። ካብኡ ሓሊፉ መቕረብትን ኣፍረይትን ብወገኖም ጠለብ ሓረስቶትናን ኣብ ሕርሻ ዝነጥፉ ሰብ ሃፍትን ክላለዩ ዕድል ዝህብ እንተኸውን ትካላት ፋይናንስ ድማ ምስቲ ኣብ ሕርሻን ሓረስታይን ከምኡ እውን ሰብ ሃፍቲ ዝበፅሖም ቁጠባዊ ሃሰያ መሰረት ዝገበረ ቀረብን ዓይነትን ልቓሕ ንኽህሉ መፍትሒ ሓሳባት ዘህብሉ ዕድል ዝፈጥር ከምዝኾነ ዶክተር እያሱ የረድኡ።

ብድምር ማእኸል ስሕበት ቁጠባዊ ሕውየት ትግራይ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን እዩ። ብመሰረት እዚ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ነዚ ልምዓት ንቕድሚት ዝወስድ ኣንፈት ሓንፂፁ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ብዋናነት ድማ ሓረስታይ ትግራይ ምስ ዘመናዊ እታዎታት ቴክኖሎጂ ክፋለጥን ክጥቀምን ምግባር እዩ። በዚ ኣቢልካ መፍረያይነት ዝራእቲ ብመጠንን ፅርየትን ክብ ብምባል ኣብ ዕዳጋ ተዋዳዳራይ ንምዃንን ቁጠባዊ ለውጢ ምምዝጋብን ይኸውን። ስለዚ ሕርሻና ካብ ፅግዕተኛነት ዝናብን ብዕራይን ተናጊፉ ዘመናዊ ክኸውን በቢደረጅኡ ዘሎ ሓረስታይና ቴክኖሎጅን እታዎታንን ክጥቀም ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ ነዚ ድማ ሓረስታይ ትግራይ ምስ ቴክኖሎጅታት ሕርሻ ክላለ፣ መፍረይትን መቕረብትን ቴክኖሎጅታት ሕርሻ ተራኺቦም ኣድራሻ ክቅያየሩን ቅድመ ምህርቲ ምፍራዩ ውዕሊ ዕዳጋ ዝኣስርሉን ኩነታት ንምፍጣር ከምዚ ዓይነት ኢግዚቭሽናትን ሲምፖዝዮማትን ምድላው የድሊ። እዚ ብምግባር ድማ ድርቂ ዝፃወር ሕርሻ ብምፍጣርን መፍረያይነት ብምስሳንን ህዝብና ካብ ጥምየት ክናገፍ ብኡ ኣቢሉ ውሕስና ምግቡ ከረጋግፅ ብናይ ግዜ የለን መንፈስ ክንረባረብ ይግባእ፡፡

ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

ንመኸተ ፅንተት ዝተበጀወት ኣካል!

ህዝቢ ትግራይ ካብ መድረ ገፅ ንምሕኻኽ ዓሊሙ ብልፍንቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ብዝተወደበ ሓድነቱን ቃልሱን ጠጠው ኣቢልዎ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሃለዋቱን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ሓመድ ሊሒሱ ተሲኡ ኣብ ልዕሊ ፀላእቱ ዓበይቲ ወታሃደራዊ፣ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወታት ኣመዝጊቡ። በሊሕ ጫፍ እቲ ህዝባዊ ኲናት ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ድማ ምእንተ ህዝቢ ትግራይ መስዋእቲ ኸፊሉን ኣካሉ ጎዲሉን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብዚ ክቡር ዕላማ ዝተጎድአ ኣካል ክድሕን፣ ስድራ እቶም ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጀጋኑ ክሕብሐቡ ግድን ይኸውን። ብመሰረት እዚ ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ መስዋእቲ ዝኾኑ ስድራ ስውኣትን ጉዱኣት ኣካልን ንምሕጋዝ ዕላማ ገይሩ ዝተጣየሸ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ልዑል ሓላፍነት ሒዙ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ኣብ እዋን መኸተ መስዋእቲ ናይ ዝኾኑ ስድራ ጀጋኑ ሓርበኛታት ክሕብሕብ፣ ብሕማም፣ መጉዳእትን ካልኦት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታትን ብኽብሪ ዝተመለሱ ተጋደልቲ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡን ክጣየሹን ምግባር ትኹረት ገይሩ ይሰርሕ። ብመሰረት እዚ መጉዳእቲ ኣካል ኣጋጢምዎም ኣብ ዝተፈላለዩ ማእኸላት ሕክምና ዝርከቡ ሓርበኛታት ኣብ ምሕብሓብን ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ኣብ ምግባርን ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ኣሎ። እቲ ኮሚሽን ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ነቶም ዝፍፅሞም ዘሎ ስራሕቲ ንምዕዋት ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብዝገበሮ ዝተዋደደ ርክብ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናሰርሐ ፀኒሑ ኣሎ።

ኣብ ጉዱኣት ኣካል ሓርበኛታት ትግራይ ክግበር ዝግብኦ ሕውየት ኣብ ሰለስተ መቒልካ ዝርአ እዩ። ብዋናነት ግና ካብቲ ዝበፅሖም ኣካላዊ ጉድኣት ክሓውዩ ምግባር ቀዳምነት ይወሃቦ። ሕድሕድ ኣካላዊ ጉድኣት (መጉዳእቲ) ዘለዎም ሓርበኛታት ደረጃ ጉድኣቶም መሰረት ገይርካ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ምግባር የድሊ። ድሕሪ እዚ ድማ ሕውየት ሰነ ኣእምሮ ክረኽቡን እግሪ ክተኽሉን ይግባእ። ብመሰረት እዚ እቶም ጉዱኣት ሓርበኛታት ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽብሉ ኲነታት ንምፍጣር ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብምኺን እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣብ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ መተሓባበሪ ጉዱኣት ኲናት ሓርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ዶክተር ሰሎሞን ደስታ ይገልፅ።

ብመሰረት እዚ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ "ህይወት ጉዱኣት ሰራዊት ትግራይ ነድሕን" ብዝብል ጉዱኣት ሰራዊት ትግራይ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ ምርብራብ ዝርከብ እንትኸውን ክሳብ ሐዚ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ምስ ዝርለቡ ተወለድቲ ትግራይ ዳያስፖራ ብምውዳድ ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ልዕሊ 1,500 ዝኾኑ ዝተፈላለየ ጉድኣት ዝበፅሖም ሓርበኛታት ሕክምና ክረኽቡ ተገይሩ እዩ። ከም መንግስቲ እውን ህፁፅ ግልጋሎት ሕክምና ዘድልዮም ጉዱኣት ብምምማይ ካብ ደገ ሰብ ሞያን ናውትን ብምምፃእ ን218 ጉዱኣት መጥባሕቲ ብርኪ መገጣጠሚ ምቕያር ተሰሪሕሎም እዩ። እዚ እንትስራሕ ደቂሶም ዝነበሩ ብዊልቸር ክኸዱ፣ ኣብ ውልቸር ዝነበሩ ብክራንች ክንቀሳቐሱ፣ ብክራንች ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ድማ ብእግሮም ክኸዱ ንምግባር ዝዓለመ እዩ። ብመንፅር እዚ ዓብዪ ውፅኢት ዝተርአየሉ ተግባር ምዃኑ ይገልፁ። ካብዚ ብተወሳኺ ክእለት ሰብ ሞያ ኣብ ምምሕልላፍ እውን ዝለዓለ ተሞክሮ ዝተረኸበሉ ነይሩ። ከምኡ እውን ናብዚ ስራሕቲ ዝመፁ ናውቲ ሃፍቲ ትግራይ ክኾኑ ስለዝተገበረ ስፍሕ ዝበሉ ስራሕቲ ክስርሐሉ ዘኽኣለ ተግባር ምንባሩ ምርዳእ ይከኣል። እቲ ሰናይ ተግባር ኣብዚ ጥራሕ ዝተሓፀረ ኣይኮነን። ምስ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ብምውዳድ ኣብ ዓይኖምን ካልእ ኣካልን ጉድኣት ዝበፅሖም 230 እውን ሓርበኛታት ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምልኣኽ ክሕከሙ ተገይሮም እዮም።

ይኹን እምበር እቶም ጉዱኣትና ዋላ እኳ ብዙሕ ስራሕ ይስርሐሎም እንተሃለዉ ምስቲ ዘሎ ጉድኣትን በዝሕን ክሳብ ሐዚ ዘይተበፀሐሎም ኣብ ሕማቕ ኲነታት ዝርከቡ ወገናት ኣለዉ። ሓደ ክሳብ ሐዚ ዝግበር ዝነበረ ግልጋሎት ሕክምና ስዓቱ ዝሓለወን ዝተወደበን ስለዘይነበረ ሐዚ ተጠቓሊሉ ናብ ሓደ ጫፍ ክበፅሕን ክኸብድን ገይርዎ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ተደጋጋሚ መጥባሕቲ ዝተገበረሎም እንትኾኑ ዳርጋ መብዛሕትኦም ጉዱኣት "ስፔሻሊስት"ን "ሳብ ስፔሻሊስት"ን ሰብ ሞያ ሕክምና ዝጠልቡ እዮም። እቶም ጉዱኣት ክልተ ሰለስተ ዓመት ዝፀንሐ መጉዳእቲ ስለዝኾነ ኣብ ምሕካሙ ግዜ ዝወሰደ ምስቲ ምዃኑ ዝለዓለ ሞያዊ ክእለትን ናውትን ዝሓትት እዩ። ግዜ ብዝወሰደ ቁፅሪ ናይ ምድሓን ዓቕሞም እንታይ ከምዝኸውን ንምግማቱ ዘፀግም ኣይኮነን። ብቀንዱ እቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ናብ ቀዋሚ ጉድኣት ናይ ምቕያር ዓቕሚ ዝለዓለ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ህይወቶም እውን ሓደጋ ሞት ከጋጥም ይኽእል እዩ። ብምኽንያት ዝበፅሖም መጉዳእቲ ናብ ሕማም ካንሰር ዝቕየረሉ ኲነታት እናተርኣየ እዩ። ስለዚ ኣብ ሓፂር ግዜ ክሕከምሉ ዝኽእሉ መንገዲ ምንዳይ ከምዝግባእ ዘመላኽት እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ኣብ መዳይ ቀረብ ናውቲ መሳርሒ ሕክምናን መድሓኒትን ዘሎ ኲነታት ትሑት እዩ። እዚ ማለት ካብቲ ዝለዓለ ንመጥባሕቲ ዘድሊ ማተርያል ክሳብ መድሓኒት ብውሱን መልክዑ ኣሎ እዩ። ይኹን እምበር ሕድሕድ ሓርበኛ ዝበፅሖ ጉድኣት ብምሉእነት ንምሕካም ዘድሊ ማተርያል ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከብ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዘለዉ ሰብ ሞያ እውን እንተኾነ ነቲ ዝወሃብ ግልጋሎት ሕክምና ዘድልዩ እታዎታትን መሳርሕታትን የድልይዎም። ስለዚ ንደገ "ሪፈር" ናይ ምባል ኲነታት ዝለዓለ ይገብሮ። ከምዚ ዓይነት ጉድኣት ዘለዎም ሓርበኛታት ናብ ደገ ወይ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ክሕከሙ ዝግብኦም እንትኾኑ ብሰንኪ ሕፀረት ገንዘብ ክኸዱን ክሕከሙን ኣይከኣሉን። ብሓፈሻ ስፍሕ ዝበሉ ስራሕቲ ግልጋሎት ሕክምና ዋላ እኳ እንተተሰርሑ ዘይተሸፈኑ ስራሕቲ ስለዘለዉ ግን እቶም ውጉኣት ክሓውይሉ ኣብ ዘኽእል ብርኪ ከምዘይተበፅሐ ተጋዳላይ ዶክተር ሰሎሞን ኣረዲኡ።

ነዞም ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ፣ ክፍሊ ጥዕና ሰራዊት፣ ቢሮ ጥዕና ትግራይን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምውዳድ እናሰርሑ እዮም። ከም ኮምሽን ሓርበኛታት ትግራይ መፍትሒ ኣንፈት ዝተቐመጠ እንትኸውን ነዚ ዘፈፅም ኮሚቴ ብምጥያሽን ትልሚ ብምድላውን ናብ ስሩዕ ምንቅስቓስ ኣትዩ ኣሎ። እዚ ኮሚቴ ብግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣፍልጦ ዝተውሃቦን ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይምንግስታውን ኣካላት፣ ካብ ሰብ ሞያ ሕክምና፣ ዳያስፖራ ተጋሩን ካልኦትን ዝሓዘ እዩ። እቲ ኮሚቴ ዋና ዕላምኡ ሃፍቲ ብምትእኽኻብ ጉዱኣት ሰራዊት ትግራይ ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ከረኽቡ፣ ክሓውዩን እግሪ ክተኽሉን ምግባር እዩ።

ካብዞም መዳርግቲ ኣካላት ሓደ ዝኾነ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ህይወት እዞም ጀጋኑ ንምድሓን ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ ተጠቃሲ እዩ። ተጋዳላይ ዶክተር ሰሎሞን፣ "ትእምት ናይ ህዝቢ ትካል ብምዃኑ ውግንንኡ ንህዝቢ ከምዝኾነ ዘመላኽቱ ተግባራት እናፈፀመ መፂኡን ኣሎን" ይብሉ። ንኣብነት፣ ቅድሚ 2015 ዓ/ም ኣብ ዝነበሩ እዋናት ናይ ዓይኒ ጉድኣት ዝበፅሖም ኣባላት ሰራዊት ብዝተፈላለዩ መንገዲ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክኸዱን ክሕከሙን ብምግባር ብተግባር ዝርአየ ትካል እዩ። ኣብ 2016 ዓ/ም እውን ጉዱኣትና ብዝተወደበ መንገዲ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ዕላማ ዝገበረ 55 ሚልዮን ብር ብምምዳብ ሓገዝ ገይሩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ዓይኒ፣ ልቢ፣ ኲላሊት፣ ካንሰርን ካልኦትን ጉድኣት ዝበፅሖም ብምምልማልን ምሉእ ወፃኢታቶም ብምሽፋንን ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ክሕከሙ ገይሩ። ካልኣይ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተኻየደ መጠባሕቲ ጎለን መገጣጠሚ ብርክን ነቶም ጉዱኣት መጓዓዝያ፣ ምግቢ፣ መድሓኒትን ካልኦት ወፃኢታትን ንምዕዳግ ውዒሉ እዩ።

ከምኡ እውን ኣብ 2017 ዓ/ም ንፁር ፕሮጀክት ብምድላው ጀጋኑ ጉዱኣት ሰራዊት ትግራይ ንምሕካም ብምዝተገበረ ምንቅስቓስ ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ዝሃበ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት እዩ። ናይዚ መርኣያ ኣብ ኣፍን ምንጋጋን ጉድኣት ንዝበፅሖም ሓርበኛታት ግልጋሎት ሕክምና ዝውዕል 90 ሚልዮን ብር ዝመደበ እንትኸውን ክሳብ ሐዚ 65 ሚልዮን ብር ኣታዊ ገይሩ ኣሎ። ኣብ ገፆምን ምንጋግኦምን ጉድኣት ዝበፅሖም ልዕሊ 200 እኳ እንትኾኑ ብዘሎ ዓቕሚ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ዝግብኦም ሓርበኛታት ብምርመራ ተለልዮም እዮም። ብመሰረት እዚ ኣብ ናይ ገፅን ምንጋጋን ጉድኣት ዝበፅሖም 90 ሓርበኛታት ዝተፈለዩ እንትኾኑ 17 ኣብ ውሽጢ ዓዲ፣ 32 ድማ ናብ ህንዲ ብምልኣኽ ክሕከሙ ተገይሩ ኣሎ። ክሳብ ሐዚ 26 ናብ ሃገረ ህንዲ ብምልኣኽ ዝተሓከሙ እንትኾን ካብኣቶም እቶም 20 ሕክምንኦም ወዲኦም ናብ ዓዶም ተመሊሶም ኣብ ክትትል ይርከቡ። ሽዱሽተ ጉዱኣት ኣብ ከይዲ ሕክምና ዘለዉ እንትኾኑ እቶም ዝተረፉ ሽዱሽተ ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝለኣኹን ግልጋሎት ሕክምና ከምዝግበረሎምን ይገልፅ።

እዞም ሓርበኛታት ምግቢ ክበልዑ፣ ማይ ክሰትዩን ክዛረቡን ዘይኽእሉ ዝነበሩ እዮም። ከም ሕክምና ትኹረት ዝግበረሉ ድማ ኣካላዊ ሕውየት ምርግጋፅ እዩ። ቁፅሪ ሓደ እዞም ወገናት ምግቢ ክበልዑ፣ ማይ ክሰትዩን ክዛረቡን ኣለዎም። ብመሰረት እዚ ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ከይዲ ዝለዓለ ለውጢ ከምዘለዎምን ቀፃሊ ክትትል ዘድልዮም ምዃኑን የረድኡ። እቶም ዝተረፉ 17 ጉዱኣት ሓርበኛታት ኣብ ትግራይ ክሕከሙ ዝተተሓዙ ድማ እቶም ናይ ወፃኢ ዓዲ ሕክምንኦም ምስ ወድኡ ሰብ ሞያ ሕክምና ካብ ህንዲ ብምምፃእ ክሕከሙ እዮም። ስለዚ ብቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ዝተውሃበ ብር 65 ሚልዮን ኣብ ግልጋለት ሕክምና ከምዝወዓለን እቲ ዝተረፈ 25 ሚልዮን ምስ ተፈቒደ ድማ እቶም ዝተረፉ ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽብሉ ኲነታት ከምዝፍጠር ዶክተር ሰለሞን የረድእ።

ይኹን እምበር ሐዚ እውን ክብፅሐሎም ዘይተኻኣለ ብርክት ዝበሉ ጉዱኣት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ናብ ወፃኢ ዓዲ ከይዶም ክሕከሙ ዝግብኦም ብላዕለዎት ሰብ ሞያ ሕክምና "ሪፈር ሜዲካል" ዝሓዙ 85 ጉዱኣት ኣብ ትፅቢት ይርከቡ። ከምኡ እውን ናብ ኣዲስ ኣበባ ክኸዱ "ሪፈር" ዝተብሃሉ 91 ጉዱኣት ሓርበኛታት ኣለዉ። ኣብ ትግራይ ኣብ ዘለዉ ማእኸላት ክሕከሙ ዝኽእሉ እውን ብርክት ዝበሉ ጉዱኣት እዮም። እዚኦም በእዋኑ እንተዘይተሓኪሞም ናብ ሕማም ካንሰርን ቀዋሚ ጉድኣትን ክሰጋገር፤ ካብዚ ሓሊፉ ንሞት ከቃልዖም ይኽእል እዩ። ስለዚ ቅልጡፍን ግቡእን ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ይግባእ። ብመሰረት እዚ ትእምት ይኹን ካልኦት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ከምኡ እውን ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ነዞም ጉዱኣት ኲናት ሓርበኛታት ክነሕክሞምን እግሪ ክነትክሎምን ክንረባረብ ከምዝግባእ ተጋዳላይ ዶክተር ሰሎምን ይፅውዕ።

ብድምር ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣት፣ ጉዱኣት ኲናት ትግራይን ካልኦትን ብርክት ዝበሉ ሓገዛት እናገበረ መፂኡን ኣሎን። ብዋናነት ፀላእቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ንምፅናት ዝፈፀምዎ ኲናት ንምምካት ሓርበኛታት ትግራይ ክቡር መስዋእቲ ኸፊሎምን ኣካሎም ኣጉዲሎምን እዮም። እዚ ሳላ ዝገበሩ ድማ ህዝቢ ትግራይ መሊኡ ካብ ምፅናት ድሒኑን ሃለዋቱ ኣረጋጊፁን እዩ። እተን ንመኸተ ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ዝተበጀዋ ኣካላት ሓርበኛታትና ድማ ክድሕናን ካልኣይ ህይወት ክሰርዓን ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ግድን ይኸውን። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ብርክት ዝበሉ ጉዱኣት ኲናት ሓርበኛታት ግቡእ ሕክምና ብዘይምርካቦም ኣብ ሕማምን ቃንዛን ኣለዉ። ስለዚ እዞም ጉዱኣት ናይ መኸተ ጉዱኣት እዮም። ኣብ እዋን ወራር ፅንተት ኣንፃር ደመኛታት ፀላእትና ብሓደ ጠጠው ኢልና መኪትና ኢና። ሐዚ እውን መኸተና ክንቅፅል ነቲ ፅንተት ክምክቱ ኣካሎም ዝኸፈሉ ሓረበኛታት ብሓደ ሰሚርና ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ፣ ክሓውዩን እግሪ ክተኽሉን ምስራሕ ናይ ኲላትና ርብርብ ዝሓትት ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

ኣብቲ ህዝባዊ መኸተ ናይ ምንጋጋ ጉዱኣት ካብ ዝበፅሖም ሓርበኛታት ትግራይ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ማዕኸን ፍልጠት ነድሕን!

15 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ትግራይ እዩ። ኩሉ ግዜ 15 ሰነ እንትንዝክር ብሳላ መስዋእቲ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ዝረኸብናዮም ልምዓታት ብምግዛብ ከኸውን ኣለዎ። ካብቶም ዝረኸብናዮም ረብሓታት ሓደ ድማ ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ንብዙሓት ዓመታት ብሰንኪ ጨቋንቲ ስርዓታት ኣብ ድኽነትን ድንቁርናን ጥሒሉ ከርፋሕ ናብራ ክመርሕ ተገዲዱ እዩ። ስለዚ ከንቅሕ፣ ዓርሱ ከማሓይሽን መነባብርኡ ክልውጥን እንተኾይኑ ትምህርቲ ወሳኒ እዩ። ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ካብ ዝሕግዙ ትካላት ድማ ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ ብዋናነት ይግለፅ። ንሎሚ ኣምበኣር ኮሌጅ መምህራን ዓብዪ ዓዲ ዘለዎ ሀልው ኩነታት እንታይ ከምዝመስል ዳህሲስና ዘዋደድናዮ መደብ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ ብ 1990 ዓ/ም ዝተጣየሸ መንግስታዊ ትካል እዩ። ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ክሳብ 2012 ዓ/ም ብርክት ዝበሉ ተምሃሮን መምህራንን ተቐቢሉ ኣምሂሩን ኣብቂዑን እናመረቐ ፀኒሑ እዩ። ድሕሪ ምምራቖም ድማ ብሞያ መምህርነት ተመዲቦም ንህዝቦምን ዓዶምን እናገልገሉን ወለዶታት ብትምህርቲ እናሃነፁን ሞያዊ ግዴታኦም እናተዋፅኡ ይርከቡ። ንኣብነት፣ ክሳብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ጥራሕ ኣስታት 23 ሽሕን 417 ተምሃሮ ብሞያ መምህርነት ኣሰልጢኑ ኣመሪቑ እዩ። ብድሕሪ ወራር ፅንተት እውን ብክልተ ዙር ሓደ ሽሕን 854 ኣመሪቑ ኣሎ። ድምር እቲ ትካል ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ 25 ሽሕን 400 ሕፁያት መምህራን ኣመሪቑ ናብ ስራሕ ብምውፋር ኣብ ትግራይ ዝነበረ ሕፅረት መምህራን ኣብ ምቕራፍ ናይ ባዕሉ ግደ እናተፃወተ ዝመፀ ትካል እዩ። እቲ ትካል ክሳብ 2013 ዓ/ም 281 ሰራሕተኛታት እዮም ነይሮምዎ። ነዚ ሓይሊ ሰብ ተጠቒሙ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ዓመታዊ ካብ 3,000 ክሳብ 3,500 ተምሃሮ ተቐቢሉ የተኣናግድ ነይሩ። እዚ'ውን ብስሩዕ፣ ብምሽታዊ(Extension)'ን ክረምታውን ዝሓወሰ እዩ።

ቅድሚ ኲናት ፅንተት ኣብ ዝነበሩ እዋናት ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ መምህራን ዘፍሪ ናይ መጀመርያ ኮሌጅ እዩ። ካብዚ ኮሌጅ ዝወፅአ ሓይሊ ሰብ ብፍልጠት፣ ሞያዊ ዓቕምን ኣተሓሳስባን ዝሓሸ ቆመና ዘለዎ መምህር እናፍረየ እዩ መጺኡ። ከምትካል ብቑዕ ዜጋ ዘፍርየሉ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ሓደ ኮሌጅ ከማልኦም ካብ ዝግባእ መሰረታዊ ነገራት ኣማሊኡ ግልጋሎት እናሃበ ዝመፀ ብምዃኑ እዩ። ብናውትን ዓቕሚ ሓይሊ ሰብን እውን ኩሉ ዘማልአ እዩ ነይሩ። ንኣብነት፣ ዲጂታል ቤተ መፅሓፍቲ፣ ቤተ ፈተነ፣ ማእኸል ኮምፒተር ከምኡ እውን ብቑዓት ሰብ ሞያን መምህራንን ነይሮም።

እዚ ትካል እንትጣየሽ ሰለስተ ናይ ባዕሉ ዕላማታት ሒዙ እዩ ተላዒሉ። ካብዚኣቶም ሓደ፣ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብቑዓት መምህራን ምፍራይን እዩ። ካልኣይ፣ ማሕበረሰባዊ ደገፍ ምሃብ እንትኾውን ብሳልሳይ ብርኪ ድማ መፅናዕትን ምርምርን ምክያድ ዝብሉ እዮም። ኣብዚኦም ክሳብ ቅድሚ ኲናት ኣዝዮም ሰፋሕቲ ዝበሃሉ ስራሕቲ ዝሰርሕ ዝነበረ ትካል እዩ። ስለዚ ሕፁያት መምህራን ኣብ ምፍራይ ጥራሕ ዘይኮነ ማሕበረሰባዊ ግልጋሎት እውን ንሕብረተ ትምህርቲ ሰልጠና፣ ሓገዝ ናውትን ካልኦት ደገፋትን ኣብ ምግባር ይነጥፍ ነይሩ። ኣብ መፅናዕትን ምርምርን እውን ዓበይቲ ሃገራዊ ዝኾኑ ኮንፈረንሳት በቢዓመቱ ዝካየደሉ ዝነበረ እዩ። ስለዚ ቅድሚ እቲ ኲናት ዝነበሮ ዓቕሚ ብናውቲ፣ ብሞያዊ ክእለትን ፍልጠትን ሓይሊ ሰብ ኣዝዩ ተጠናኺሩ ከምዝነበረ ዲን ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ መምህር ሃይለስላሴ ገ/እየሱስ ይገልፁ።

እዚ ኮይኑ ግና ሓይልታት ፅንተት ብዝፈፀምዎ ወራር ምኽንያት ዳርጋ ኩሉ ሃፍቲ እቲ ትካል ብፀላእቲ ዓንዩን ተዘሪፉን እዩ። ካብቲ ዝዓበየ ህንፃን ተሸከርከርትን ጀሚሩ ክሳብ ደቀቕቲ ናውቲታ እቲ ትካል ምሉእ ብምሉእ ዓንዮም እዮም። ንኣብነት፣ መካይን፣ ጀኔሬተር፣ ማእኸል ኮምፒተር፣ ቤተ ፈተነ፣ ቤተ ንባብ፣ ካልኦት ናውትን መሰረተ ልምዓታትን ሓዊሱ ኩሉ ተጓሒሉ። እቶም ህንፃታት እውን ብደብዳብ ከቢድ ብረትን ድሮንን ከፊርሱ ተገይሩ። ኣብቲ ትካል ዝበፅሐ ዕንወት ብገንዘብ እንትግለፅ ናብ ክልተ ቢልዮን ብር ዝፅጋዕ እዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሓይሊ ሰብ እቲ ትካል እውን መስዋእትን ኣካል ምጉዳልን ከምኡ እውን ስነ ልቦናዊ ሃሰያን ምብፃሖን ኣጋጢሙ። ክሳብ ሕዚ እቲ ትካል ብዘለዎ መረዳእታ ልዕሊ 65 ተምሃሮ፣ ሓደ መምህርን ሓደ ሓለዋን ሓዊሱ ብድምር 67 ነቲ ወራር ፅንተት ንምምካት ተጋዲሎም ምእንቲ ህልውናና ህዝቦምን ዓዶምን ክቡሉ ክቡር መስዋእቲ ከፊሎም እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ክሳብ ሕዚ ደሃዮም(ሃለዋቶም) ዘይፍለጡ ተምሃሮ እውን ኣለዉ።

ብመንፅር ስነ-ልቦናዊ ሃሰያ እውን ኣብ ማሕበረሰብ እቲ ኮሌጅ ሰፊሕ ፅልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ክሳብ ሕዚ እውን ካብቲ ሃሰያ መሊኡ ወፂኡ እዩ ምባል ኣይከኣልን። ምኽንያቱ ፀላእቲ ነቲ ኮሌጅ ዋና መዋፈሪኦም (ካምፕ) ገይሮምዎ ብምፅንሖም ኣብ ቀፅሪ እቲ ኮሌጅ ጅምላዊ መቓብራት፣ ኣፀየፍቲ ፅሑፋት ከምኡ ኣሲሮም ዝገርፍሉ ዝነበሩ ምልክታትን ኣለዉ። ኣብቲ ከባቢ ውግእ ብዝተኻየደ ቀፅሪ ንመናእሰይ ናይቲ ከባቢ ብሓይሊ ኣገዲዶም ውቕዓት ኣሺኺሞም የምፅኦምን እሞ ኣብኡ ይቕትልዎም፣ ኣሲሮም የሳቕይዎምን ይገርፍዎም ነይሮም። ናይዚ ምልክታት ክሳብ ሕዚ ኣብቲ ቀፅሪ ብምህላዎም እቲ ስነ-ልቦናዊ ሃሰያ ቀልጢፉ ከይሓዊ ኣብ ምግባር ናይ ባዕሎም ፅልዋ ኣሕዲሮም እዮም። ካብዚ ኣብቲ ኮሌጅ ዝበፅሐ ሃሰያ ከንደየናይ ከቢድ ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል።

ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ እቲ ኮሌጅ ናብ ስራሕ ንክኣቱ ሰፊሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ፀላእቲ መዋፈሪኦም ገይሮምዎ ስለዝፀንሑ ኣብቲ ቀፅሪ ዝተቐበሩ ነቓዕቲ ተተኮስትን ነይሮም እዮም። ነዚኦም ምስትካል ገባሪ ሰናይ ራዶ (RADO) ብምዃን ከምኡ እውን ኣብዚ ከባቢ ምስዘለዉ ሰራዊት ትግራይ ብምትሕብባር ክፍተሽን ክፀርን ተገይሩ እዩ። ብሓፈሻ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ብገልበቱ ነቲ ኮሌጅ ኣፅሪዩን ወጺኑን ንስራሕ ድሉው ክኸውን ዓብዪ ስራሕ ሰሪሑ። ብድሕሪኡ ስራሕ ንምጅማር ዘኽእል ዋላ ሓደ ናውቲ ስለዘይነበረ "እንታይ ንግበር?" ዝብል ምስመምህራንን ምምሕዳር ሰራሕተኛን ዝርርብ ብምክያድ "ዋላ ኣብ እግሪ ዕላል ኮይንና ትምህርቲ ንጀምር" ኣብ ዝብል ምርድዳእ ተበፂሑ። ካብ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ እውን "ጀምርዎ እሞ ኣብ ከይዲ እናተመሓራረየ ክኸይድ እዩ" ዝብል ሓበሬታ እዩ ተዋሂቡ። ብድሕሪኡ ናብ ስራሕ ምስተኣተወ እውን ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ንፅገና ዝኸውን በጀት ልኢኹ እዩ። በቲ ዝተልኣኸ በጀት ድማ እቲ ዝኸፍኣ ዝብሃል ዕንወት ገና ኅኒ እናተፀገነ ክኸይድ ከምዝተገበረ መምህር ሃይለስላሴ የረድኡ።

ከምኮሌጅ ሕዚ ዘለዎ ቀመናን ኣወሃህባ ትምህርትን ምስቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበሮ ዓቕሚ ዝነፃፀር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሕዚ ሰፊሕ ሕፅረት ናውትን ቀረባትን ኣሎ። ዘለዎ እታዎት እውን ኣዝዩ ዉሱን እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ እቲ ብብርኪ ሃገር ዝነበረ ስርዓት ትምህርቲ (Curriculum) ተቐይሩ ኣሎ። ነቲ ሓዱሽ ስርዓት ትምህርቲ ዝኸውን ናውቲን ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ "ሞጅል"'ን "ሃንድኣውት"'ን ካብ ኢንተርኔት እንተዘይኮይኑ ብቐረባ ዝርከብ የለን። ብዘይካ እዚ ንተምሃሮ ዝኸውን ቀረባት ይንእስ እዩ። ኣብ ቤተ ንባብ ኣትዮም ዘንብብዎም ሓገዝቲ መፅሓፍቲ ወይ "ሞጅል"'ን "ሃንድኣውት"'ን ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ኣብ ሓደ ሓደ ተምሃሮ እውን ዓርሰ እምነት ዘይምህላውን ምቕዳሕ ከምመሰል ምውሳድን ይርኣ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ተምሃሮ ዕጊሮምን ናይ ባዕሎም ሰሪሖምን ዝሓሸ ነጥቢ ክረኽቡን ዓቕሚ ክፈጥሩን ዘኽእሉ ብዙሓት ስራሕቲ እናተሰርሑ መሊኦም እዮም። ገና ኅኒ እውን ስልጠና ስነ-ልቦናዊ ሕውየት ክወሰዱ እናተገበረ ብምፅዑ ካብቲ ዝሓለፈ ዓመት ሎሚ ዘበን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ይርከብ።

ካሊእ ድማ ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብፅሬትን ብዘዕግብን መንገዲ ንምክያድ ዘጋንፉ ብዙሓት ፀገማት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ነቲ ኮሌጅ ዝምደብ ዓመታዊ በጀት ካብ ደመወዝን ሰራሕተኛታትን መዐደጊ ፅሕፈት መሳርሕን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ብዘይካ እዚ እቲ ኮሌጅ ካብ ከተማ ወፃኢ ዝበለ ምስቲ ምዃኑ ሕፅረት ተሽከርከርቲ ከቢድ ፀገም ኮይኑዎ ኣሎ። ንመዐደጊ ናውቲ ኤሌክትሮኒክስ ኮምፒተር፣ ፎቶ ኮፒ ማሽን፣ ኣቕሑ ቤት ፈተነን ኬሚካላትን፣ ቤተንባብን መፅሓፍትን፣ ካልኦት ኣገደስቲ መሳርሒታትን ንምምላእ ኮነ ሕድሳት ህንፃታት ንምክያድ ዘኽእል በጀት የለን። ካብዚ ዝብገስ ኑቶም ዘለዉ ፀገማት ንምቕራፍ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ብምቕራፅ ናብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኣቕሪቦም እዮም። እንተኾነ ግና ካብ ስልጠና ስነ-ልቦናዊ ሕውየት ወፃኢ ብዓይነት (ናውቲ)ዝተረኸበ ሓገዝ ዳርጋ የለን። በቲ ዝድለ መጠን እወንታዊ ምላሽ ኣይረኸቡን።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ከምኮሌጅ ናብቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበሮ ዓቕሚ ኣብ ሓፂር እዋን ንምምላስ ዝኸብድ እኳ እንተኾነ በቲ ዘሎ ውሱን ዓቕሚ ተጠቒሙ ኣስታት 624 ዝኾኑ ተምሃሮ ተቐቢሉ ብስሩዕ ኣብ ምምሃር ይርከብ። እዚኦም መብዛሕትኦም ናይ መደቀስን ምግብን ክፍሊት ብር 2,781 ናብ ኢዶም እናተውሃቦም ዝመሃሩ እዮም። ኣብቲ ቀፅሪ ግልጋሎት መደቀሲ ዝረኽባ ደቂ ኣንስትዮ እውን ኣለዋ። ይኹን እምበር ግልጋሎት ምግቢ በቲ ኮሌጅ ኣይቐርብሎምን። ስለዝኾነ ኣብ ደገ እናወፁ ከምግቡን ገዛ ተኻርዮም ባዕሎም ምግቦም ክዳልውን ስለዝግደዱ ይፅገሙ እዮም። ኣብዚ እቲ ኮሌጅ ንተምሃሮኡ ምግቢ ንምንታይ ዘየቕርብ? ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣገዳሲ እዩ። ኮይኑ ግና በቲ ንምግቢ ንሓደ ተምሃራይ ዝስልዖ ወርሓዊ በጀት ተጫራቲ ምግቢ ክቐርብ ዝኽእል በዓል ሃፍቲ ምርካብ ኣፀጋሚ ኮይኑ ኣሎ። ብሓፈሻ እቲ ኮሌጅ ምስብዙሓት ፀገማቱ እናተጋፈጠ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ይቕፅል ኣሎ። ስለዝኾነ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ፣ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ነዚ ማዕከን ፍልጠት ወለዶታት ትግራይ ዝኾነ ኮሌጅ ኣብ ምድሓን እጃሞም ክበርክቱ ከምዘግባእ መምህር ሃይለስላሴ የተሓሳስቡ።

ተምሃሪት ኣስቴር ገ/መድህን ኣብ ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ ተምሃሪት ቀዳማይ ዓመት እያ። ኣብቲ ኮሌጅ ዝወሃብ ትምህርቲ ፅቡቕ እኳ እንተኾነ ብውሱን ምልክዑ እቲ ተምሃራይ ካብ ታሕቲ እኹል ፍልጠት ሒዙ ብዘይምምፅኡ ናብቲ ኮሌጅ ምስእተወ ናብ ምቅድዳሕ ዝሓቱ ከምዝረ ትገልፅ። መምህራን መርኣያ ኮይኖም ንተምሃሮኦም እኹል ፍልጠት ንምጭባጥ ብዙሕ ፃዕሪ ይገብሩ እዮም። እንተኾነ ግና ቤተ ንባብ፣ ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ ቤተ ፈተነን ማዕኸል ኮምፒተርን ሕፅረት ስለዘሎ ፅልዋ ይፈጥር ኣሎ። ካሊእ ድማ ብሰንኪ ሕፅረት ማይ ግልጋሎት ዓይኒ ምድሪ ምርካብ ኣይከኣልን። ብተወሳኺ ድማ ኣብቲ ኮሌጅ ግልጋሎት ምግቢ ስለዘየለ መብዛሕትኡ ተምሃራይ ኣብ ደገ ገዛ ተኻርዩ እዩ ዝነብር። ሓንቲ ፀባብ ገዛ ንክልተ ወይ ንሰለስተ ብልዕሊ 2000 ብር ተኻርዩ ምግቢ ባዕሉ የዳሉ። ነዚ ግና እታ ትውሃቦ ገንዘብ እኽልቲ ኣይኮነትን። ስለዚ ተምሃራይ ተረጋጊዑ ስለትምህርቱ ጥራሕ ክሓስብ እንተኾይኑ ግልጋሎት ምግብን መደቀስን በቲ ኮሌጅ ክቐርብ ከምዝግባእ ተተሓሳስብ።

ኣጠቓሊልካ እንትርኣ ኮሌጅ መምህራን ዓብዪ ዓዲ ብሳላ መሪር ተጋድሎን መስዋእትን ደቂ ህዝቢ ዝተጣየሸ ትካል እዩ። እዚ ኮሌጅ ኣብ ትግራይ ፈላማይ መምህራን ዘፍሪ ትካል እዩ። ስለዝኾነ ዝተምሃረ ዜጋ ኣብ ምፍራይ ዘበርከቶን የበርክቶ ዘሎን ኣስተዋፅኦ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ሓይልታት ፅንተት ኩሉ ንብረቱ ዓንዩን ተዘሪፉን እዩ። ስለዚ ነዚ ኮሌጅ ምድሓን ወሳኒ ብምዃኑ ዛጊድ ብዝተወሰነ ምልክዑ ካብቲ ዝበፅሖ ዕንወት ንምድሓን ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ምድጋፍ የድሊ። ብፍላይ ናይ ተሸከርከርቲ፣ ቤተ ፈተነ፣ ቤተ ንባብን ሓገዝቲ መፅሓፍትን ከማልኣሉ ኣለዎ። ብኣውርኡ ከዓ ነቲ ኮሌጅ ዝምደብ በጀት ንዝበፅሖ ዕንወትን ዘለዉ ፀገማትን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ጉዳይ ትምህርቲ ንኩሉ ከፋል ሕብረተሰብ ብምዃኑ ንመንግስቲ ጥራሕ ዝግደፍ ውራይ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ትካላት ገበርቲ ሰናይ፣ ውልቀ ሰብሃፍትን መላእ ሕብረተሰብን ንምሉእ ሕውየት እቲ ኮሌጅ ዝከኣሎም ሓገዝ ክገብሩ ፃውዒትና እዩ።

መምህር ሃይለስላሴ ገ/እየሱስ
ዲን ኮሌጅ ትምህርቲ መምህራን ዓብዪ ዓዲ

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

ተዓጢቖም ዘዕጠቑ ጀጋኑ



ቅያ ጀጋኑ ምልሻ ዝሓቖፉ ጎቦታት ሓሓይለን ዓድዋን

ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ሕነ ንምፍዳይ ሽዱሽተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ብኸቢድ ብረት ሽፋን እናሃበ ካብ ፆሮና ተበጊሱ ናብ ገርሁ ስርናይ ንምእታው ከም ዝፈተነ፣ ንድፋዕ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ክፍንፅሕ ከምዘይከኣለ ዝብሉን ካልኦት መስተንክራዊ ስርሒታትን ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ጋዜጣ ቀዳማይ ክፋል ምቕራብና ይዝከር። ንሎሚ ድማ መቐፀልትኡ እኒሆ።

ኣብ ብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን ዝተወደቡ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ኣብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ዝነበረ ሰራዊት ብልፅግና ብዝተዋደደ ኣግባብ ድሕሪ ምድምሳሶም ካብ ሽዱሽተ ክሳብ 10 ሕዳር 2013 ዓ/ም ምስ ዕሱብ ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ ተኳሸሑ። ኣብ ዝሓሸ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሻዕብያ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራታት የብፅሑ ምንባሮም እንተኣመኑ እኳ ሃንደበት ከንሳሕቡ ከምዘለዎም ካብ ላዕሊ መምርሒ ወረደሎም። መምርሒ ስለዝኾነ ግን ከንሳሕቡ ግድን ስለዝኾነ 10 ሕዳር 2013 ዓ/ም ኣጋምሸት ከባቢ ሰዓት 11፡00 ድማ ካብ ገርሁ ስርናይ ናብ ዕዳጋ ሮቡዕ ኣንሳሓቡ።

ድሕሪ ምንስሓቦም ብደባይ ውግእ እንተዘይኮይኑ ብትኹል ውግእ ምግጣም ከምዘየድሊ ኦሬንቴሽን ተውሃቦም። ኣብ ልዕሊኡ ልፍንታውያን ወረርቲ ጥምረት ፈጢሮም ብሰሜን ምዕራብን ብጭላን ኣቢሎም ናብ ዞባ ማእኸል ክኣትዉ ይፍትኑ ብምንባሮም ናብ ከባቢኦም ተመሊሶም ክምክቱ ተነገሮም። ብድሕሪ እዚ ካብ ፀላኢ ዝማረኽዎ ብርክት ዝበለ ኣፅዋር ነቶም ዕጥቂ ዘይነበሮም ኣባላት ምልሻ ኣዕጠቑ። ዝተረፈ ካብ መዳፍዕን ታንክን ጀሚሩ ካልኦት ዝማረኽዎም ማእኸለዎት ናይ ጉጅለ ኣፅዋር ድማ ንዝምልከቶም ላዕለዎት ወታደራዊ ኣመራርሓ ብምርካብ ሰራዊት ትግራይ ክዕጠቖ ገበሩ።

ምልሻታት ሓሓይለ ዝተውሃቦም ተልእኾ ንምፍፃም 12 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ወረደኦም ምስኣተዉ ዘድሊ ሓበሬታን ኦሬንቴሽንን ተውሃቦም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለዉ ልፍንታውያን ፀላእቲ ናብ ዞባ ማእኸል ንምእታው ብኩሉ ኣንፈት ምንቅስቓስ ጀመሩ። ምልሻታት ሓሓይለ ብወገኖም ነቲ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ፀላኢ ንምምካት በብሓይሎም ኮይኖም ክከላኸሉ ነናይባዕሎም ቦታ ክሕዙ ተገበረ። ብመሰረት እቲ ዝተነፀረሎም ኣንፈት ሓይሊ ሓደን ሓይሊ ክልተን ብኣንፈት ዓድዋን እንትጮን ገይሩ ናብ ወረዳ ሓሓይለ (ከተማ ፈረስማይ) ክመፅእ ንዝኽእል ሓይሊ ፀላኢ ንምክልኻል ኣብ ከባቢ ገንደብታን ድብድቦን ቦታ ሓዙ። ሓይሊ ሰለስተ ናብ ዝባን ሓሓይለ ደይባ ኣብ ሰፍሐ (ዝባን ዕዳጋ) ዝበሃል ቦታ ሒዛ ብእንትጮ ገይሩ ንዝመፅእ ፀላኢ ክትምክት ተመደበት። ሓይሊ ኣርባዕተ ድማ ካብ ሰሜን ምዕራብ ዝተበገሰ ፀላኢ ብእንዳባፃሕማ ኮሊሉ ይጓዓዝ ብምንባሩ ኣብ ከባቢ ፀድያ ኣድብያ ክትፀንሕ ተገበረ። ኩለን ሓይልታት ተልእኾአን ንምፍፃም 13 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ዝተነፀረለን ኣንፈት ተፀጊዐን ሓደራ።

በቲ ኣቐዲሙ ዝተገበረ ፅንዓትን ክትትልን መሰረት ፀላኢ 14 ሕዳር 2013 ዓ/ም ሰዓት 6፡30 ናይቀትሪ ብገንደብታን ድብድቦን ኣቢሉ ንኸባቢ ዓዲ ባሕሪ ንምእታው ብሰለስተ መስርዕ ተሰሊፉ ክኣቱ ጀመረ። ሉኣላዉነት ህዝቦምን መሬቶምን ብቕሊሉ ንዘይምድፋር ዝወሰኑ ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ዘድሊ ምድላዉ ገይሮም ተፀበዩ። ኣባላት ምልሻ ሓይሊ ሓደ ክልተ ብሬን እቶም ዝተረፉ ብረት ክላሽን ሒዞም ነቲ ብሰለስተ ኣንፈት ዝመፆም ዕሱብ ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ ክምክቱ ኣድብዮም ተፀበዩ። ሽሾ ሰራዊት ብልፅግና ብሓፂር ርሕቐት ሃንደበት ተፀገዖም። ሽው ግዜ ከይወሰዱ ብዘገርም ጅግንነትን ወታደራዊ ጥበብን ንዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ሓገዝ ከይረከበ መንገዲ ዓፅዮም ሓመድ ገበርዎ። ፀላኢ ብበርቃዊ ውቅዒት ኣባላት ምልሻ ሓይሊ ሓደ ምስተወቐዐ ዝሞተ ሞይቱ ዝቖሰለ ድማ ቖሲሉ ዝተረፈ ፋሕ ጭንግራሕ ኢሉ ጭርኡ ደጉሉ ናብ ከባቢ ረፅኒ ዝተብሃለ ቦታ ክሃድም ተገደደ። ህይወት ከድሕን ዝሃደመ ሰራዊት ሻዕብያ ካብ ሞት ክምልጥ ኣይከኣለን። ውሱናት ኣባላት ምልሻ ዝሓዘት ሓንቲ ጋንታ ኣብቲ ቦታ ኣድብያ ፀኒሓ ገጠመትሉ። ፀላኢ ኩሉ ሓይሉ ተጠቒሙ ተዋገአ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ብወገኖም ሕልሚ ፀላእቶም ንምብርዓን ብውሑድ ሓይሊ ሰብ ፊት ንፊት ገጠሙ። ከባቢ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ቀትሪ ዝጀመረ ውግእ ክሳብ ምድረ ሰማይ ዝፅልምት ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ተዋግኡ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ውግእ ብፀብለልታ ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ተዛዘመ። ኣብዚ ውግእ እዚ ክልተ መስርዕ ዝኸውን ሰራዊት ሻዕብያ ምውትን ቁሱሉን ኮነ። ፀላኢ ምስቲ ዝበፅሖ ክሳራ ነቲ ኩነታት ከምዘይፃወሮ ተረዲኡ ካብ ሞት ዝተረፈ በዓል ዕድል ተንጠባጢቡ ናብ ዝመፆ ኣንፈት ተመለሰ።

15 ሕዳር 2013 ዓ/ም ሰራዊት ብልፅግናን ሻዕብያን ከምብሓዱሽ ሓይሊሰቦም ወዲቦም ኣፅዋሮም ኣጠናኺሮም ሰዓት ሓደ ንጉሆ ብልፍንቲ ውግእ ጀመሩ። ምልሻታት ሓሓይለ ክሳብ 5፡30 ረፋድ ሓይሎም ፀንቂቖም ተዋግኡ። ፀላኢ ብኹሉ ነገር ተፅዕኖ ምስ ፈጠረሎም ዘየድሊ ክሳራ ንዘይምኽፋል ስልታዊ ዝኾነ ጥበብ ተጠቒሞም ናብ እምባ ደርሆ ከባቢ ኣንሳሓቡ።

እንደገና 16 ሕዳር 2013 ዓ/ም ፀላኢ ዝበፅሖ ክሳራ ንምክሕሓስ ኢሉ ከም ብሓዱሽ ተወዲቡ መፀ። ምልሻታት ሓሓይለ ከከም ኩነታቱ ዝጥዕሞም ቦታን ግዜን እናመረፁ ድሕሪ ምክልኻሎም ካብ እምባ ደርሆ ተመሊሶም ኣንሳሒቦም ኣብ ቆላ ገበላ ከባቢ ዓረዱ። ፀላኢ ኣብ ሕድሕድ ውግእ በቶም ጀጋኑ ምልሻ ዝበፅሖ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ተፃዊሩ ዝጎደሎ ሓይሊሰብን ዕጥቅን እናተከአ ከባቢ ሰዓት 9፡30 ናብ ከተማ ፈረስ ማይ ኣተወ።

ምልሻታት ሓሓይለ ብየማን ፀጋም፣ ብድሕሪትን ቅድሚትን ከምዝኸበብዎ ዝተረደአ ፀላኢ ኣብ ከተማ ፈረስማይ ተረጋጊኡ ክውዕልን ክሓድርን ኣይከኣለን። ድሕሪ ናይ ሓደ ሰዓት ፃኒሒት ካብታ ከተማ ወፅዩ ናብ ከባቢ ዓድዋ ክምለስ ተገደደ። ልፍንታውያን ወረርቲ 16 ሕዳር 2013 ዓ/ም ካብ ከተማ ፈረስማይ ድሕሪ ምውፅኦም ምልሻታት ሓሓይለ ኣብ ወሰና ወሰን ወረደኦም ኮይኖም ኩነታት ፀላኢ እናተኸታተሉ ንንውሕ ዝበለ መዓልቲ ለይትን ቀትርን ብዘይዕረፍቲ ቃልሶም ቀፀሉ። ልፍንታውያን ወረርቲ በቶም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ከቢድ ክሳራ እንትበፅሖም ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ግፍዒ ምፍፃም ባህርያቶም እዩ። ካብዚ ዝብገስ በብግዚኡ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ህዝቢ ወረዳ ሓሓይለ ዝፍፅምዎ ዝነበሩ ግፍዕን በደልን መቑፀሪ የብሉን። ኣብቲ ናይ 2013 ዓ/ም እዋን መኸተ 12 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 81 ንፁሃን ወገናት እቲ ወረዳ ተቐቲሎም። 82 ድማ ኣካላዊ መጉዳእቲ ተፈፂምዎም እዩ። ኣብ ልዕሊ 17 ደቂ ኣንስትዮ ፆታዊ ጥቕዓት ተፈፂሙ። ናብ 986 ሚልዮን ብር ዝግመት መሰረተ ልምዓት በቶም ወረርቲ ዓንዩ፣ ተዘሪፉ። ፀላእቲ በቲ ዝፍፅምዎ ግፍዒ ኣይዓገቡን። በቶም ጀጋኑ ምልሻታት ዝበፅሖም ዝነበረ ክሳራ ማእለያ ስለዘይነበሮ ተመሊሶም ሰለስተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ከም ብሓድሽ ተወዲቦም መፁ። ምልሻታት ሓሓይለ ነቲ ዝመፀ ፀላኢ ንምምካት ክንዲ ዝከኣሎም እናተኸላኸሉ እናንሳሓቡ ዓቕሚ ፀላኢ ብኩለ መዳዩ ንክመናመን ገበሩ። ነዚ ዝተረደአ ፀላኢ ኣብ ሕድሕድ ውግእ በትሪ ጀጋኑ ምልሻ ክፃወር ስለዘይከኣለ ብዙሕ ከይፀንሐ ንዓድዋ ተመልሰ።

ካብ 12 ክሳብ 16 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ድማ ሓይሊ ክልተ ዝነበረቶ ብኣንፈት ዛታ /ገንደብታ/ ሓይሊ ሰለስተ ብዝነበረትሉ ከባቢ ላዕላይ ሓሓይለ ገይሩ ፀላኢ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ኣካየደ። ከምቲ ዝሓሰቦ ግን ኣይተሳኸዐሉን። ምልሻታት ሓሓይለ ምስ ምልሻታት እንትጮን ኣሕፈሮምን ብምውዳድ ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን እቲ ዝመፀ ፀላኢ ተመኪቱ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ተገደደ። ፀላኢ ኣብቲ ከባቢ ደጋጊሙ ብዘካየዶ ፈተነ መጥቃዕቲ ስዕረት ተጎልቢቡ ካብ ምምላስ ወፃኢ ድፋዕ ጀጋኑ ሰይሩ ክሓልፍ ኣይከኣለን። ብሕቡር ቅልፅም ናይ ሰለስቲኡ ወረዳ ምልሻታት ልፍንታውያን ፀላእቲ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ተጎልቢቦም ሃደሙ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለው ከምኣመሉ ፀላኢ ናብ ከተማ ፈረስማይ ንምእታው 19 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ብላዕላይ ሓሓይለ ሰሊኹ ናብ ከባቢ ታሕታይ ዳዕሮኻን ዕዳጋ ሓሙስን ኣምረሐ።

ምልሻታት ሓሓይለ ነቲ ኩነታት ብዕቱብ ካብ ምክትታል ኣይተቖጠቡን። ነቲ ዝተንቀሳቐሰ ፀላኢ ንምምካት ብፀድያ ዝነበረት ሓይሊ ኣርባዕተን ካብ ሓይሊ ሓደ ድማ ክልተ ጋንታ ብምውሳኽ ምስቲ ሸሊኹ ዝኣተወ ሰራዊት ብልፅግና ሓዝ ክሕዝ ግጥም ኮነ። ፀላኢ በቶም ውሑዳት ግን ድማ ሰብ ዕላማ ዝኾኑ ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ተመኪቱ ኣብ ዝነበሮ ደው ኢሉ ክሓድር ተገደደ። ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ብወገኖም ኣብወሰና ወሰን ከተማ ፈረስማይ ዓሪዶም ሓደሩ። 20 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ፀላኢ ሓይሊሰቡን ኣፅዋራቱን ኣዋዲዱ ብዓድዋ ገፅ መፀ። ብኻልእ ገፅ ኣብ ታሕታይ ዳዕሮኻን ዕደጋ ሓሙስን ዝነበረ ፀላኢ እውን ሓይሉ ኣጠናኺሩ ውግእ ቀፀለ። ፀላኢ ብኽልቲኡ ኣንፈት ብሓይሊሰቡን ብዕጥቅን ተደጊፉ ግዝያዊ ልዕልነትን ረኺቡ 21 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንኸተማ ፈረስማይ ተቖፃፀረ። ብድሕሪ እዚ

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ምልሻታት ሓሓይለ በብሓይሎም ተወዲቦም ኣብ ገጠራ ገጠር ወረደኦም ኮይኖም ክከላኸሉ ወሰኑ። ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ብቑፅሮም ውሑዳት እዮም። ህዝቦም፣ ርዋን ሽንጥሮን ሜዳን ጎቦታትን ዓዶም ኣብ ጎድኖም ስለዝነበረ ግና ምስ ፅንዓቶምን ዕላምኦምን ተደሚሩ ፀላኢ ንምምካት ተወሳኺ ዓቕሚ ኮይንዎም እዩ። ኣብቲ ካብ 19 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንተኸታታሊ ሰለስተ መዓልቲ ዝተኻየደ ውግእ እቶም ጀጋኑ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዘብፅሕዎ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ቀሊል ኣይኮነን። ካብዚ ዝብገስ ፀላኢ ሒኒኡ ንምፍዳይ ውግእ ኣየቋረፀን። ምልሻታት ሓሓይለ ኣለውዎ ናብ ዝበሃል ከባቢ ብመዳፍዕን ታንክን ደብዳብ ኣየቋረፀን። 21 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ኣብ ውሱን ሰዓታት ጥራሕ ናብ ጣብያ ቆላ ገበላ ልዕሊ 180 ቁምብላታት ደርበየ። ህዝብን ምልሻን ወረዳ ሓሓይለ ግን ፀላኢ በብመዓልቱ ብዝገብሮም ደብደባትን ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ብዝፍፅሞ ቅንፀላን ጨፍጫፍን ኣይተምበርከኹን። እኳድኣስ ዝገደደ ሓረነ ወታደራዊ ዓቕሚ ምልሻታት ሓሓይለ ምስቲ ዘመናዊ ኣፅዋር ዝተዓጠቐ ሽሾ ሰራዊት ብልፅግናን ሻዕብያን ፈፂሙ ኣይመጣጠንን። ኣብ ልዕሊኡ ዋሕዲ ተተኳሲ ጥይት ስለዝገጠሞም ንቆላ ገበላ ለቒቖም ናብ ከባቢ እንዳባፃሕማ ኣንሳሓቡ።

ልፍንታውያን ወረርቲ ንኣስታት ሓደ ሰሙን ኣብ ከተማ ፈረስማይ ፀኒሖም 28 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ጉዕዞኦም ጠቕሊሎም ካብታ ከተማ ወፅዮም ከዱ። ምልሻታት ሓሓይለ ኣብ ወሰና ወሰን እታ ከተማ ኮይኖም ኩነታት ፀላኢ ይከታተሉ ብምንባሮም ንምሽቱ ናብታ ከተማ ኣተዉ። 29 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም መዓልቲ ልደት ምስ ህዝቦምን ስድርኦምን ወዓሉ። ድሕሪ 5 ጥሪ 2013 ዓ/ም ዝሓሸ ዓቕሚ ዝነበሮም ኣባላት ምልሻ እታ ወረዳ ናብ ሰራዊት ክሕወሱ ተገበረ። ካብዚ ንዳሓር ኩነታት ፀጥታ ወረዳ ሓሓይለ ኣብ ሓንቲ ሓይሊ (ሰለስተ ጋንታ) ዝተወደቡ ኣባላት ክርቢትን ውሱናት ኣባላት ምልሻን ክኸውን ተገበረ።

እቶም ካብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ኣትሒዞም ናብ ወረደኦም ምስተመለሱ ብዙሕ ታሪኽን ጅግንነትን ዝፈፀሙ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ መብዛሕቲኦም ካብ ኣወዳደብ ናይቲ ምልሻ ወፂኦም ምስ ደቆም ክጋደሉ ግድን ኮነ። ስድረኦምን ከባቢኦምን ራሕሪሖም ኣንፃር ልፍንታውያን ወረርቲ ተሰሊፎም ኩሉ ዋጋ ንምኽፋል ናብ ኣሃዱታት ሰራዊት ትግራይ ተፀምበሩ። ብድሕሪ እዚ እቶም ውሱናት ኣባላት ክርቢት ናይ ኣሸሓት ጀጋኑ ሓላፍነት ተሰኪሞም ህዝቦም ንምድሓን ምንቅስቓስ ጀመሩ። 21 ጥሪ 2013 ዓ/ም ክልተ ክፍላተ ሰራዊት ብልፅግና ናብ ከተማ ፈረስማይ ንምእታው ካብ ዓድዋ ጉዕዞ ጀመረ። ካብተን ሰለስተ ጋንታ ኣባላት ክርቢት እተን ክልተ ጋንታ ኣብ ዝጥዕመን ቦታ ኣድብየን ተፀበያ። ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ኣብ ሞንጎ ዓዲ ይዕቆሮን ቆላ ገበላን ዝተጀመረ ውግእ ክሳብ ከባቢ ሰዓት 11 ኣጋምሸት ቀፀለ። ኣብዚ ውግእ እዚ ፀላኢ ንሓደ ዓብዱ ዓሊ ዝበሃል ኮሎኔል ብልፅግና ሓዊሱ 29 ምውታት፣ 47 ቁሱላት ኮኑ። ፀላኢ ክንድዚ ዝኣክል ክሳራ በቶም ውሑዳት ጀጋኑ ኣባላት ክርቢት በፂሑዎ እናሃለወ ከምውሑጅ ዝጥጠቕ ዝነበረ በዝሒ ሰብ ማእለያ ኣይነበሮን። ስለዝኾነ ድማ፣ ንፅባሒቱ ናብታ ከተማ ኣተወ። ምስ ኣተወ ብፍርሒ ተሸቚሪሩ ክሳብ 10 ለካቲት 2013 ዓ/ም ፀንሐ። ፀላኢ በብግዚኡ ብድብያን ሃንደበታዊ መጥቃዕትን ኣቢሉ ይበፅሖ ብዝነበረ ክሳራ ምኽንያት ኣብታ ከተማ ተረጋጊኡ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

መጋባእያ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ዝተወደበ ምንቅስቓስ ዝጠልብ ውራይ

ህዝቢ ትግራይ ካብ ጨቆንቲ ስርዓታት ንምንጋፍን መሰል፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ንምርካብ መዋእሉ እናተቓለሰ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ብፍላይ ኣንፃር ጨቋኒ ስርዓት ደርግ ን17 ዓመታት ተቓሊሱ ብዓወት ከምዝተኸምበተ ይፍለጥ። ብሳላ እቲ ዝተረኸበ ዓወት እውን ካብ 1983 ዓ/ም ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 30 ዓመታት ጉዳይ ሰላምን ልምዓትን ከሰላስል፣ ፍትሕን ማዕርነትን ከስተማቕር፣ መሰረተ ልምዓት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ መብራህቲ፣ ስልኪን ካልኦትን ብቐረባ ክዝርገሐሉ ክኢሉ። ብፍላይ ድማ ብሰንኪ እቶም ጨቆንቲ ስርዓታት ዝበፅሖ ዝነበረ ብሄራዊ ኣድልዎን ዕብለላን ተናጊፉ ክመሃርን መነባብርኡ ከማሓይሽን ዕድል ረኺቡ እዩ። ብኣውርኡ ድማ ውሕስና ሰላምን ፀጥታን ረኺቡ ከምድልየቱ ተንቀሳቒሱ ሰሪሑ ዝኣትወሉን መነባብርኡ ዝልውጠሉን ዕድል ረኺቡ። እዚ ውፅኢት መስዋእቲ ምሩፃት ደቁ እዩ። ስለዝኾነ ምእንተዚ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ክኽበርን ክዝከርን ኣለዎ።

ይኹን እምበር ሳጥናኤላዊ ቅንኣት ዝሓደሮም ሓይልታት ነቲ ብቃልስናን መስዋእትናን ዝረኸብናዮ ሰላም፣ ልምዓትን ለውጥን ንድሕሪት ንምምላስ ወራር ፅንተት ፈፂሞምልና እዮም። ኣብ ትግራይ ብምኽንያት ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ካብ ምጥፋእ ህይወትን ምምዝባልን ንፁሃን ዜጋታት ብተወሳኺ ብዙሕ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ብፀላእቲ ተጓሒሉን ዓንዩን እዩ። ካብዚ ዝብገስ ትካላት ዓንየን፣ መሰረተ ልምዓት ፈሪሱ፣ መሓውር መንግስቲ ተበጣጢሱን ውዳብኡ ፈሪሱን እዩ። ካብዚኣቶም ሓደ መሓውር ፀጥታ ይጥቀስ። መሓውር ፀጥታ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ንምምካት ብኣብዝሓ ናብ ቃልሲ ብምፅንባሩ ከተማታትን ገጠራትን ትግራይ ብዘይሓላውን ሕጊ መኽበሪን ቀርየን ኣደዳ ፀላእትን መፃወቲ ገበነኛታትን ኮይነን ፀኒሐን እየን። ብምኽንያት እዚ ሕብረተሰብ ውሕስና ፀጥታ ስኢኑ ብቀትርን ለይትን ሃፍቱን ንብረቱን ክዝረፍ፣ ኣካሉ ክጎድልን ህይወቱ ክስእንን ተገዲዱ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንመንግሰትን ሰራዊትን ትግራይ ናይ ብፅሑልና መረረታት ኣብ ኩሉ ጫፋት ትግራይ ይስምዑ ነይሮም። ነዚ ፀገም ንምፍታሕ መንግስቲ ትግራይ ካብ 2014 ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ መሓውር ፀጥታን ፖሊስን ከምሓዱሽ ስራሕቲ ምውዳብን ምጥንኻርን እናሰርሐ መፂኡ። በዚ ኣቢሉ ድማ ሕብረተሰብ ብዘይ ስግኣት ዕለታዊ ናብርኡ ከሳልጥ ዘኽእል ውሑስ ሰላምን ፀጥታን ንምፍጣር ሰፊሕ ምንቅስቓስ ገይሩ እዩ። ነዚ መሰረት ገይርና ንሎሚ ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ዘሎ ኩነታት ፀጥታ እንታይ ከምዝመስል ምስነበርትን ኣካላት ፀጥታን ዝገበርናዮ ፃንሒት ከምዝስዕብ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ድሕሪ ኲናት ፅንተት ብርክት ዝበሉ ፀገማት ፀጥታ እናተፈጠሩ ፀኒሖም እዮም። ንኣብነት ከም ስርቂ፣ ባእሲ፣ መውቃዕቲ፣ ብቑሸትን ቤት ትምህርትን ምጉጅጃል፣ “ሃንግ”ን ቅትለትን እቶም ቀንዲ ተጠቀስቲ እዮም። ካብዚ ብምብጋስ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ዓብዪ ዓዲ ምስመሓውር ፖሊስ፣ ምልሻ፣ ፀረ ሽፍታን ካልኦት ውዳበታትን ብምውዳድ ብዙሓት ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝሓሸን ዝተረጋግአን ኩነታት ፀጥታ ተፈጢሩ ኣሎ። ብፍላይ ምስሕብረተሰብን ዝተፈላለያ ውዳበታትን ብምኧን ነቶም ተጎጃጂሎም ዝበኣሱን ቀንዲ ስግኣት ፀጥታ ዝነበሩን ኣካላት ብዕርቅን ምርድዳእን ናብ ሰላማዊ መንገዲ ክኣትዉ ተገይሩ እዩ። ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖት ነቲ ብመናእሰይ ተጎጃጂልካ ወይ ስቲኻ ባእሲ፣ መዐወኒ ሓሸሽ ወሲድካ ዝፍፀሙ ዝነበሩ ገበናት ከውግዝዎን ኣብ በቢኣብያተ እመነቱ ኣስተምህሮ ክህቡን ብምግባር ርኡይ ለውጢ ከምዝመፀ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ዓብዪ ዓዲ ተጋዳላይ ጉዕሽ ወላይ ይገልፅ።

ብዘይካ እዚ፣ “ሃንግ” ዝካየደለን ቦታታት ብምፅናዕን ፍሉይ ክትትል ብምግባርን ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ቅድም ክብል ዝነበረ ስግኣት እናተቐረፈ ይርከብ። እቶም ተወዲብካ ዝፍፀሙ ዝነበሩ ከምስርቂ እንስሳን ካልኦትን ብክትትልን ጥቆማን ሕብረተሰብን ኣብ ቁፅፅር ክውዕሉ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ብድሕሪኡ ግና ተወዲብካ ዝፍፀሙ ገበናት ዳርጋ መኺኖም እዮም። ፀጥታ ውሑስ ክኸውን ኣብ ምግባር ካቢኔ እታ ከተማ ኮነ ታሕተዋይ ኣመራርሓ በቢጣብይኡን ቀጠንኡን ተመዲቡ ጎናጎኒ ካልኦት መደባቱ ንፀጥታ እውን ቀዳምነት ሂቡ እዩ ዝሰርሕ። ነቲ ሕብረተሰብ እናለዓዓለ ፀገም ፀጥታ ከይፍጠር ተዋዲዱን ተናቢቡን ብምስርሑ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት በፂሑ ይርከብ። ብምኧኑ እውን ከም ከተማ ብመዳይ ስራሕቲ ፀጥታ ብብርኪ ዞባ እንትርአ ኣብ ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ትስራዕ ምኧና እቶም ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን የገንዝቡ።

ቅድም ክብል ብብርኪ ትግራይ ብዙሓት መሰረተ ልምዓታት ምዕናውን ምጉሓልን እናተፈፀሙ መፂኦም እዮም። ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ እውን ቅድም ክብል መሰረተ ልምዓታት ማይን መብራህትን ንምዕናውን ንምጉሓልን ዝግበሩ ፈተነታት ነይሮም። ንኣብነት፣ “ትራንስፎርመር” ንምስራቕ ክልተ ግዜ ፈተነታት ነይሩ ሳላ ዋርድያ ድሒኑ እዩ። ምቑራፅ መስመራት ማይ እውን የጋጥም ነይሩ እዩ። እዚ ምስቲ ነባሪ ገጠር ጣብያ ኮፍ ኢልካ ብምርድዳእን ንሶም እውን ካብቲ ማይ ተጠቀምቲ ክኾኑ ብምግባርን ሕዚ እቲ ምቑራፅ መስመራት ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኣሎ። ስለዚ ምስ ገጠር ወረዳታት ተናቢብካ ብምስራሕ እቶም ዝነበሩ ፀገማት ፀጥታ ንምፍታሕ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ምርዳእ ይከኣል።

ተጋዳላይ ጉዑሽ፣ ኣብ ትልሚ 2017 ዓ/ም ገበን ብሓሙሽተ ሚኢታዊ ንምቕናስ ተተሊሙ ናብ ስራሕ ከምዝተኣተወ ይገልፅ። ብመንፅር እዚ ምስቲ ሕሉፍ ዓመት ተመሳሳሊ እዋን እንትነፃፀር ምምሕያሽ ኣርእዩ እዩ። ከምመርኣዪ ንምጥቃስ ኣብ 2016 ዓ/ም ሰለስተ ገበን ቅትለት ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣብ 2017 ዓ/ም ግና ኣብዚ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዝተፈፀመ ገበን ቅትለት የለን። ክትራን ድማ ካብ ሽዱሽተ ናብ ክልተ ወሪዱ ኣሎ። ብድምር ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ወርሒ 195 ገበናት ተፈፂሞም ነይሮም። ኣብ 2017 ዓ/ም ናይ ትሽዓተ ወርሒ ፀብፃብ እንተርኢና ግና ዝተፈፀሙ ገበናት 110 እዮም። ስለዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝነበሩ ፀገማት ፀጥታ ሎሚ ዘበን ምምሕያሽ ከምዘለዎ የመላኽት።

ኣብ ስራሕቲ ፀጥታ ምስሕብረተሰብን ውዳበታትን ተናቢብካ እንተዘይሰሪሕካ ብፖሊስን ምልሻን ጥራሕ ውሑስ ፀጥታ ምፍጣር ከቢድ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ሕብረተሰብ በዓል ዋና ፀጥታ ኣብ ምግባር ዕዙዝ ስራሕ ይጠልብ። ፎረም ማሕበረሰብ ብወረዳ፣ ጣብያን ቁሸትን ብምጥያሽ፣ በቢብርኩ ዘሎ ማሓውር ፀጥታን ምልሻን እውን ተሰጣጢሙ በቢወርሑ እናተገማገመን እናተሰራርዐን እዩ ዝመርሑ። ካብዚ ዝብገስ ዝጎልህ ክፍተት የለን። ሕዚ ብጭቡጥ ዘጋጥሙ ገበናትን ስግኣት ገበናትን ቀለልቲ ዝብሃሉ እዮም። ንኣብነት፣ ከምስቲኻ (ሰኺርካ) ባእስን መውቃዕትን ሓልሓሊፎም ድማ ምንጠላን ስርቅን የጋጥሙ እዮም። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ክሳብ ሕዚ መሊኦም ዘይተፈትሑ ፀገማት እውን ኣለዉ እዮም። ሕብረተሰብ መሊኡ በዓል ዋና ፀጥታ ክኸውን ኣብ ምግባር ዝተርፍ ነገር ኣሎ። ሕብረተሰብ ተወዲቡ ከባቢኡ ኣብ ምሕላው ”ዕጥቂ ዘይብልና” ዝብል ቅሬታ ይልዓል እዩ። ይኹን እምበር ኣረዲእኻን ኣእሚንካን ገዝኡ፣ ከባቢኡን መሰረተ ልምዓቱን ክሕሉ ምግባር የድሊ። ካብዚ ወፃኢ መሓውር ፀጥታ ኣብ ጣብያን ቁሸትን ወሪዱ ኣብኡ ንዘለዉ ምልሻን ፖሊስን እናደገፈ፣ እናመርሐን ኣንፊት እናሃበን እዩ ዝውዕል። ስለዚ እተን ዛጊድ ዘይተሰገራ ፀገማት በዚ መንገዲ እናተናበብካ ብምስራሕ ኣብ ዝቕፅል ኣዋርሕ መሊእኻ ውሑስ ፀጥታ ንምርግጋፅ መደብ ተታሒዙ ይስራሕ ከምዘሎ ተጋዳላይ ጉዕሽ የረድእ።

እቲ ሕብረተሰብ ፀጥታ ከተምኡን ከባቢኡን ኣብ ምውሓስ ንጡፍ ተሳታፊ ክኸውን ኣለዎ። ገበንን ስግኣት ገበንን እንተጋጥም ቀልጢፉ ንኣካላት ፀጥታ ሓበሬታ ክህብ ይግባእ። ገበነኛ ኣሕሊፉ ክህብን ንኣካላት ፀጥታ ኣድላይ ሓገዝ ክገብርን እንተኽኢሉ ተረባሒ ባዕሉ እቲ ሕብረተሰብ እዩ። ክሳብ ሕዚ ዘሎ ጅማሮ ተስፋ ዝህብ እዩ። እዚ ምሉእ ንክኸውንን ከምከተማ ዉሕስ ሰላምን ፀጥታን ዝዓሰላ ንክትከውንን ግና ነባሪ ሕብረተሰብ እታ ከተማ ምስኣካላት ፀጥታ ተዋዲዱን ተናቢቡን ክሰርሕን ኣድላዪ ደገፍ ክገብርን ከምዝግባእ እቶም ሓላፊ የገንዝቡ።

ወ/ሮ ለተብርሃን ሓጎስን ኣይተ ገ/መስቀል ንርኣን ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ዝረኸብናዮም ነበርቲ እዮም። ከተማ ዓብዪ ዓዲ ቅድሚ ወራር ፅንተት ብመዳይ ፀጥታ ኣዝያ ውሕስትን ሰላም ዝዓሰላን ከተማ ከምዝነበረት ድማ ይሕብሩ። ይኹን እምበር ድሕሪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ከበድቲ ገበናት እናተፈፀሙ ሕብረተሰብ ኣብ ስግኣት ክወድቕ ተገዲዱ ከምዝነበረ የረድኡ። ብፍላይ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ሃንጊ፣ ዘረፋ፣ ምንጠላን ባእስን ብሰፊሑ የጋጥሙ ምንባሮምን ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና እቲ ስግኣት ገበን እናቐነሰ ይኸይድ ከምዘሎ ይገልፁ። ሕዚ እውን ግን ከምሞባይል ምምንጣል፣ ባእሲ መናእሰይ፣ ስርቂ ንብረትን ኣለዉ እዮም። ነዚ ድማ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዝተወደበ ምንቅስቓስ ከም መርኣያ ተወሲዱ ክስርሐሉ ኣለዎ። ብሓፈሻ ግና ኣካላት ፀጥታ ምስሕብረተሰብ ተቐራሪቦም ብዝገበርዎ ምንቅስቓስ ርኡይ ለውጢ ዘምፅእ ዘሎ ብምኧኑ ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዘለዎ እዮም ዘተሓሳስቡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣካላት ፀጥታ ምስህዝብን መዳርግቲ ኣካላትን ተዋዲዶም ብዝሰርሕዎ ስራሕ ቀስብቐስ ዝሓሸ ኩነታት ፀጥታ እናተፈጠረ ይርከብ። ከምህዝቢ በዓል ዋና ፀጥታ ኣብ ምግባርን ውዳበታት ተጠናኺረን ዕለታዊ ምንቅስቓስ ሕብረተሰብ ውሑስ ክኸውን ኣብ ምግባር ዉሱን ክፍተት ዘሎ ኮይኑ ኣብ ኣጠቓላሊ ኩነታት ምቕናስ ገበንን ስግኣታት ገበንን ብንፅፅር ካብቲ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸ ለውጢ ይመፅእ ምህላዉ ዘርኢ እዩ። እዚ ኮይኑ ግና ሕብረተሰብ ብዘይ ስግኣት መዓልታዊ ውራዩ ከሰላስል፣ ከምድልየቱ ክንቀሳቐስን ሰሪሑ ክኣቱን ዘኽእሉ ተወሰኽቲ ፃዕርታት የድልዩ እዮም። ስለዝኾነ ኣካላት ፀጥታን መላእ ነባሪ ሕብረተሰብ እታ ከተማን ንጉዳይ ፀጥታ ቀዳምነት ሂቡ ተዋዲዱን ተደጋጊፉን ክሰርሕ ይግባእ መልእኽትና እዩ።

ተጋዳላይ ጉዕሽ ወልዳይ
ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ ዓብይ ዓዲ

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

መዓልቲ ሕድርን ፅንዓትን!

15 ሰነ ካብ 1980 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ "ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ትግራይ" ኮይና በብዓመቱ ኣብ መላእ ትግራይ ብድሙቕ ፅምብል እናተኸበረት እትውዕል ዕለት እያ። 15 ሰነ 1980 ዓ/ም ፋሽስት ስርዓት ደርጊ ኣብ ማእኸል ዕዳጋ ከተማ ሓውዜን ብደብዳብ ነፈርቲ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ዝፈፀመላ ዕለት እያ።ብሰንኪ እቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ልዕሊ 2500 ንፁሃን ወገናት ኣብ ሓደ ፀሓይ ግዳይ ሞት ኮይኖም። ብርክት ዝበሉ ኣካሎም ጎዲሎም። ደም ሰብን እንስሳን ብሓደ ተሓዋዊሱ ንምፍላዩ ዘፀግም ሰብኣውነት ዝጎደሎ ጭካነ ዝተፈፀመሉ እዋን ነይሩ።

እዚ ፍፃመ ከምኣብነት ንምግላፅ እምበር ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምኹላፍ በብግዚኡን ከባቢኡን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘይፈፀሞ ግፍዕን በደልን ኣይነበረን። ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ በቶም በበግዚኡ ዝገጥምዎን ዝበፅሕዎን ዝነበሩ በደላትን ግፍዕታትን ኣይተምበርከኸን። እኳ ድኣስ ብሓቀኛ መስመር ውድብ ህወሓት እናተመርሐ ን17 ዓመት ብዘካየዶ መሪር ተጋድሎ ብዙሓት ቀያሕትን ፀለምትን ጀጋኑ ከፊሉ ጨቋኒ ስርዓት ኣፍሪሱ ህዝባውን ዴሞክራሲያውን ስርዓት ሃኒፁ እዩ።

ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት በብዓመቱ ክነኽብር እንተለና፣ ናይ ባዕሉ ዓብዪ ትርጉም ኣለዎ። እዛ ዕለት ሰማእታትና ብሕሊና እናዘከርና ሰማእታትና ዝወደቑሉ ዕላማ ተሓንጊጥና ሕድሮም ንምትግባርን ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕን ቃልና እነሐድሰላ ክብርቲ ዕለት እያ። ነዚ መሰረት ብምግባር ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ብፍላይ መናእሰይ ትግራይ ሕድሪ ሰማእታትና ንዘይምዕባርን ንዘይምጥላምን ሕድርን ፅንዓትን ሰኒቖም ብምቅላስ ተዓዊቶም እዮም። ከምናተይ ርድኢትን ትዕዝብትን ካብ ምድምሳስ ስርዓት ደርጊ ጀሚሩ ብ1990 ዓ/ም ንዘጋጠመ ወራር ሻዕብያን ኣብ 2013 ዓ/ም ዝተኣወጀልና ኲናት ፅንተትን ሕድሪ ሰማእታትና ንዘይምዕባር ቃል ኣቲና ብምምካት ህልውናና ኣረጋጊፅና ኢና። ሕድሪ ሰማእታትና ንዘይምጥላምን ህልውና ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስን ፀላእትና ከከም ኣመፃፅኦም መኪትና ፀላእትና ተገዲዶም ናብ ዘተ ሰላም ክመፁ ገይርና። ንህልውና ህዝቢ ትግራይ ክብሉ ዝሓለፉ ሰማእታት ኣብ እንዝክረሉ ዕለት ካልእ መስዋእቲ እናተቐበልና እንትንክይድ ዝያዳ ሓቦ ሰኒቕና ንብርትዕ እምበር ተምበርኪኽና ኢድና ከምዘይንህብ ሕሉፍና ይኹን ክሳብ ሕዚ ዘሎ ታሪኽና የመላኽት።

እዚ ኣብ 2017 ዓ/ም ንመበል 37 ዓመት ዝኽበር መዓልቲ ሰማእታት መቐፀልታ ናይቶም ዝሓለፉ ተዘክሮታት ጥራሕ ኣይኮነን። ብሰንኪ ኣብ 2013 ዓ/ም ዝተኣወጀልና ኲናት ፅንተት ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ጀጋኑናን ንፁሃት ወገናትናን 'ሰማእት' ኮይኖም እዮም። ኣብ ልዕሊኡ ንኣስታት ኣርባዕተ፣ ሓሙሽተ ዓመት መዓልቲ ሰማእታት በቲ ዝድለ ኣገባብ ኣይተኸበረን። ካብዚ ዝብገስ 15 ሰነ 2017 ዓ/ም ፍልይ ብዝበለን ብዝለዓለ ፅምብልን ንምኽባር ምሽብሻባት ይግበሩ ከምዘለዉ ብምኽንያት ስራሕ ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ኣብ ዝተንቀሳቐስኩሉ እዋን ተዓዚበ። እቲ ምድላው እንታይ ከምዝመስል ንገለ ዝምልከቶም ኣካላት ሓቲተ ዝሃቡኒ ምላሽ እውን ንትዕዝብተይ ዘጠናኽር ነይሩ። 15 ሰነ 2017 ዓ/ም ዝኽበር መዓልቲ ሰማእታት ካብ ክልል ጀሚሩ ኣብ ዞባታትን ወረዳታትን ኮሚቴታት ብምጥያሽ፣ ፓነል ብምድላው በብደረጅኡ ምስዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብ ብምኹን ብድምቀት ከምዝኽበር ተረዲኣ።

መበል 37 ዓመት ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ካብቶም በብግዚኡ ዘካየድናዮም ፅምብላት ፍልይ ዘብሎ ሓደ መሰረታዊ ቁምነገር ኣሎ። እዚ ኣብ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ/ም ዝኽበር መዓልቲ ሰማእታት ቃል ሕድሪ ናይ ትማልን ሎምን ሰማእታትና ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ቃል እንኣትወሉ ዕለት ከምዝኾውን ኣይጠራጠርን። ይኹን እምበር ብሰንኪ ፖለቲካዊ ሕመቕ መሪሕነት ትግራይ ብፍላይ ድማ እቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ፅግዕተኛ ጉጅለ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ክፍፀም ኣይከኣለን። ግዝኣታዊ መሬትናን ተመዛበልትናን ክሳብ ሕዚ ናብ ዝነበርዎ ኣይተመለሱን። ካብዚ ዝብገስ ናብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣብ ዝተንቀሳቐስኩሉ እዋን ካብ ምዕራብ ትግራይ ተመዛቢሎም ኣብ ዳስን ኬንዳን ኮይኖም ብሰንኪ ሕማምን ጥምየትን ዝሳቐዩ ወገናት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኣብ ልዕሊኡ በብመዓልቱ ዝሞቱ ወገናት ቁፅሮም ቀሊል ኣይኮነን።

ናይቶም ካብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ተመዛቢሎም ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ኣብ ዳሳት ኣዕቚቦም ብብዙሕ ነገር ዝሳቐዩ ወገናት ክትርእን ክትዕዘብን እንተለኻ ትሓዝን። ገሊኦም ተመዛበልቲ ህፃናት ካብ ማኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ፎቐድኡ ገዛ ገዛ እናዞሩ ክልምኑ ትዕዘብ። ገሊኦም ድማ ተስፋ ብምቑራፅ ናብ ዘየድልዩ ነገራት (ወልፍታት) ኣትዮም ትርኢ። እዞም ወገናት ካብቲ ኵናት ፅንተት ይወቶም ንምድሓን ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ካብ ገዝኦምን መረበቶምን ዝተመዛበሉ እዮም። ብሰንኪ ሕመቕ መሪሕነትን ተደራዳደርትን ግና ፈታውን ፀላእን በብግዚኡ እናመፀ ዝግብንዮም ኮይኖም ኣለዉ። ዳርጋ ናብ መስሕብ ቱሪዝም ተቐይሮም ሓምሻይ ክረምቲ ኣብ ዳስ ከሕልፍዎ ይግደዱ ኣለዉ። ስለዚ ትማልን ሎምን ዝኸፈልናዮም ጀጋኑ ሰማእታትና በብዓመቱ ብሕሊና ምዝካርና ግቡእ እዩ። ምሽጥር ዝኽሪ ሰማእታትና ግን ልዕሊ ሕሊና ፀሎት ብተግባር ዝግለፅ ሕድሪ ኣሎ። ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ናይቶም ዝተመዛበሉን ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ኮይኖም ዝሳቐዩ ዘለዉን ወገናትና ከብቅዕ ኣለዎ። ስለዚ መዓልቲ ሰማእታት ክነኽብር እንተለና ሕድሪ ሰማእታትና ከየዕበርና ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ግዝኣታዊ መሬትናን ተመዛበልትናን ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ቃል ኣቲና ሓድነትና ኣጠናኺርና ናብ ተግባር እንኣትወሉ መላእ ህዝብና ህልውንኡ ዘውሕሰሉ ኩነታት ንምፍጣር ክንረባረብ ይግባእ ዝብል መልእኽቲ ትዕዝብተይ ብምሕላፍ ትሕዝቶ ፅሑፈይ ክኽምብት።

ሶሻል ወዲ ነበለት ካብ መቐለ

ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና!

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ካብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ

ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ንመላእ ህዝቢ ትግራይን ንኲሎም ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን፣ ንመላእ ናይ ቴክኒክን ሞያን ማሕበረሰብ መዳርግትናን፣ እንኳዕ ንመበል 37 ዓመት በዓል መዓልቲ ዝኽረ ሰማእታት ሰነ 15/2017 ዓ/ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሓና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ፡፡

ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ህዝቢ ትግራይ ኣብ 2013 ዓ/ም ንዝገጠሞ ናይ ፅንተት ኲናት ንምምካት ከም ህዝቢ ብዘይኣፈላላይ ተወዲቡ ግንባርን ደጀንን ኮይኑ ከቢድ መስዋእቲ ብምኽፋል ህልውናኡ ኣረጋጊፁ እዩ፡፡

ድሕሪ እቶም ከበድቲ ናይ መስዋእትን ዓወትን ዓመታት ሰጊርና መበል 37 ዓመት ሰማእታት ሰነ 15 እንትነኽብር ድማ ንህዝቦምን ዓዶምን ክብሉ መስዋእቲ ዝኸፈሉ ሰማእታትና እናዘከርና ዝተሰውእሉ ዕላማ ከይረሳዕና መናእሰይ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ክልወጥሉ ዘኽእል ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ኣብ ምስራሕ ይርከብ፡፡

ድሕሪ መሪር ህዝባዊ መኸተን ምፍርራም ስምምዕ ውዕሊ ፕሪቶርያን ዝተፈጠረ ውሱን ናይ ሰላም ሃዋህው ብምጥቃም መንግስቲ ትግራይ ክልተ ኣብያተ ዕዮ ዝነበሩ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ቴምህርትን ስልጠናን ኤጀንሲ ደኣንትን ጠለባትን ሕቶታትን ህዝቢ ብቕልጡፍ ንምምላስ ንኽከኣል ናብ ሓደ ክውደቡን ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ተባሂሉ ክስየምን ወሲኑ እዩ፡፡ ስለዚ ንኹሎም ስራሕ ስኡናት ወገናት ብቅደም ሰዓብ ብፍላይ ድማ ናይዚ ኲናት ፅንተት ተጎዳእቲ ዝኾኑ ተመለስቲ ወገናት ኣባላት ሓይሊ ፀጥታ፣ ጉድኣት ኲናት፣ ፆታዊ ጥቅዓት ዝበፅሐን ደቂ ኣንስትዮ፣ ስድራ ስውኣት ካብ ስደት ዝተመለስሉ ካልኦት ስራሕ ዝሰኣኑን መናእሰይን ወገናት ጠለብ ዕዳጋ ወይ ድማ ናይ ስራሕ ዕድላት መሰረት ብምግባር ብዝተፈላለዩ ሞያታት ሓፂርን ስሩዕን ስልጠናታት ብምሃብ ምስ ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ብምኟን ኣብ ምፍጣርን ምትእስሳርን ስራሕ ዕድልን ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ምርግጋፅ ዝለዓለ ርብርብ እናካየደ ይርከብ፡፡

በዚ ኣጋጣሚ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ህዝቢ ትግራይ፣ መናእሰይ ትግራይ ከምቲ ክብሪ ዓዶምን ህዝቦምን ንምሕላው ንምእማኑ ዘፀግም ፅንዓት፣ ተወፋይነትን ህዝባውነትን ዘርእዩዎ ንባዕሎም፣ ንቤተሰቦምን ንማሕበረሰቦምን ንምልዋጥን ቁጠባዊ ተጠቃምነቶም ንምርግጋፅን ካብ ስደትን ተስፋ ምቁራፅ ወፂኦም ኣብ በብከባቢኦም ዝርከባ ናይ መንግስትን ውልቀን ኮሌጃት ተወዲቦም ሞያዊ ስልጠናታት ክወስዱን ስራሕ ክፈጥሩን ፃውዒቱ የቕርብ፡፡

ሕድሪ ስዉኣትና ንምዉሓስ ለኣላዉነትና!!
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ማህደር ፎቶ

ክቡር ዋጋ ሓርነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ!




ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!